رئاسة الشؤون الدينية
بالمسجد الحرام والمسجد النبوي

حِصْنُ المُسْلِمِ مِنْ أَذْكَارِ الكِتَابِ وَالسُّنَّةِ | تجريني | ትግርኛ

ዕርዲ ሙስሊም
ካብ ኣዝካር ቐርኣንን ሱናን

እቲ ናብ ልዑል ኣላህ ድኻ ዝኾነ
ዶክተር ሰዒድ ብን ዓሊይ ብን ዋህፍ ኣልቓሕጣኒ

حِصْنُ المُسْلِمِ
مِنْ أَذْكَارِ الكِتَابِ وَالسُّنَّةِ

ዕርዲ ሙስሊም ካብ ኣዝካር ቁርኣንን ሱናን

د. سَعِيدُ بْنُ عَلِيِّ بْنِ وَهْفٍ الْقَحْطَانِيُّ

እቲ ናብ ልዑል ኣላህ ድኻ ዝኾነ
ዶክተር ሰዒድ ብን ዓሊይ ብን ዋህፍ ኣልቓሕጣኒ

بِسْمِ اللهِ الرَّحمَنِ الرَّحِيمِ

ዕርዲ ሙስሊም ካብ ኣዝካር ቁርኣንን ሱናን

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ ዝኾነ (ጽሑፈይ እጅምር)

መእተዊ

ኩሉ ምስጋና ንኣላህ ይግባእ፡ ንዑኡ ነመስግን፡ ካብኡ ሓገዝ ንደሊ፡ ካብኡ ምሕረት ንልምን፡ ካብ ክፉእ ነፍሲታትናን ካብ ሕማቕ ተግባራትናን ብኣላህ ንዕቆብ፡ ኣላህ ዝመርሖ ዘጥፍኦ የለን፡ ኣላህ ዘጥፈኦ ኸኣ ዝመርሖ የለን፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ክምለኽ ዝግበኦ የለን ንሱ ብሕታዊ ኮይኑ ንዑኡ ሺርካ የብሉን ኢለ እምስክር። ከምኡ'ውን ሙሓመድ ባርዪኡን ልኡኹን ምኺኖም እምስክር። ኣላህ ምውዳሱን ሰላምን ኣብ ልዕሊኦም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስድራቤቶምን፡ ብጸቶምን፡ ክሳብ መዓልቲ ፍርዲ ንዐኦም ብልክዕ ንዝሰዓብዎምን የውርድ። ካብ'ዚ ብምቕጻል፡

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እምብኣር፡ ካብ'ቲ "ዚክር፡ ዱዓን ሕክምና ብሩቅያ ካብ ቁርኣንን ሱናን"[1] ዝብል መጽሓፈይ ዘሕጸርክዎ ኢዩ። ኣብ መገሻታት ንምስካሙ ቀሊል ምእንቲ ክኸውን ድማ፡ ነቲ ናይ ኣዝካር ክፋል ኣሕጺረዮ ኣለኹ።

[1] እቲ ዝተጠቕሰ እቲ ቀንዲ(መሰረት) ዝተሓተመ ኮይኑ፡ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ምስ ሰፊሕ ምስናድ ኣሓዲሱ ኣብ ኣርባዕተ ክፋላት(መጻሕፍቲ) ተሓቲሙ ኣሎ። ሒስኦል ሙስሊም ድማ ካብኡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋል(መጽሓፍ) ይርከብ።

ኣብ'ቲ ጽሑፍ (መትን) ናይ ዚክር ጥራይ ሓዲረዮ ኣለኹ፡ ኣብ መወከሲኡ (ተኽሪጁ) ድማ ካብ'ቲ ኣብ መበቆል ዝተረኽበ ሓደ ወይ ክልተ ምንጪ ብምጥቃስ እኹል ገይረዮ ኣለኹ። መንነት ናይ'ቲ ሰሓቢ ክፈልጥ ወይ ተወሳኺ መወከሲ (ተኽሪጅ) ዝደለየ ሰብ፡ ናብ'ቲ መበቆል ጽሑፍ ክምለስ ይግባእ። ንኣላህ ዓ'ዘ ወጀል ብጽቡቓት ኣስማቱን ልዑላት ባህርያቱን ነዚ ስራሕ ንዕኡ ጥራይ ዝኾነ ክገብሮ፡ ብእኡ ኣቢሉ ኣብ ህይወተይን ድሕሪ ሞተይን ንኽጠቅመኒ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ዘንበቦ፡ ወይ ዝሓተሞ፡ ወይ ንኽዝርጋሕ ሰበብ ዝኾነ ንኽጠቅሞ ይልምኖ፡ ንሱ ሱብሓነሁ ናይ'ዚ ሓላውን ኣብ ልዕሊኡ ክእለት ዘለዎን ኢዩ። ኣላህ ዉዳሰን ሰላምን ኣብ ልዕሊ ነብዪና ሙሓመድ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ኣዝማዶምን ብጾቶምን ክሳብ መዓልቲ ፍርዲ ብልክዕ ንዝሰዓብዎምን የውርድ።

ደራሲ

ኣብ ወርሒ ሰፈር 1409 ሂጅራ ተጻሒፉ

❋❋❋

ብልጸት ናይ ዚክር

ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿فَٱذۡكُرُونِيٓ أَذۡكُرۡكُمۡ وَٱشۡكُرُواْ لِي وَلَا تَكۡفُرُونِ ١٥٢﴾

{ ዘክሩኒ ክዝክረኩም ኢየ፡ ንዓይ ድማ ኣመስግኑኒ ኣይትኽሓዱኒ 152}[1]፡

﴿يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ ٱذۡكُرُواْ ٱللَّهَ ذِكۡرٗا كَثِيرٗا ٤١﴾

{ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም፡ ንኣላህ ብዙሕ ዘክሩዎ 41}[2]፡

﴿...وَالذَّاكِرِينَ اللَّهَ كَثِيرًا وَالذَّاكِرَاتِ أَعَدَّ اللَّهُ لَهُم مَّغْفِرَةً وَأَجْرًا عَظِيمًا﴾

{...ንኣላህ ብብዝሒ ዝዝክሩ ደቂ ተባዕትዮን ዝዝክራ ደቂ ኣንስትዮን፡ ኣላህ ምሕረትን ዓቢ ዓስብን ኣዳሊዉሎም ኣሎ}[3]፣

﴿وَٱذۡكُر رَّبَّكَ فِي نَفۡسِكَ تَضَرُّعٗا وَخِيفَةٗ وَدُونَ ٱلۡجَهۡرِ مِنَ ٱلۡقَوۡلِ بِٱلۡغُدُوِّ وَٱلۡأٓصَالِ وَلَا تَكُن مِّنَ ٱلۡغَٰفِلِينَ ٢٠٥﴾

{ንጎይታኻ ኣብ ውሽጥኻ ብትሕትናን ብፍርሓትን፡ ዓው ብዘይብል ቃል፡ ኣብ ንግሆን ምሸትን ዘክሮ፡ ካብ'ቶም ዝንጉዓት ድማ ኣይትኹን 205}[4]፡

[1] ኣል በቐራህ: 152።
[2] ኣል ኣሕዛብ: 41።
[3] ኣል ኣሕዛብ: 35 ።
[4] ሱረት ኣል ኣዕራፍ፡ 205።

ከመኡ'ውን ነብዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ፡- «ንጉይትኡ ዝዝክርን ናይ ዘይዝክርን ሰብ ኣብነቱ ከም ህይወት ዘለዎን ምውትን ኢዩ»[1]፡

ከመኡ'ውን ነብዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ፡- «ብዛዕባ እቲ ዝበለጸ ግብርኹም፡ ኣብ ጎይታኹም ኣዝዩ ዝጸረየ፡ ንደረጃታትኩም ኣዝዩ ልዕል ዘብል፡ ወርቅን ብሩርን ካብ ምውጻእ ንዓኹም ዝበለጸ ዝኾነ፡ ምስ ጸላኢኹም ተራኺብኩም ክሳዶም ካብ ምውቃዕን ንሳቶም ድማ ክሳድኩም ካብ ምውቃዕን ንዓኹም ዝበለጸ ዝኾነ ዶ ክነግረኩምን?» ንሳቶም ድማ፡ "እወ" በሉ። «ን ልዑል ኣላህ ምዝካር ኢዩ»[2]

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡- ኣነ ልክዕ ከም'ቲ ባርያይ ብዛዕባይ ዝሓስቦ (ዝግምቶ) ኢየ፡ ክዝክረኒ እንከሎ ድማ ኣነ ምስኡ ኣለኹ፡ ኣብ ነብሱ(ካብ ሰባት ተፈልዩ) እንተዘኪሩኒ፡ ኣነ'ውን ኣብ ነብሰይ ክዝክሮ ኢየ፡ ኣብ እከብ ሰብ እንተዘኪሩኒ ድማ፡ ኣነ'ውን ካብኣቶም ዝበለጹ ኣብ ዝኾነ እኩባት (መላእኽቲ) ክዝክሮ ኢየ፡ ብሓደ ስድሪ ናባይ እንተቐሪቡ፡ ኣነ ብሓደ እመት ናብኡ ክቐርቦ ኢየ፡ ብሓደ እመት ናባይ እንተቐሪቡ ድማ፡ ኣነ

---

[1] ቡኻሪ ምስ ኣል-ፈትሕ (11/208) ብቑጽሪ (6407) ሙስሊም ድማ (1/539) ብቑጽሪ (779) ብዝብል ቃል ሰኒደሞ፡ «ኣላህ ናይ ዝዝከረሉ ቤትን ኣላህ ናይ ዘይዝከረሉ ቤትን ኣብነቱ ከም ህይወት ዘለዎን ምውትን ኢዩ»።

[2] ቲርሚዚ (5/459) ብቑጽሪ (3377)፡ ኢብኑ ማጃህ ድማ (2/124) ብቑጽሪ (3790) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (2/316)፡ ከምኡ'ውን ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/139)።

ብስምሒ (ዝርግሐ 2 ኣእዳው) ናብኡ ክቐርቦ ኢየ፡ብእግሩ እናኸደ ናባይ እንተመጺኡ፡ ኣነ እናተቐላጠፍኩ ክመጾ ኢየ»[1]፡

ከምኡ 'ውን ካብ ዓብዲላህ ኢብኑ ቡስር ረዲየላሁ ዓንሁ ዝተመሓላለፈ፡ ሓደ ሰብኣይ ከም'ዚ በለ፡- "ኦ ናይ ኣላህ ልኡኽ፡ ብርግጽ ሕግታት እስልምና በዚሑኒ ኣሎ፡ ስለ'ዚ ኣጥቢቐ ዝሕዞ ሓደ ነገር ንገረኒ።" (ነቢ) በሉ፡- «ልሳንካ ብዝኽሪ ኣላህ ወትሩ ጥልልቲ ትኹን»[2]፣

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ካብ ናይ ኣላህ መጽሓፍ(ቁርኣን) ፊደል ዘንበበ ብኡ ዓስቢ ኣለዎ፡ እታ ሓንቲ ፊደል ብዓሰርተ ዓስቢ ትሕሰብ (ኣሊፍ ላም ሚም) ሓንቲ ፊደል ኢያ ኣይበልኩን፡ ግን ኣሊፍ ሓንቲ ፊደል፡ ላም ሓንቲ ፊደል፡ ሚም ሓንቲ ፊደል ኢያ።»[3]።

ከምኡ'ውን ካብ ዑቕባ ቢን ዓሚር ረዲየላሁ ዓንሁ ዝተመሓላለፈ ከም'ዚ ኢሉ፡- ንሕና ኣብ ሱፋ(ሱኡናት ዝእከቡሉ ዝነበሩ ቦታ) እንከሎና ናይ ኣላህ ልኡኽ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰልም ወጺኦም ከም'ዚ ኢሎምና፡- «ካባኻትኩም መን እዩ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንግሆ ናብ ቡጥሓን ወይ ናብ ዓቒቕ ብምኻድ፡ ሓጢያት ከይፈጸመን ዝምድና ከይበተኸን ክልተ ዓበይቲ ኣግማል ሒዙ ክምለስ ዝፈቱ?» ንሕና ድማ፡ ኦ

---

[1] ቡኻሪ (8/171) ብቑጽሪ (7405)፡ ሙስሊም ድማ (4/2061) ብቑጽሪ (2675) ሰኒደሞ፡ እቲ ቓላት ናይ ቡኻሪ ኢዩ።

[2] ቲርሚዚ (5/458) ብቑጽሪ (3375)፡ ኢብኑ ማጃህ (2/1246) ድማ ብቑጽሪ (3793) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/139) ከምኡ'ውን ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (2/317) ሰሒሕ ኢልዎ።

[3] ቲርሚዚ (5/75) ብቑጽሪ (2910) ሰኒድዎ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/9) ከምኡ'ውን ሰሒሕ ኣልጃሚዕ ኣ'ሰቒር (5/340) ሰሒሕ ኢልዎ።

ልኡኽ ኣላህ ነዚ ዳኣ ንፈትዎ ኢና በልና፡ ከም'ዚ በሉ፡- «ሓደ ካባኻትኩም ናብ መስጊድ ብምኻድ፡ ካብ ናይ ዕዙዝ ክቡር ኣላህ መጽሓፍ(ቁርኣን) ክልተ ኣያታት(ጥቕሲታት) ክምሃር ወይ ክቕርእ(ከንብብ) ኣይከይድንዶ፡ እዚ ንዕኡ ካብ ክልተ ኣግማል ዝበለጸ ኢዩ፡ ሰለስተ ድማ ካብ ሰለስተ ይበልጻሉ፡ ኣርባዕተ ድማ ካብ ኣርባዕተ ይበልጻሉ፡ ብመጠን ቁጽረን ድማ ካብ ኣግማል ይበልጸሉ።»[1]

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢሉ ኣብኡ ንኣላህ ዘይዘከረ ሰብ፡ ካብ ኣላህ ጣዕሳ (ጉድለት ኣብ ዓስቢ፡ ከምኡ'ውን ጣዕሳ ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ) ክኾኖ ኢዩ። ደቂሱ(ንጎቦ ኮይኑ) ኸኣ ንኣላህ ዘይዘከረ ሰብ፡ ካብ ኣላህ ጣዕሳ (ጉድለት ኣብ ዓስቢ፡ ከምኡ'ውን ጣዕሳ ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ) ክኾኖ ኢዩ»[2]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ገለ ሰባት ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢሎም፡ ኣብኡ ንኣላህ እንተዘይዘኪሮም ኣብ ልዕሊ ነብዮም ድማ ሰለዋት እንተዘይፈጺሞም፡ ኣብ ልዕሊኦም ጣዕሳ ምኳኑ ኣይተርፍን ኢዩ፡ እንተደልዩ ክቕጽዖም፡ እንተደልዩ ድማ ክምሕሮም ኢዩ»[3]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ዝኾኑ ሰባት ንኣላህ ከይዘከሩ ካብ ሓደ መጅሊስ(ኣብ'ታ ኮፍ ዝበልዋ

---

[1] ሙስሊም (1/553) ብቑጽሪ (803)።

[2] ኣቡ ዳውድ (4/264) ብቑጽሪ (4856)፡ ከምኡ'ውን ካልኦት፡ ተወከስ፡ ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (5/342)።

[3] ቲርሚዚ (5/461) ብቑጽሪ (3380)፡ ተወከስ፡ ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/ 140)።

ቦታ) እንተድኣ ተንሲኦም፡ ልክዕ ካብ ከም ሬሳ ኣድጊ ዝትንስኡ ኢዩ፡ ንዕኦም ድማ ጣዕሳ ክኾኖም ኢዩ»[1]።

1. ካብ ድቃስ ምስ ተንሳእካ ዝበሃል ዚክር

«الحَمْدُ للَّهِ الَّذِي أَحْيَانَا بَعْدَ مَا أَمَاتَنَا، وَإِلَيْهِ النُّشُور»

ኣልሓምዱ ሊላሂ ኣለዚ ኣሕያና ባዕዳ ማ ኣማታና፡ ወኢለይሂ'ኑሹር

«ን ኣላህ ምስጋና ይኹኖ ነቲ ካብ ሞት ዘተንሳኣና መምለሲና ድማ ናብኡ ኢዩ»[2]።

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ وَلَهُ الحَمْدُ، وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ، سُبْحَانَ اللَّهِ، وَالحَمْدُ للَّهِ، وَلَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ، وَاللَّهُ أَكْبَرُ، وَلَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّهِ العَلِيِّ العَظِيمِ، رَبِّ اغْفِرْ لِي»

ላ ኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ላሁ፡ ላሁል ሙልኩ ወላሁል ሓምዱ፡ ወሁዉ ዓላ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር፡ ሱብሓነላህ፡ ወልሓምዱ ሊላህ፡ ወላ ኢላሃ ኢለላህ፡ ወላሁ ኣክበር፡ ወላ ሓውላ ወላ ቐወተ ኢላ ቢላሂል ዓሊዪል ዓዚም፡ ረቢ ቕፈር ሊ

«ብዘይካ ኣላህ በይኑ ሸርካ ዘይብሉ ካልእ ዝምለኽ የለን፡ንግስነት ናቱ ምስጋና ድማ ንዑኡ፡ ንሱ ድማ ንኹሉ ነገር ክኢላ ኢዩ። ኣላህ ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾነ፡ ምስጋና ንዕኡ፡ከምኡ'ውን ብዘይካ ኣላህ ካልእ ዝምለኽ ዝግበኦ ከምዘየለ፡ ዓቢ ዝኾነ፡ ብዘይካ ብሓይሊ ዓቢን ልዑልን ዝኾነ

[1] ኣቡ ዳውድ (4/264) ብቐጽሪ (4855)፡ ከምኡ'ውን ኣሕመድ (2/389) ብቐጽሪ (10680)፡ ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ፡ ተወከስ (5/176)።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (11/113) ብቐጽሪ (6314) ሙስሊምን (4/2083) ብቐጽሪ (2711)።

ኣላህ ካብ ኩነታት ናብ ኩነታት ዝቕይርን ዝኾነ ነገር ክፍጽም ዝኽእል የለን፡ ጎይታይ ምሓረኒ »[1]።

«الحَمْدُ لِلَّهِ الَّذِي عَافَانِي فِي جَسَدِي، وَرَدَّ عَلَيَّ رُوحِي، وَأَذِنَ لِي بِذِكْرِه»

ኣልሓምዱ ሊላሂ ኣለዚ ዓፋኒ ፊ ጀሰዲ፡ ወረዳ ዓለ'ያ ሩሒ፡ ወኣዚነ ሊ ቢዚክሪሀ

«ምስጋና ይኹኖ ነቲ ኣብ ነብሰይ ጥዕና ዝሃበኒ ህይወተይ ድማ ዝመለሰለይ ከምኡ'ውን ንኽዝክሮ ዘፍቀደለይ»[2]።

﴿إِنَّ فِي خَلْقِ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ وَٱخْتِلَٰفِ ٱلَّيْلِ وَٱلنَّهَارِ لَءَايَٰتٍ لِّأُو۟لِى ٱلْأَلْبَٰبِ ﴿١٩٠﴾ ٱلَّذِينَ يَذْكُرُونَ ٱللَّهَ قِيَٰمًا وَقُعُودًا وَعَلَىٰ جُنُوبِهِمْ وَيَتَفَكَّرُونَ فِى خَلْقِ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ رَبَّنَا مَا خَلَقْتَ هَٰذَا بَٰطِلًا سُبْحَٰنَكَ فَقِنَا عَذَابَ ٱلنَّارِ ﴿١٩١﴾ رَبَّنَآ إِنَّكَ مَن تُدْخِلِ ٱلنَّارَ فَقَدْ أَخْزَيْتَهُۥ ۖ وَمَا لِلظَّٰلِمِينَ مِنْ أَنصَارٍ ﴿١٩٢﴾ رَّبَّنَآ إِنَّنَا سَمِعْنَا مُنَادِيًا يُنَادِى لِلْإِيمَٰنِ أَنْ ءَامِنُوا۟ بِرَبِّكُمْ فَـَٔامَنَّا ۚ رَبَّنَا فَٱغْفِرْ لَنَا ذُنُوبَنَا وَكَفِّرْ عَنَّا سَيِّـَٔاتِنَا وَتَوَفَّنَا مَعَ ٱلْأَبْرَارِ ﴿١٩٣﴾ رَبَّنَا وَءَاتِنَا مَا وَعَدتَّنَا عَلَىٰ رُسُلِكَ وَلَا تُخْزِنَا يَوْمَ ٱلْقِيَٰمَةِ ۗ إِنَّكَ لَا تُخْلِفُ ٱلْمِيعَادَ ﴿١٩٤﴾ فَٱسْتَجَابَ لَهُمْ رَبُّهُمْ أَنِّى لَآ أُضِيعُ عَمَلَ عَٰمِلٍ مِّنكُم مِّن ذَكَرٍ أَوْ أُنثَىٰ ۖ بَعْضُكُم مِّنۢ بَعْضٍ ۖ فَٱلَّذِينَ هَاجَرُوا۟ وَأُخْرِجُوا۟ مِن دِيَٰرِهِمْ وَأُوذُوا۟ فِى سَبِيلِى وَقَٰتَلُوا۟ وَقُتِلُوا۟ لَأُكَفِّرَنَّ عَنْهُمْ سَيِّـَٔاتِهِمْ وَلَأُدْخِلَنَّهُمْ جَنَّٰتٍ تَجْرِى مِن تَحْتِهَا ٱلْأَنْهَٰرُ ثَوَابًا مِّنْ عِندِ ٱللَّهِ ۗ وَٱللَّهُ عِندَهُۥ حُسْنُ ٱلثَّوَابِ ﴿١٩٥﴾ لَا يَغُرَّنَّكَ تَقَلُّبُ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ فِى

---

[1] «እዚ ዝበለ ይመሓረሉ፡ ዱዓ እንተገይሩ ተቐበልነት ይረክብ፡ ተንሲኡ ውዱእ እንተገይሩ ኣስዒቡ ድማ እንተሰጊዱ ሰላቱ ተቐበልነት ትረክብ»። ኣልቡኻሪ ምስ ኣል-ፈትሕ (3/39) ቁጽሪ (1154) ከምኡ'ውን ካልኦት ፡እቲ ቃል ናይ ኢብኑ ማጀህ ኢዩ፡ ሰሒሕ ኢብኑ ማጀህ ተዓዘብ (2/335)።

[2] ቲርሚዚ (5/473) ብቑጽሪ (3401)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/144)።

ٱلۡبِلَٰدِ ١٩٦ مَتَٰعٞ قَلِيلٞ ثُمَّ مَأۡوَىٰهُمۡ جَهَنَّمُۚ وَبِئۡسَ ٱلۡمِهَادُ ١٩٧ لَٰكِنِ ٱلَّذِينَ ٱتَّقَوۡاْ رَبَّهُمۡ لَهُمۡ جَنَّٰتٞ تَجۡرِي مِن تَحۡتِهَا ٱلۡأَنۡهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَا نُزُلٗا مِّنۡ عِندِ ٱللَّهِۗ وَمَا عِندَ ٱللَّهِ خَيۡرٞ لِّلۡأَبۡرَارِ ١٩٨ وَإِنَّ مِنۡ أَهۡلِ ٱلۡكِتَٰبِ لَمَن يُؤۡمِنُ بِٱللَّهِ وَمَآ أُنزِلَ إِلَيۡكُمۡ وَمَآ أُنزِلَ إِلَيۡهِمۡ خَٰشِعِينَ لِلَّهِ لَا يَشۡتَرُونَ بِـَٔايَٰتِ ٱللَّهِ ثَمَنٗا قَلِيلًاۚ أُوْلَٰٓئِكَ لَهُمۡ أَجۡرُهُمۡ عِندَ رَبِّهِمۡۗ إِنَّ ٱللَّهَ سَرِيعُ ٱلۡحِسَابِ ١٩٩ يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ ٱصۡبِرُواْ وَصَابِرُواْ وَرَابِطُواْ وَٱتَّقُواْ ٱللَّهَ لَعَلَّكُمۡ تُفۡلِحُونَ ٢٠٠}

{ብርግጽ ኣብ ፍጥረት ሰማያትን ምድርን፡ ኣብ ምምልላስ ለይትን መዓልትን፡ ንሰብ ኣእምሮ ተኣምራት ኢዩ 190}

እቶም ደው ኢሎምን ኮፍ ኢሎምን ብጎቦ (ደቂሶም) ኮይኖምን ንኣላህ ዝዝክሩ፡ ኣብ ፍጥረት ሰማያትን መሬትን ድማ ዘስተንትኑ፡ 'ጎይታና! ነዚ ብኽንቱ ኣይፈጠርካዮን፡ ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ ካብ መቕጻዕቲ ሓዊ(ገሃነም) ኣድሕነና' (ይብሉ) 191

ጎይታና! ንስኻ ናብ ሓዊ ዘእተኻዮ ብርግጽ ኣዋሪድካዮ ኢኻ፡ ንበደለኛታት ድማ ምንም ረዳኢ የብሎምን 192

ጎይታና! ንሕና ናብ እምነት ዝጽውዕ ሰሚዕና ብ ጎይታኹም እመኑ ዝብል ንሕና ድማ ኣሚንና ጎይታና ንሓጥያትና ምሕረት ግበረልና ነቲ ጌጋና ስተረልና ምስ'ቶም ሰብ ሰናይ ምስኦም ኣሙተና (ሕሸረና)193

ኦ ጎይታና በቲ ብልሳን ልኡኻትካ መብጸዓ ዝኣተኻልና ግበረልና ኣብ ምጽኣተ ዓለም ኣይተሕስረና ንስኻ በቲ መብጽዓ ዝኣተኻዮ ዘይትፍጽም ኣይኮንካን194"

ጎይቶኦም (ዱዓ ናቶም) ተቐቢልሎም ኣነ ነቶም ካባኹም (ጽቡቕ) ተግባር ዝገበሩ ከንቱ ኣይገብሮን ኢየ ደቂ ተባዕትዮ ይኹን ደቂ ኣንስትዮ ንኹሉ ሓደ ኢዩ ፡እቶም ዝተሰደዱን ካብ ቤቶም ዝወጹን ንናይ ኣላህ መምርሒ ክብሉ ስቓይ ዝረኸቡ ከምኡ'ውን ቐቲሎምን ዝተቐተሉን ነቲ ሓጥያቶም ኩሉ ክምሕሮም ኢየ፡ ኣብ ገነት ብትሕቲኡ ወሓዚ ማይ ዝኸይድ ከእትዎም ኢየ እዚ ድማ ዓስቢ ካብ ኣላህ ኮይኑ ኣላህ ድማ እቲ ዝበለጸ ዓስቢ (መወዳድርቲ ዘይብሉ) ኣለዎ

እቶም ዝኸሓዱ ኣብ ሃገራት ዝገብሩዎ ምንቅስቓስ(ክዕምብቡን ንግዳዊ ስርሑም ከስፍሑን ምርኣይ) ኣየታልለካ 196

ናይ ሓጺር ግዜ ምቾት ኢዩ፡ ድሕሪኡ መዕቆቢኦም ገሃነም ኢዩ። ንሳ ድማ ዝኸፍኣት ምንጻፍ ኢያ 197

ግን እቶም ንጎይታኦም ዝፈርሑ፡ ብትሕቲኤን ወሓዚ ዝውሕዛለን ጀናታት ኣለዋኦም፡ ኣብኣ ንዘልኣለም ይነብሩ፡ እዚ ኸኣ ካብ ኣላህ ዝኾነ መአንገዲ ኢዩ። እቲ ምስ ኣላህ ዘሎ ድማ ነቶም ጸድቃን ዝበለጸ ኢዩ። 198

ካብ ሰብ መጻሓፍ'ዉን ብኣላህን በቲ ናባኹም ዝወረደን በቲ ናብኣቶም ዝወረደን ዝኣምኑ ኣለዉ፡ ንኣላህ እናተምበርከኹ ብጥቕሲ ናይ ኣላህ ወላ ብዉሑድ ዋጋ ኣይቅይሩን። ንሳቶም ዓስቦም ኣብ ጎይትኦም ኣለዎም። ብርግጽ ኣላህ ሕሳቡ ቅልጡፍ ኢዩ 199

ኦ ኣቱም ዝኣመንኩም! ተዓገሱ፡ ተጸመሙ(ብትዕግስትኹም ን ጸላእትኹም ተጋጠምዎም) ፡

ጽንዑ(አብ ቃልሲ ን ጸላእትኹም ብጽንዓት ደው በሉ)፡ ምእንቲ ክትዕወቱ ንኣላህ ፍርሑ 200}

[አል ዒምራን፡ 190-200][1]።

2. ክዳን ክትክደን እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«الحَمْدُ للَّهِ الَّذِي كَسَانِي هَذَا (الثَّوْبَ) وَرَزَقَنِيهِ مِنْ غَيْرِ حَوْلٍ مِنِّي وَلَا قُوَّةٍ»

ኣልሓምዱ ሊላሂ ኣለዚ ከሳኒ ሃዛ (ኣ'ሰውባ) ወረዘቀኒሂ ሚን ቐይሪ ሓዉሊን ሚ'ኒ ወለ ቋ'ዋህ

«ምስጋና ንኣላህ ይኹን ነዚ (ክዳን) እዚ ዝኽደነኒን ብዘይ ናተይ ዓቕምን ሓይልን ዝሃበኒን...»[2].

3. ሓድሽ ክዳን ክትክደን እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُمَّ لَكَ الحَمْدُ أَنْتَ كَسَوْتَنِيهِ، أَسْأَلُكَ مِنْ خَيْرِهِ وَخَيْرِ مَا صُنِعَ لَهُ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ شَرِّهِ وَشَرِّ مَا صُنِعَ لَه»

ኣላሁማ ለከልሓምዱ ኣንታ ከሰውተኒሂ፡ኣስኣሉከ ሚን ኸይሪሂ ወኸይሪ ማ ሱኒዓ ላሁ፡ ወኣዑዙ ቢከ ሚን ሸሪሂ ወሸሪ ማ ሱኒዐ ላሁ።

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (8/337) ብቑጽሪ(4569) ሙስሊም (1/530) ብቑጽሪ(256) ሰኒደሞ።

[2] ሰብ ሱነን ብዘይካ ኣ'ነሳኢ፡ ኣቡ ዳውድ ብቑጽሪ (4023)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3458)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቑጽሪ (3285) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ኢርዋእ ኣልቐሊል (47/7) ሓሰን ኢልዎ።

«ኦ ኣላህ፡ ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ንስኻ ኢኻ ኣልቢስካኒ፡ ጽቡቕን ጽቡቕ ናይ'ቲ ዝተሰርሓሉን እልምነካ፡ ከምኡ'ውን ካብ ክፉኡን ክፉእ ናይ'ቲ ዝተሰርሓሉን ብኣኻ እዕቆብ።»[1].

4- ሓድሽ ክዳን ንዝተኽደነ ሰብ ዝግበር ዱዓ

«تُبْلِي وَيُخْلِفُ اللَّهُ تَعَالَى»

ቱብሊ ወይኽሊፉ'ላሁ ተዓላ

«ክሳብ ተብልዮ ዕድመ ይሃብካ ኣላህ ድማ ካልእ ይተከኣልካ»[2].

«اِلبَسْ جَدِيدًا، وَعِشْ حَمِيدًا، وَمُتْ شَهِيدًا»

ኢልበስ ጀዲደን፡ ወዒሽ ሓሚደን፡ ወሙት ሸሂደን

"ሓድሽ ተኽደን፡ ምስጉን ኮንካ ንበር፡ ሸሂድ ኮንካ ድማ ሙት"[3]።

5. ክዳንካ ከተውጽእ እንከለኻ ዝበሃል

«بِسْمِ اللَّه»

ቢስሚላህ

«ብስም ኣላህ»[4]።

---

[1] ኣቡ ዳዉድ ብቹጽሪ (4020)፡ ቲርሚዚን ብቹጽሪ (1767)፡ በቕዊን (12/40)፡ ርእ፡ ሙኽተሰር ሸማኢል ቲርሚዚ ናይ ኣልባኒ (ገጽ 47)።

[2] ኣቡ ዳዉድ (4/41) ብቹጽሪ (4020) ሰኒድዎ፡ ተወከስ፡ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (2/760)።

[3] ኢብኑ ማጃህ (2/1178) ብቹጽሪ (3558)፡ በቕዊ ድማ (41/12)፡ ተወከስ፡ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (275/2)።

[4] ቲርሚዚ (2/505) ብቹጽሪ (606)ን ካልኦትን ሰኒደሞ: ተወከስ፡- ኢርዋእ ኣል-ቐሊል ብቹጽሪ (50)፡ ከምኡ'ውን ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (203/ 3)።

6. ሽቻቕ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«[بِسْمِ اللَّهِ] اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ مِنَ الخُبْثِ وَالخَبَائِث»

[ቢስሚላህ]ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢካ ሚነል ኹብሲ ወልኸባኢስ

«[ብስም ኣላህ] ኦ ኣላህ ኣነ ካብ ደቂ ታባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ሰይጣውንቲ ናባኻ ይዕቆብ ኣለኹ»[1]።

7. ካብ ሽቻቕ ክትወጽእ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«غُفْرَانَكَ»

ቕፍራነክ

«ምሕረትካ»[2]።

8. ቅድሚ ዉዱእ ዝግበር ዚክር

«بِسْمِ اللَّه»

ቢስሚላህ

«ብስም ኣላህ»[3]።

---

[1] ቡኻሪ (1/ 45) ብቕጽሪ (142) ሙስሊምን (1/ 283) ብቕጽሪ (375) ሰኒደሞ። እታ ኣብ መጀመርታኡ ዘለ ተወሳኺት «ቢስሚላህ» ድማ ስዒድ ኢብኑ መንሱር ሰኒዱዋ። ፈትሑል ባሪ (1/ 244) ተወከስ።

[2] ኣስሓብ ኣ'ሱነን ሰኒደሞ፡ ብዘይካ ኣ'ነሳኢ ንሱ ድማ ኣብ ዓመል ኣል-የውም ወ'ለይላ ብቕጽሪ (79) ሰኒድዎ፡ ኣቡ ዳውዱድ ብቕጽሪ (30)፡ ቲርሚዚ ብቕጽሪ (7)፡ ኢብኑ ማጃ ብቕጽሪ (300) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ሱነን ኣቢ ዳዉድ (1/19) ሰሒሕ ኢልዎ።

[3] ኣቡ ዳዉድ ብቕጽሪ (101)፣ ኢብኑ ማጃ ብቕጽሪ (397)፣ ከምኡ'ውን ኣሕመድ ብቕጽሪ (9418) ሰኒደሞ፣ ኢርዋእ ኣል-ቐሊል (1/122) ተዓዘብ።

9. ድሕሪ ዉዱእ ምውዳእ ዝበሃል ዚክር

«أَشْهَدُ أَنْ لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ وَأَشْهَدُ أَنَّ مُحَمَّدًا عَبْدُهُ وَرَسُولُه»

ኣሸሃዱ ኣን ላ ኢለሃ ኢ'ለላሁ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ ወኣሸሃዱ ኣነ ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉህ

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየለ፡ ንሱ በይኑ መሻርኽቲ ዘይብሉ ምኼኑ እምስክር፡ ከምኡ'ውን ሙሓመድ ባርይኡን መልእኽተኛ ናቱ ምኼኑ እምስክር..»[1]።

«اللَّهُمَّ اجْعَلْنِي مِنَ التَّوَّابِينَ وَاجْعَلْنِي مِنَ الْمُتَطَهِّرِين»

ኣለሁ'ማ ጅዓልኒ ሚሃ'ዋቢን ወጅዓልኒ ሚነል ሙተጠ'ሂሪን

«ኦ ኣላህ፡ ካብ'ቶም ተናሳሕቲ ግበረኒ፡ ካብ'ቶም ጹሩያት'ውን ግበረኒ»[2]።

«سُبْحانَكَ اللَّهُمَّ وَبِحَمْدِكَ، أَشْهَدُ أَنْ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ، أَسْتَغْفِرُكَ وَأَتوبُ إِلَيْك»

ሱብሓነከ ኣላሁመ ወቢሓምዲካ፡ ኣሸሃዱ ኣን ላኢላሃኢ'ላ ኣንታ፡ ኣስተቕፈሩካ ወኣቱቡ ኢለይክ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ ጎይታ ምስጋና ይኹንካ ብዘይካኻ ካልእ ዝምለኽ የለን ምሕረት እልምነካ ከምኡ'ውን ናባኻ እምለስ»[3]።

---

[1] ሙስሊም (1/209) ብቑጽሪ (234)።

[2] ቲርሚዚ (1/78) ብቑጽሪ (55)፡ ተወከስ፡ ሰሒሕ ቲርሚዚ (1/18)።

[3] ኣ'ነሳኢ ኣብ ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ (ገጽ 173)፡ ተወከስ፡- ኢርዋእ ኣልቐሊል (1/135)ን (3/94)ን።

10. ካብ ገዛ ክትወጽእ እንከለኻ ዝበሃል ዚክር

«بِسْمِ اللَّهِ، تَوَكَّلْتُ عَلَى اللَّهِ، وَلَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّهِ»

ቢስሚላሂ፡ ተወከልቱ ዓለላሂ፡ ወለ ሓዉላ ወለ ቁ'ወተ ኢ'ላ ቢ'ላህ

«ብስም ኣላህ፡ ኣብ ኣላህ ተወኪለ፡ ብዘይካ ብኣላህ ብኻልእ ሓይልን ዓቕምን የለን»[1].

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ أَنْ أَضِلَّ، أَوْ أُضَلَّ، أَوْ أَزِلَّ، أَوْ أُزَلَّ، أَوْ أَظْلِمَ، أَوْ أُظْلَمَ، أَوْ أَجْهَلَ، أَوْ يُجْهَلَ عَلَيَّ»

ኣላሁመ ኢኒ ኣዑዙ ቢካ ኣን ኣዲ'ለ፡ ኣዉ ኡደለ፡ ኣዉኣዚ'ለ፡ ኣዉ ኡዘ'ለ፡ ኣዉ ኣዝሊመ፡ ኣዉ ኡዝለመ፡ኣዉ ኣጅሃለ፡ ኣዉ ይጅሃለ ዓለይ

«ኦ ኣላህ፡ ከይጠፍእ ወይ ካልእ ከየጥፈኣኒ፡ከይጋገ ወይ ካልእ ከየጋግየኒ፡ ከይብድል ወይ ከይብደል፡ ከይዕሹ ወይ ከይዕሸው(ከይድፈር) ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ»[2].

11. ንገዛ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዚክር

«بِسْمِ اللَّهِ وَلَجْنَا، وَبِسْمِ اللَّهِ خَرَجْنَا، وَعَلَى اللَّهِ رَبِّنَا تَوَكَّلْنَا»

ቢስሚ'ላሂ ወለጅና፡ ወቢስሚ'ላሂ ኸረጅና፡ ወዓለ'ላሂ ረቢና ተወከልና

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (4/325) ብቑጽሪ (5095)፡ ከምኡ'ውን ቲርሚዚ (5/490) ብቑጽሪ (3426)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/151)።

[2] ኣህሉ ሱነን፡- ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (5094)፡ ቲርሚዚን ብቑጽሪ (3427)፡ ኣልነሳኢን ብቑጽሪ (5501)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቑጽሪ (3884) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሳሒሕ ቲርሚዚ (3/152)፡ ሳሒሕ ኢብኑ ማጃህ ድማ (2/336)።

«ብስም ኣላህ ኣቲና፡ ብስሙ ወጺእና፡ ኣብ ጉይታና ኣላህ ተወኪልና፡ ብድሕሪኡ ንስድርኡ ሰላም ይብል»[1]።

12. ናብ መስጊድ ክትከይድ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُمَّ اجْعَلْ فِي قَلْبِي نُورًا، وَفِي لِسَانِي نُورًا، وَفِي سَمْعِي نُورًا، وَفِي بَصَرِي نُورًا، وَمِنْ فَوْقِي نُورًا، وَمِنْ تَحْتِي نُورًا، وَعَنْ يَمِينِي نُورًا، وَعَنْ شِمَالِي نُورًا، وَمِنْ أَمَامِي نُورًا، وَمِنْ خَلْفِي نُورًا، وَاجْعَلْ فِي نَفْسِي نُورًا، وَأَعْظِمْ لِي نُورًا، وَعَظِّمْ لِي نُورًا، وَاجْعَلْ لِي نُورًا، وَاجْعَلْنِي نُورًا، اللَّهُمَّ أَعْطِنِي نُورًا، وَاجْعَلْ فِي عَصَبِي نُورًا، وَفِي لَحْمِي نُورًا، وَفِي دَمِي نُورًا، وَفِي شَعْرِي نُورًا، وَفِي بَشَرِي نُورًا»

ኣ'ላሡ'ማጅዓል ፊ ቐልቢ ኑረን፡ ወፊ ሊሳኒ ኑረን፡ ወፊ ሰምዒ ኑረን፡ ወፊ በሰሪ ኑረን፡ ወሚን ፈውቂ ኑረን፡ ወሚን ታሕቲ ኑረን፡ ወዓን የሚኒ ኑረን፡ወዓን ሺማሊ ኑረን፡ ወሚን ኣማሚ ኑረን፡ ወሚን ኸልፊ ኑረን፡ወጅዓል ፊ ነፍሲ ኑረን፡ ወኣዕዚም ሊ ኑረን፡ ወዓ'ዚም ሊ ኑረን፡ ወጅዓ'ሊ ኑረን፡ ወጅዓልኒ ኑረን፡ ኣላሡ'ማ ኣዕጢኒ ኑረን፡ ወጅዓል ፊ ዓሰቢ ኑረን፡ ወፊ ላሕሚ ኑረን፡ ወፊ ደሚ ኑረን፡ ወፊ ሻዕሪ ኑረን፡ ወፊ በሸሪ ኑራ።

«ኦ ኣላህ፡ ኣብ ልበይ ብርሃን ግበረለይ፡ ኣብ ልሳነይ ብርሃን፡ ኣብ መስመዒየይ ብርሃን፡ ኣብ መርኣዪየይ ብርሃን፡ ኣብ ልዕለይ ብርሃን፡ ኣብ ትሕተይ ብርሃን፡ ብየማነይ ብርሃን፡

[1] ኣቡ ዳዉድ (4/325) ብቑጽሪ (5096) ሰኒድዎ፡ ኣልዓ'ላማ ኢብኑ ባዝ ኣብ ቱሕፈቱል ኣኽያር (ገጽ 28) ሰነዱ ሓሰን ምኺኑ ገሊጽዎ፡ ኣብ ሰሒሕ ድማ፡- «ሓደ ሰብ ንገዝኡ ክእቱ እንከሎን ክበልዕ እንከሎን ንኣላህ እንተዘኪሩ፡ ሸይጣን፡ መሕደሪ የብልኩምን፡ ድራር ውን የብልኩምን፡ ይብል»፡ ሙስሊም ብቑጽሪ (2018) ሰኒድዎ።

ብጸጋመይ ብርሃን፡ ኣብ ቅድመይ ብርሃን፡ ኣብ ድሕረይ ብርሃን፡ ኣብ ነብሰይ ብርሃን ግበረለይ፡ ብርሃን ኣዕብየለይ፡ ብርሃን ኣዕዝዘለይ፡ ብርሃን ግበረለይ፡ ብርሃን ግበረኒ፡ ኦ ኣላህ ብርሃን ሃበኒ፡ ኣብ መትኒታተይ ብርሃን ግበረለይ፡ ኣብ ስጋይ ብርሃን፡ ኣብ ደመይ ብርሃን፡ ኣብ ጸጉረይ ብርሃን፡ ኣብ ቆርበተይ ብርሃን»[1]።

«اللَّهُمَّ اجْعَلْ لِي نُورًا فِي قَبْرِي... وَنُورًا فِي عِظَامِي، وَزِدْنِي نُورًا، وَزِدْنِي نُورًا، وَزِدْنِي نُورًا، وَهَبْ لِي نُورًا عَلَى نُور»

ኣ'ላሁ'ማ ኢጅዓ'ሊ ኑረን ፊ ቐብረ... ወኑረን ፊ ዒዛሚ፡ ወዚድኒ ኑረን፡ ወዚድኒ ኑረን፡ ወዚድኒ ኑረን፡ወሃብ ሊ ኑረን ዓላ ኑር

«ኦ ኣላህ ኣብ ቐብረይ ብርሃን ግበረለይ...ኣብ ኣዕጽምተይ ብርሃን»[2] «ብርሃን ወስኽለይ፡ብርሃን ወስኽለይ፡ ብርሃን ወስኽለይ»[3] «ብርሃን ኣብ ልዕሊ ብርሃን ሃበኒ»[4]።

13. መስጊድ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓር

(ብየማን እግሩ ብምጅማር)[5] ከም'ዚ ይብል፡

---

[1] ነዞም ኩሎም ቃላት ኣብ ቡኻሪ (11/116) ብቑጽሪ (3166)፡ ኣብ ሙስሊም ድማ (1/526) ብቑጽሪ (529)፡ (530) ከምኡ'ውን (763) ተወከስ።

[2] ቲርሚዚ (5/483) ብቑጽሪ (3419)።

[3] ኣልቡኻሪ ኣብ ኣልኣደብ ኣልሙፍረድ ብቑጽሪ (695) (ገጽ 258) ሰኒድዎ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣልኣደብ ኣልሙፍረድ ብቑጽሪ (536) ሰነዱ ሰሒሕ ኢልዎ።

[4] ኢብኑ ሓጀር ኣብ ፈትሕ ኣል-ባሪ ዘኪሮሞ፡ ናብ ኢብኑ ኣቢ ዓሲም ድማ ኣብ ኪታብ ኣ'ዱዓ ኣወኪሶሞ፡ ኣል-ፈትሕ (11/118) ተዓዘብ ከም'ዚ ድማ በሉ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሪዋያታት ዕስራን ሓሙሽተን ነጥብታት ተኣኪቡ።

[5] ከም'ቲ ኣነስ ኢብኑ ማሊክ ረድየለሁ ዓንሁ ዝበሎ፡- «ናብ መስጊድ ክትኣቱ እንከለኻ ብየማናይ እግርኻ ምጅማር፡ ክትወጽእ እንከለኻ ከኣ ብጸጋማይ እግርኻ ምጅማር ካብ

«أَعُوذُ بِاللَّهِ العَظِيمِ، وَبِوَجْهِهِ الكَرِيمِ، وَسُلْطَانِهِ القَدِيمِ، مِنَ الشَّيْطَانِ الرَّجِيمِ»

ኣዑዙ ቢላሂል ዓዚም፡ ወቢወጅሂሂል ከሪም፡ ወሱልጣኒሂል ቀዲም፡ ሚነሽይጣኒ'ረጂም

«በቲ ዓቢይ ኣላህ በቲ ክቡር(ለጋስ) ገጹን(ንዝለሞኖ ዝህብ) በቲ ዘልኣለማዊ ስልጣኑን ዝኾነ እዕቆብ ኣለኹ ካብቲ እተረገመ ሰይጣን »[1]

«بِسْمِ اللَّهِ، وَالصَّلَاةُ وَالسَّلَامُ عَلَى رَسُولِ اللَّه»

ቢስሚላሂ፡ ወ'ሰላቱ ወ'ሰላሙ ዓላ ረሱሊላህ

«ብስም ኣላህ፡ ዉዳሰን ምሕረትን»[2] «ሰላምን ኣብ ልዕሊ ልኡኽ ናይ ኣላህ ይኹን»[3]

«اللَّهُمَّ افْتَحْ لِي أَبْوَابَ رَحْمَتِك»

ኣላሁ'ማ ኢፍታሕ ሊ ኣብዋባ ራሕመቲክ

«ኦ ኣላህ፡ ማዕጾታት ምሕረትካ ክፈተለይ»[4].

ሱና ኢዩ»፡ ኣልሓኪም ዝሰነዶ (1/218)፣ ብቅድመ-ኩነት ሙስሊም መሰረት ሰሒሕ ኢሉ፡ ኣ'ዘሃቢ ውን ተሰማሚያምሉ፡ ኣል-በይሃቒ ውን ዝሰነዶ (2/442)፣ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሲልሲላት ኣል-ኣሓዲስ ኣ'ሰሒሓ (5/ 624) ብቁጽሪ (2478) ሓሰን ኢልዎ።

[1] ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (466)፡ ከምኡ'ውን ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ ብቑጽሪ (4591)።

[2] ኢብኑ ኣ'ሱኒ ብቑጽሪ (88) ሰኒድዎ፡ ኣልባኒ ድማ ኣብ ኣ'ሰመር ኣል-ሙስተጣብ (ገጽ 607) ሓሰን ኢሎሞ።

[3] ኣቡ ዳዉድ (1/126) ብቑጽሪ (465)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (1/528)።

[4] ሙስሊም (1/494) ብቑጽሪ (713)፡ ኣብ ሱነን ኢብኑ ማጀህ ድማ ካብ ሓዲስ ፋጢማ ረዲየላሁ ዓንሃ፡ «ኣላሁመ ቕፊር ሊ ዙኑቢ፡ ወፍታሕ ሊ ኣብዋበ ረሕመቲክ»፡ ኣልባኒ ድማ ብመርትዖታቱ ሰሒሕ ገይርዎ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጀህ (1/128) ብቑጽሪ (129)።

14. ካብ መስጊድ ክትወጽእ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

(ብጸጋም እግሩ ብምጅማር)[1] ከም'ዚ ይብል፡-

«بِسْمِ اللَّهِ وَالصَّلَاةُ وَالسَّلَامُ عَلَى رَسُولِ اللَّه»

ቢስሚላሂ ወሰላቱ ወሰላሙ ዓላ ረሱሊላህ

«ብስም ኣላህ፡ ውዳሴን ሰላምን ኣብ ልዕሊ ልኡኽ ኣላህ ይኹን፡

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ مِنْ فَضْلِك»

ኣለሁመ ኢኒ ኣስኣሉከ ሚን ፈድሊክ

ኦ ኣላህ፡ ካብ ጸጋኻ እልምነካ ኣለኹ፡

«اللَّهُمَّ اعْصِمْنِي مِنَ الشَّيْطَانِ الرَّجِيم»

ኣለሁማዕሲምኒ ሚነ'ሽ-ሸይጣኒ'ረጂም

ኦ ኣላህ፡ ካብ ርጉም ሰይጣን ሓልወኒ»[2]።

15. ናይ ኣዛን ዚክር

ልክዕ ከም'ቲ ሙኣዚን ዝብሎ ይብል፡ ብዘይካ ኣብ (ሓየዓለ'ሰላትን ሓየዓለልፈላሕን)፡ ከም'ዚ ይብል፡-

«لَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّه»

ላ ሓውለ ወላ ቐወታ ኢ'ላ ቢ'ላህ

---

[1] ሓኪምን (1/218)፡ በይሃቕን (2/442) ሰኒደሞ፡ ኣልባኒ ድማ ኣብ ሲልሲለት ኣል-ኣሓዲስ ኣስ-ሰሒሓ (5/624) ብቐጽሪ (2478) ሓሰን ኢሎሞ፡ ምስናዱ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ኢዩ።

[2] ተኽሪጅ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሓዲስ ኣብ ዱዓ ናብ መስጊድ ምእታው ተዓዘብ፡ ቐጽሪ (20)፡ ከምኡ'ውን ተወሰኺ ናይ ኢብኑ ማጃ፡ «ኣላሁመ ኢዕሲምኒ ሚነ'ሸይጣኒ'ረጂም»። ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (1/129)።

«ብዘይካ ብኣላህ ሓይሊ ይኹን ዓቕሚ የለን»[1]።

ከም'ዚ ይብል:-

«وَأَنَا أَشْهَدُ أَنْ لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ وَأَنَّ مُحَمَّدًا عَبْدُهُ وَرَسُولُهُ، رَضِيتُ بِاللَّهِ رَبًّا، وَبِمُحَمَّدٍ رَسُولًا، وَبِالإِسْلَامِ دِينًا»

ወኣና ኣሸሃዱ ኣን ላ ኢላሃ ኢ'ለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ ወኣ'ና ሙሐመደን ዓብዱሁ ወረሱሉሁ፡ ረዲቱ ቢ'ላሂ ረ'በን፡ ወቢ ሙሐመዲን ረሱለን፡ ወቢልኢስላሚ ዲነን

«ኣነ ድማ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየለ፡ ንሱ በይኑ መሻርኽቲ ዘይብሉ፡ ሙሓመድ ድማ ባርይኡን መልእኽተኛ ናቱ ምኺኖም እምስክር፡ ብኣላህ ከም ጎይታ፡ ብሙሓመድ ከም መልእኽተኛ፡ ብእስልምና ድማ ከም ሃይማኖት ዓጊበ(ፈትየ)።»[2]

(ድሕሪ ምስክርነት ናይ'ቲ ኣዛን ዝግብር ነዚ ይብል)[3].

(ን ሙኣዚን ምምላስ ብድሕሪ ምዝዛሙ ንነቢ ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ሰለዋት ይገብር)[4]።

ከም'ዚ ይብል:-

«اللَّهُمَّ رَبَّ هَذِهِ الدَّعْوَةِ التَّامَّةِ، وَالصَّلَاةِ القَائِمَةِ، آتِ مُحَمَّدًا الوَسِيلَةَ وَالفَضِيلَةَ، وَابْعَثْهُ مَقَامًا مَحْمُودًا الَّذِي وَعَدْتَهُ، [إِنَّكَ لَا تُخْلِفُ المِيعَاد]»

---

[1] ቡኻሪ (1/152) ብቑጽሪ (611)ን (613)ን፡ ሙስሊም (1/288) ብቑጽሪ (383)።

[2] ሙስሊም (1/290) ብቑጽሪ (386) ሰኒድዎ።

[3] ኢብን ኹዘይማ (1/220)።

[4] ሙስሊም (1/288) ብቑጽሪ (384) ሰኒድዎ።

ኣላሁመ ረበ ሃዚሂ'ዳዕወቲ'ታማ፡ ወሰላቲል ቓኢማ፡ ኣቲ ሙሓመደኢል ወሲለተ ወልፈዲላ፡ ወብዓስሁ መቓመን ማሕሙደኢ'ለዚ ወዓድተሀ፡[ኢነከ ላ ቱኽሊፉል ሚዓድ]።

«ኦ ኣላህ፡ ጐይታ ናይ'ዚ ምሉእ ፍጹም ጻውዒትን፡ቀጻሊ ዝኾነት ሰላትን፡ ን ሙሓመድ ዋሲላን(ኣብ ጀና እታ ዝላዓለት ቦታ) ፋዲላን(ካብ ኩሉ ፍጡራት ዝያዳ ደረጃ) ሃቦ፡ ናብ'ቲ ቃል ዝኣተኻሉ ዝተመስገነ ቦታ ክብርን(ኣማላድነት) ድማ ኣተንስኦ፡ [ንስኻ ቃልካ ኣይትጠልምን ኢኻ]»[1].

(ኣብ ሞንጎ ኣዛንን ኢቓምን ንነብሱ ዱዓ ይገብር፡ ኣብኡ ዝተገበረ ዱዓእ ስለዘይምለስ)[2]።

16. ዱዓ ኣልኢስቲፍታሕ(ናይ መእተዊ)

«اللَّهُمَّ بَاعِدْ بَيْنِي وَبَيْنَ خَطَايَايَ كَمَا بَاعَدْتَ بَيْنَ المَشْرِقِ وَالمَغْرِبِ، اللَّهُمَّ نَقِّنِي مِنْ خَطَايَايَ كَمَا يُنَقَّى الثَّوْبُ الأَبْيَضُ مِنَ الدَّنَسِ، اللَّهُمَّ اغْسِلْنِي مِنْ خَطَايَايَ، بِالثَّلْجِ وَالماءِ وَالبَرَدِ»

ኣላሁማ ባዒድ በይነ ወበይነ ኸጣያያ ከማ ባዓድታ በይነል መሸሪቒ ወልመቕሪብ፡ ኣላሁመ ሃቒነ ሚን ኸጣያያ ከማ ይሃቑሰውቡል ኣብየዱ ሚሃ'ደነስ፡ ኣላሁማ ኢቕሲልነ ሚን ኸጣያያ፡ ቢሰልጂ ወልማኢ ወልበረድ

[1] ቡኻሪ (1/152) ብቑጽሪ (614)፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሓዱር ዘሎ ናይ በይሃቒ (1/410)፡ዓላማ ዓብዱልዓዚዝ ብን ባዝ ኣላህ ይርሓመሎም ድማ ኣብ ቱሕፈቱል ኣሽያር (ገጽ 38) ሰነዱ ሓሰን ገይሮሞ።

[2] ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3594)ን (3595)ን፡ ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (525)፡ ኣሕመድ ድማ ብቑጽሪ (12200) ሰኒደሞ። ኢርዋእ ኣልቐሊል (1/262) ተወከስ።

«አ ኣላህ ከም'ቲ ኣብ መንጎ ምብራቕን ምዕራብን ዘርሓቕካዮ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ሓጢያተይን ኣርሕቕኒ፡ አ ኣላህ ከም'ቲ ጻዕዳ ክዳን ካብ ርስሓት ዝጸሪ ካብ ሓጢያተይ ኣጽርየኒ፡ አ ኣላህ ካብ ሓጢያተይ ብበረድን ብማይን ውርጭን ሕጸበኒ»[1].

«سُبْحانَكَ اللَّهُمَّ وَبِحَمْدِكَ، وَتَبارَكَ اسْمُكَ، وَتَعَالَى جَدُّكَ، وَلَا إِلَهَ غَيْرُكَ»

ሱብሓነከ ኣላሁማ ወቢሓምዲከ፡ ወተባረከስሙከ፡ ወተዓላ ጀዱከ፡ ወላ ኢላሃ ቐይሩክ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ ጎይታ ምስጋና ይኹንካ፡ ብሩኽ ዝኾነ ስምካ፡ ልዑል ዝኾነ ክብርካ ብዘካኽ ካልእ ዝምለኽ የለን»[2]።

«وَجَّهْتُ وَجْهِيَ لِلَّذِي فَطَرَ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضَ حَنِيفًا وَمَا أَنَا مِنَ المُشْرِكِينَ، إِنَّ صَلَاتِي، وَنُسُكِي، وَمَحْيَايَ، وَمَمَاتِي لِلَّهِ رَبِّ العَالَمِينَ، لَا شَرِيكَ لَهُ وَبِذَلِكَ أُمِرْتُ وَأَنَا مِنَ المُسْلِمِينَ، اللَّهُمَّ أَنْتَ المَلِكُ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ، أَنْتَ رَبِّي وَأَنَا عَبْدُكَ، ظَلَمْتُ نَفْسِي وَاعْتَرَفْتُ بِذَنْبِي فَاغْفِرْ لِي ذُنُوبِي جَمِيعًا إِنَّهُ لَا يَغْفِرُ الذُّنوبَ إِلَّا أَنْتَ، وَاهْدِنِي لِأَحْسَنِ الأَخْلاقِ لَا يَهْدِي لِأَحْسَنِها إِلَّا أَنْتَ، وَاصْرِفْ عَنِّي سَيِّئَهَا، لَا يَصْرِفُ عَنِّي سَيِّئَهَا إِلَّا أَنْتَ، لَبَّيْكَ وَسَعْدَيْكَ، وَالخَيْرُ كُلُّهُ بِيَـدَيْكَ، وَالشَّرُّ لَيْسَ إِلَيْكَ، أَنَا بِكَ وَإِلَيْكَ، تَبارَكْتَ وَتَعَالَيْتَ، أَسْتَغْفِرُكَ وَأَتوبُ إِلَيْك»

---

[1] ቡኻሪ (1/181) ብቑጽሪ (744)፡ ሙስሊምን (1/419) ብቑጽሪ (598)።

[2] ሙስሊም ብቑጽሪ (399)፡ ኣካብቲ ኣርባዕተ ሱነን፡ ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (775)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (243)፡ ኢብኑ ማጃ ብቑጽሪ (806)፡ ነሳኢ ድማ ብቑጽሪ (899) ሰኒደሞ።ሰሒሕ ቲርሚዚ (1/77)፡ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (1/135) ተወከስ።

ወ'ጀህቱ ወጅሂየ ሊለዚ ፈጠረ'ሰማዋቲ ወልኣርዳ ሓኒፈን ወማ ኣና ሚነልሙሸሪኪን፡ ኢነ ሰላቲ፡ ወኑሱኪ፡ ወማሕያያ፡ ወመማቲ ሊላሂ ረቢልዓለሚን፡ላ ሸሪከ ለሁ ወቢዛሊካ ኡሚርቱ ወኣና ሚነልሙስሊሚን፡ኣላሁማ ኣንተልመሊኩ ላ ኢላሀ ኢላ ኣንተ፡ ኣንተ ረቢ ወኣና ዓብዱከ፡ ዘለምቱ ነፍሲ ዋዕተረፍቱ ቢዘንቢ ፈቐፈር ሊ ዙኑቢ ጀሚዐን ኢነሁ ላ የቐፈሩዙኦበ ኢላ ኣንተ፡ ዋህዲኒ ሊኣሕሰኒልኣኽላቒ ላ ያህዲ ሊኣሕሰኒሃ ኢ'ላ ኣንተ፡ወስሪፍ ዓ'ኒ ሰዪኣሃ፡ ላ የስሪፉ ዓ'ኒ ሰዪኣሃ ኢ'ላ ኣንተ፡ ለ'በይከ ወሰዕደይከ፡ ወልኽይሩ ኩሉሁ ቢየደይከ፡ ወሸ'ሩ ለይሰ ኢለይከ፡ ኣና ቢካ ወኢለይከ፡ ተባረክተ ወተዓለይተ፡ ኣስተቐፈሩከ ወኣቱቡ ኢለይክ

«ገጸይ ናብ'ቲ ሰማያትን ምድርን ዝፈጠረ(ካብ ሺርኪ) ናብ ሓቂ ቐኒዐ ኣለኹ፡ ኣነ ካብ'ቶም መሻርኽቲ ዝገብሩ ኣይኮንኩን። ብርግጽ ሰላተይ፡ ኣምልኾተይ፡ ህይወተይን ሞተይን ንኣላህ ጐይታ ዓለማት ኢዩ። ንዕኡ መሻርኽቲ የብሉን፡ በዚ ድማ ተኣዚዘ ኣለኹ፡ ኣነ ካብ'ቶም ተንበርከኽቲ (ን ኣላህ ኢዶም ዝሃቡ) ኢየ። ኦ ኣላህ! ንስኻ ንጉስ ኢኻ፡ ብዘይካኻ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ የለን። ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፡ ኣነ ድማ ባርያኻ ኢየ። ንነብሰይ በዲለ፡ ብሓጢያተይ ድማ ተኣሚነ ኣለኹ፡ ስለ'ዚ ኩሉ ሓጢያተይ ይቕረ በለለይ፡ ብዘይካኻ ንሓጢያት ይቕረ ዝብል የለን እሞ። ናብ ዝበለጸ ስነ-ምግባር ምርሓኒ፡ ናብ ዝበለጸ ስነ-ምግባር ዝመርሕ ብዘይካኻ የለን። ሕማቕ ስነ-ምግባር ካባይ ኣርሕቕ፡ ሕማቕ ስነ-ምግባር ካባይ ዘርሕቕ ብዘይካኻ የለን። እንሆኹ

ንትእዛዝካ ተዳልየ ኣለኹ፡ ኩሉ ሰናይ ኣብ ኣእዳውካ ኢዩ፡ ክፉእ ድማ ናባኻ ኣይድኃዕን ኢዩ። ኣነ ብኣኻ ኢየ ናባኻ ድማ ኢየ፡ ተባሪኽካን ልዕል ኢልካን(ልዑል ኢኻ)፡ ምሕረትካ እልምን ናባኻ ድማ እምለስ።»[1]

«اللَّهُمَّ رَبَّ جِبْرَائِيلَ، وَمِيْكَائِيلَ، وَإِسْرَافِيلَ، فَاطِرَ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ، عَالِمَ الغَيْبِ وَالشَّهَادَةِ أَنْتَ تَحْكُمُ بَيْنَ عِبَادِكَ فِيمَا كَانُوا فِيهِ يَخْتَلِفُونَ، اهْدِنِي لِمَا اخْتُلِفَ فِيهِ مِنَ الحَقِّ بِإِذْنِكَ إِنَّكَ تَهْدِي مَنْ تَشَاءُ إِلَى صِرَاطٍ مُسْتَقِيم»

ኣላሁማ ረበ ጅብራኢላ፡ ወሚካኢላ፡ ወኢስራፊላ፡ ፋጢረ ሰማዋቲ ወልኣርዲ፡ ዓሊመል ቐይቢ ወ'ሸሃደቲ ኣንታ ታሕኩሙ በይነ ዒባዲከ ፈማ ካኑ ፈሂ የኽተሊፉን፡ ኢህዲኒ ሊማኽቱሊፈ ፈሂ ሚነል ሓ'ቕ ቢኢዝኒከ ኢነከ ታህዲ መን ተሻኡ ኢላ ሲራጢ ን ሙስተቒም

«ኦ ኣላህ ጐይታ ጅብሪልን ሚካኢልን ኢስራፊልን፡ ፈጣሪ ሰማያትን ምድርን፡ ፈ'ላጥ ስውርን ግሁድን፡ ንስኻ ኣብ መንነ ባሮትካ ኣብ'ቲ ዝፈላለዩሉ ነገር ትፈርድ፡ ብፍቓድካ ካብ'ቲ ዝተፈላለይሉ ናብ ሓቂ ምርሓኒ፡ ንስኻ ንዝደለኻዮ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ትመርሕ ኢኻ»[2]።

«اللَّهُ أَكْبَرُ كَبِيرًا، اللَّهُ أَكْبَرُ كَبِيرًا، اللَّهُ أَكْبَرُ كَبِيرًا، وَالحَمْدُ لِلَّهِ كَثِيرًا، وَالحَمْدُ لِلَّهِ كَثِيرًا، وَالحَمْدُ لِلَّهِ كَثِيرًا، وَسُبْحَانَ اللَّهِ بُكْرَةً وَأَصِيلًا»

[1] ሙስሊም (1/534) ብቑድሪ (771) ሰኒድዎ።
[2] ሙስሊም (1/534) ብቑድሪ (770) ሰኒድዎ።

ኣላሁ ኣክበሩ ከቢራ፡ ኣላሁ ኣክበሩ ከቢራ፡ኣላሁ ኣክበሩ ከቢራ፡ ወልሓምዱ ሊላሂ ከሲራ፡ ወልሓምዱ ሊላሂ ከሲራ፡ ወልሓምዱ ሊላሂ ከሲራ፡ ወሱብሓነላሂ ቡክረተን ወኣሲላ

«ኣላህ ኣዝዩ ዝዓበየ ኢዩ፡ ኣላህ ኣዝዩ ዝዓበየ ኢዩ፡ ኣላህ ኣዝዩ ዝዓበየ ኢዩ፡ ብዙሕ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ብዙሕ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ብዙሕ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ንግሆ ይኹን ምሸትን ኣላህ ካብ ዝኾነ ጎደሎ ንጹህ ኢዩ»

ሰለስተ ግዜ

«أَعُوذُ بِاللَّهِ مِنَ الشَّيْطَانِ: مِنْ نَفْخِهِ، وَنَفْثِهِ، وَهَمْزِهِ»

ኣዑዙ ቢላሂ ሚሃሸይጣኒ፡ ሚን ነፍኺሂ፡ ወነፍሲሂ፡ ወሃምዚህ

«ብኣላህ እዕቆብ ካብ ሰይጣን፡ ካብ ትዕቢቱን፡ ካብ ግጥሙን፡ ከምኡ’ውን ካብ ዕብዳኑን(ሸውሸርኡን)»[1]።

«اللَّهُمَّ لَكَ الحَمْدُ، أَنْتَ نُورُ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ وَمَنْ فِيهِنَّ، وَلَكَ الحَمْدُ أَنْتَ قَيِّمُ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ وَمَنْ فِيهِنَّ، [وَلَكَ الحَمْدُ أَنْتَ رَبُّ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ وَمَنْ فِيهِنَّ] [وَلَكَ الحَمْدُ لَكَ مُلْكُ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ وَمَنْ فِيهِنَّ] [وَلَكَ الحَمْدُ أَنْتَ مَلِكُ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ] [وَلَكَ الحَمْدُ] [أَنْتَ الحَقُّ، وَوَعْدُكَ الحَقُّ، وَقَوْلُكَ الحَقُّ، وَلِقاؤُكَ

[1] ኣቡ ዳዉድ (1/203) ብቐጽሪ (764)፡ ኢብኑ ማጃ (1/265) ብቐጽሪ (807)፡ ከምኡ'ውን ኣሕመድ (4/85) ብቐጽሪ (16739) ሰኒደሞ። ሹዓይብ ኣልኣርናኡጥ ኣብ ታሕቂቕ ኣልሙስነድ ደረጃኡ«ሓሰን ሊቐይሪሂ» ከላ ኢሉ። ዓብዱልቓዲር ኣልኣርናኡጥ ኣብ ተኽሪጅ ኣልከሊም ኣጠይብ ናይ ኢብኑ ተይሚያ ብቐጽሪ (78)«ንሱ ብሸዋሂዱ ሰሒሕ ሓዲስ'ዩ» ኢሉ። ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣልከሊም ኣ'ጠይብ ብቐጽሪ (62) ጠቒስዎ፡ ሙስሊም'ውን ካብ ኢብኑ ዑመር ረዲየለሁ ዓንሁማ ብተመሰሳሊ ሰኒድዎ፡ ኣብኡ ድማ ዛንታ ኣሎ (1/420) ብቐጽሪ (601)።

الحقُّ، وَالجَنَّةُ حَقٌّ، وَالنَّارُ حَقٌّ، وَالنَّبِيُّونَ حَقٌّ، وَمُحَمَّدٌ ﷺ حَقٌّ، وَالسَّاعَةُ حَقٌّ] [اللَّهُمَّ لَكَ أَسْلَمتُ، وَعَلَيْكَ تَوَكَّلْتُ، وَبِكَ آمَنْتُ، وَإِلَيْكَ أَنَبْتُ، وَبِكَ خاصَمْتُ، وَإِلَيْكَ حاكَمْتُ. فَاغْفِرْ لِي مَا قَدَّمْتُ، وَمَا أَخَّرْتُ، وَمَا أَسْرَرْتُ، وَمَا أَعْلَنْتُ] [وَمَا أَنْتَ أَعْلَمُ بِهِ مِنِّي] [أَنْتَ المُقَدِّمُ، وَأَنْتَ المُؤَخِّرُ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ] [أَنْتَ إِلَهِي لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ] [وَلَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّه]»

ኣለሁማ ለከ ልሓምዱ፡ ኣንታ ኑሩ'ሰማዋቲ ወልኣርዲ ወመን ፊሂ'ና፡ ወለከልሓምዱ ኣንታ ቐዪሙ'ሰማዋቲ ወልኣርዲ ወመን ፊሂ'ና፡ ወለከልሓምዱ ኣንታ ረቡ'ሰማዋቲ ወልኣርዲ ወመን ፊሂ'ና፡ ወለከልሓምዱ ለከ ሙልኩ'ሰማዋቲ ወልኣርዲ ወመን ፊሂ'ና፡ ወለከ ልሓምዱ ኣንታ መሊኩ'ሰማዋቲ ወልኣርዲ፡ ወለከልሓምዱ፡ ኣንታ ልሓ'ቹ፡ ወዋዕዱከልሓ'ቹ፡ ወቐውሉከልሓ'ቹ፡ ወሊቓኡከልሓ'ቹ፡ ወልጀነቱ ሓ'ቑን፡ ው'ናሩ ሓ'ቑን፡ ወነቢደና ሓ'ቑን፡ ወሙሓመዱን ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሓ'ቑን፡ ወሰዓቱ ሓ'ቑን፡ ኣላሁማ ለከ ኣስለምቱ፡ ወዓለይከ ተወከልቱ፡ ወቢከ ኣመንቱ፡ወኢለይከ ኣነብቱ፡ ወቢከ ኻሰምቱ፡ ወኢለይካ ሓከምቱ። ፋቕፈር ሊ ማ ቀደምቱ፡ ወማ ኣኸርቱ፡ወማ ኣስረርቱ፡ ወማ ኣዕለንቱ፡ ወማ ኣንታ ኣዕለሙ ቢሂ ሚኒ፡ ኣንተልሙቐዲሙ፡ ወኣንተልሙኣ'ኺሩ ላ ኢላሀ ኢላ ኣንታ፡ ኣንታ ኢላሂ ላ ኢላሀ ኢላ ኣንታ፡ ወለ ሓውለ ወለ ቐ'ወታ ኢላ ቢላህ።

«ኦ ኣላህ፡ ምስጋና ንዓኻ ይኹንካ[1]፡ ንስኻ ብርሃን ሰማያትን ምድርን ኣብኡ ዘለዉን ኢኻ፡ ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ንስኻ ኣካያዲ ሰማያትን ምድርን ኣብኡ ዘለዉን ኢኻ፡ [ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ንስኻ ጐይታ ሰማያትን ምድርን ኣብኡ ዘለዉን ኢኻ] [ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ንግስነት ሰማያትን ምድርን ኣብኡ ዘለውን ናትካ ኢዩ] [ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ንስኻ ንጉስ ሰማያትን ምድርን ኢኻ] [ምስጋና ንዓኻ ይኹን] [ንስኻ ሓቂ ኢኻ፡ መብጽዓኻ ሓቂ ኢዩ፡ ቃልካ ሓቂ ኢዩ፡ ናዖኻ ንረኽበካ ግዜ ሓቂ ኢዩ፡ ገነት ሓቂ ኢያ፡ ሓዊ ሓቂ ኢያ፡ ነብያት ሓቂ ኢዮም፡ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሓቂ ኢዩ፡ እታ ሰዓት(ምጽኣተ ዓለም) ሓቂ ኢያ] [ኦ ኣላህ፡ ንዓኻ ኢደይ ሂበ፡ ኣባኻ ተወኪለ፡ ብኣኻ ኣሚነ፡ ናባኻ ተመሊሰ፡ ብኣኻ ተኻቲዐ(በቲ ዝሃብካኒ መርትዖ)፡ ናባኻ ድማ ተማሕጺነ። ስለ'ዚ ነቲ ዘሕለፍክዎ፡ ነቲ ዝዘንጋዕኩዎን፡ ነቲ ዝሓባእክዎ፡ ነቲ ግሁድ ዝገበርክዎ ይቕረ በለለይ] [ነቲ ካባይ ንላዕሊ እትፈልጦን] [ንስኻ ንዝደለኻዮ ተቐድም ፡ንዝደለኻዮ ተዶንጐይ፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን] [ንስኻ ኣምላኽይ ኢኻ፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን] [ብዘይካ ብኣላህ ብካልእ ሓይልን ዓቕምን የለን]»[2].

[1] ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ካብ ለይቲ ተሃጂድ ክሰግዱ ምስ ተንስኡ ይብሉዎ ኔሮም።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (3/3)፡ (11/116)ን (13/371)ን ብቑጽሪ (423)፡ (465)፡ (1120)፡ (6317)፡ (7385)፡ (7442)ን (7499)ን ሙስሊምን ብተመሳሳሊ ብሓጺሩ (1/532) ብቑጽሪ (769) ሰኒደሞ።

17. ናይ ሩኩዕ ዱዓ

«سُبْحانَ رَبِّيَ العَظِيم»

ሱብሓነ ረቢየል ዓዚም

«ክብሪ ነቲ ንዓቢይ ጐይታይ ካብ ኩሉ ጎደሎ ነጻ ዝኾነ ይኹን»

ሰለስተ ግዜ[1]።

«سُبْحَانَكَ اللَّهُمَّ رَبَّنَا وَبِحَمْدِكَ، اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي»

ሱብሓነከለሁመ ረበና ወቢሓምዲከ፡ኣላሁመቕፈርሊ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ ኣላህ ጎይታ ምስጋና ይኹንካ፡ ምሕረት ግብረለይ»[2]።

«سُبُّوحٌ، قُدُّوسٌ، رَبُّ المَلَائِكَةِ وَالرُّوح»

ሱ'ቡሑን፡ ቁ'ዱሱን፡ ረቡል መላኢከቲ ወ'ሩሕ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾነ ከምኡ'ውን ካብ ኩሉ ንዑኡ ዘይግበኦ ሕማቕ ድሩይ ዝኾነ፡ ጎይታ መላእኽትን መንፈስን»[3]።

«اللَّهُمَّ لَكَ رَكَعْتُ، وَبِكَ آمَنْتُ، وَلَكَ أَسْلَمْتُ، خَشَعَ لَكَ سَمْعِي، وَبَصَرِي، وَمُخِّي، وَعَظْمِي، وَعَصَبِي، [وَمَا استَقَلَّتْ بِهِ قَدَمِي]»

---

[1] ኣህሉ ሱነንን ኣሕመድን፡ ኣቡ ዳዉድ ብቕጽሪ (870)፡ ቲርሚዚ ብቕጽሪ (262)፡ ኣ'ነሳኢ ብቕጽሪ (1007)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቕጽሪ (897)፡ ኣሕመድ ድማ ብቕጽሪ (3514) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (1/83)።

[2] ቡኻሪ (1/ 99) ብቕጽሪ (794)፤ ሙስሊምን (1/ 350) ብቕጽሪ (484)።

[3] ሙስሊም (1/ 353) ብቕጽሪ (487)፡ ኣቡ ዳዉድን (1/ 230) ብቕጽሪ (872) ሰኒደሞ።

ኣላሁማ ለከ ረከዕቱ፡ ወቢከ ኣመንቱ፡ ወለከ ኣስለምቱ፡ ኸሸዐ ለከ ሰምዒ፡ ወበሰረ፡ ወሙኺ፡ ወዓዝሚ፡ ወዓሰቢ፡ [ወማስተቕ'ለት ቢሂ ቕደሚ]

«ኦ ኣላህ፡ ንዓኻ ሩኩዕ ገይረ፡ ብኣኻ ኣሚነ፡ ንዓኻ ተምበርኪኽ፡ ምስማዐይ፡ ምርኣየይ፡ ሓንጎለይ፡ ኣዕጽምተይ፡ መትኒታተይ፡ [ኣእጋረይ ዝጸሮ ዘበለ ኹሉ] ንዓኻ ተምበርኪኽ(ደኒነ)።»[1].

«سُبْحَانَ ذِي الجَبَرُوتِ، وَالمَلَكُوتِ، وَالكِبْرِيَاءِ، وَالعَظَمَة»

ሱብሓነ ዚልጀበሩቲ፡ ወልመለኩቲ፡ ወልኪብሪያኢ፡ ወልዓዘማህ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ በዓል ሓይሊን፡ ንግስነትን፡ ግርማን፡ ዕብየትን»[2]።

18- ካብ ሩኩዕ ሓፍ ኣብ እትብለሉ እዋን ዝግበር ዱዓ

«سَمِعَ اللَّهُ لِمَنْ حَمِدَه»

ሰሚዐላሁ ሊመን ሓሚዳህ

«ኣላህ ንዘመስገኖ ይሰምዖ»[3]።

---

[1] ሙስሊም (1/ 534) ብቑጽሪ (771)፡ ብዘይካ ኢብኑ ማጃህ እቶም ኣርባዕተ ድማ፡ ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (760)ን(761)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3421)፡ ነሳኢ ድማ ብቑጽሪ (1049) ሰኒደሞ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሓጹር ዘሎ ቃል ድማ ናይ ኢብኑ ኹዘይማ ብቑጽሪ (607)ን ኢብኑ ሒባን ብቑጽሪ (1901)ን ኢዩ።

[2] ኣቡ ዳዉድ (1/230) ብቑጽሪ (873)፡ ኣልነሳኢን ብቑጽሪ (1131)፡ ኣሕመድን ብቑጽሪ (23980) ሰኒደሞ። ሰነዱ ድማ ሓሰን ኢዩ።

[3] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (2/282) ብቑጽሪ (796)።

«رَبَّنَا وَلَكَ الحَمْدُ، حَمْدًا كَثِيرًا طَيِّبًا مُبارَكًا فِيه»

ረበና ወለከል ሓምድ ሓምደን ከሲረን ጠይበን ሙባረከን ፈሀ

«ኦ ጐይታና፡ ምስጋና ንዓኻ ይኹን፡ ብዙሕን ጽቡቕን ብሩኽን ምስጋና።»[1]።

«مِلْءَ السَّمَوَاتِ وَمِلْءَ الأَرْضِ، وَمَا بَيْنَهُمَا، وَمِلْءَ مَا شِئْتَ مِنْ شَيءٍ بَعْدُ. أَهلَ الثَّناءِ وَالمَجْدِ، أَحَقُّ مَا قَالَ العَبْدُ، وَكُلُّنَا لَكَ عَبْدٌ، اللَّهُمَّ لَا مَانِعَ لِمَا أَعْطَيْتَ، وَلَا مُعْطِيَ لِمَا مَنَعْتَ، وَلَا يَنْفَعُ ذَا الجَدِّ مِنْكَ الجَد»

ሚልኣሰማዋቲ ወሚልኣልኣርድ፡ ወማ በይነሁማ፡ ወሚልኣ ማ ሺእተ ሚን ሸይኢን ባዕድ። ኣህለሰናኢ ወልመጅድ፡ ኣሓቕ ማ ቓለልዓብድ፡ ወኩሉና ለካ ዓብድ፡ ኣ'ላሁመ ላ ማኒዓ ሊማ ኣዕጠይት፡ ወላ ሙዕጢየ ሊማ መናዕት፡ ወላ የንፈዑ ዛልጀዲ ሚንከልጀድ

«ሰማያትን ምድርን ዝመልእ፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎን ዝመልእ፡ ድሕሪኡ ውን ንስኻ ዝደለኻዮ ዝመልእ። ኦ በዓል ውዳሰን ክብርን፡ ሓደ ባርያ ካብ ዝበሎ እቲ ዝበለጸ ሓቂ፡ ኩላትና ድማ ባሮትካ ኢና፡ ኦ ኣላህ! ነቲ ንስኻ ዝሃብካዮ ዝኽልክል የለን፡ነቲ ንስኻ ዝኽላእካዮ ድማ ዝህብ የለን፡ ሃብቲ ናይ'ቲ ሃብታም ድማ ኣባኻ ኣይጠቅሞን(ሓለፋታት የብሉምን) ኢዩ።»[2]

[1] ቡኻሪ ምስ ኣልፈትሕ (2/284) ብቑጽሪ (796)።
[2] ሙስሊም (1/ 346) ብቑጽሪ (477)።

19. ናይ ሱጁድ ዱዓ

«سُبْحَانَ رَبِّيَ الأَعْلَى»

ሱብሓነ ረቢየል ኣዕላ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ ልዑል ጎይታይ»

ሰለስተ ግዜ[1]።

«سُبْحَانَكَ اللَّهُمَّ رَبَّنَا وَبِحَمْدِكَ، اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي»

ሱብሓነከለሁ'ማ ረበና ወቢሓምዲካ፡ ኣላሁ'ማቕፊር ሊ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ ኦ ኣላህ ጎይታና ምስጋና ይኹንካ፡ ኦ ኣላህ ምሕረት ግብረለይ»[2]።

«سُبُّوحٌ، قُدُّوسٌ، رَبُّ المَلَائِكَةِ وَالرُّوحِ»

ሱ'ቡሑን፡ ቁ'ዱሱን፡ ረቡል መላኢከቲ ወ'ሩሕ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾነ ከምኡ'ውን ካብ ኩሉ ንዕኡ ዘይግበኦ ሕማቕ ድሩይ ዝኾነ፡ ጎይታ መላእኽትን መንፈስን»[3]።

«اللَّهُمَّ لَكَ سَجَدْتُ وَبِكَ آمَنْتُ، وَلَكَ أَسْلَمْتُ، سَجَدَ وَجْهِيَ لِلَّذِي خَلَقَهُ، وَصَوَّرَهُ، وَشَقَّ سَمْعَهُ وَبَصَرَهُ، تَبَارَكَ اللَّهُ أَحْسَنُ الخَالِقِينَ»

---

[1] ኣህሉ-ሱነንን ኣሕመድን ሰኒደሞ፡ ኣቡ ዳዉድ ብቕጽሪ (870)፡ ቲርሚዚ ብቕጽሪ (262)፡ ኣ'ነሳኢ ብቕጽሪ (1007)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቕጽሪ (897)፡ ኣሕመድ ብቕጽሪ (3514)፡ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (1/83)።

[2] ቡኻሪ ብቕጽሪ (794) ሙስሊም ብቕጽሪ (484) ሰኒደሞ፡ ኣቕዲሙ ብቕጽሪ (34) ሓሊፉ።

[3] ሙስሊም (1/533) ብቕጽሪ (487)፤ ከምኡ'ውን ኣቡ ዳዉድ ብቕጽሪ (872) ሰኒዶምዎ፣ ኣቕዲሙ ብቕጽሪ (35) ሓሊፉ።

ኣላሁማ ለካ ሰጀድቱ ወቢካ ኣመንቱ፡ ወለካ ኣስለምቱ፡ ሰጀደ ወጅሂየ ሊለዚ ኸለቐሁ፡ ወሰ'ወረሁ፡ ወሸ'ቐ ሰምዐሁ ወበሰረሁ፡ ተባረከላሁ ኣሕሰኑል ኻሊቂን

«ኦ ኣላህ፡ ንዓኻ ሰጊደ፡ ብኣኻ ኣሚነ፡ ንዓኻ ተምበርኪኽ፡ ገጸይ ነቲ ዝፈጠሮን ዝቐረጸን፡ መስምዒኡን መርኣዪኡን ዝኸፈተሉን ሰጊዱ፡ እቲ ዝበለጸ ፈጣሪ ዝኾነ ኣላህ ዝተባረኸ ኢዩ»[1].

«سُبْحَانَ ذِي الجَبَرُوتِ، وَالمَلَكُوتِ، وَالكِبْرِيَاءِ، وَالعَظَمَة»

ሱብሓነ ዚልጀበሩቲ፡ ወልመለኩቲ፡ ወልኪብርያኢ፡ወልዓዘማህ

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾንካ በዓል ሓይሊን፡ ንግስነትን፡ግርማን፡ ዕብየትን»[2]።

«اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي ذَنْبِي كُلَّهُ: دِقَّهُ وَجِلَّهُ، وَأَوَّلَهُ وَآخِرَهُ، وَعَلَانِيَتَهُ وَسِرَّه»

ኣላሁማቕፈር ሊ ዘንቢ ኩለሁ፡ ዲ'ቕሁ ወጂ'ለሁ፡ ወኣ'ወለሁ ወኣኺረሁ፡ ወዓላኒየተሁ ወሲ'ራህ

«ኦ ኣላህ፡ ንኹሉ ሓጢያተይ ይቕረ በለለይ፡ ንእሽቶኡን ዓብይኡን፡ ቀዳማይን ዳሕራዋይን፡ ግሁዱን ስውሩን»[3]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِرِضَاكَ مِنْ سَخَطِكَ، وَبِمُعَافَاتِكَ مِنْ عُقوبَتِكَ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْكَ، لَا أُحْصِي ثَنَاءً عَلَيْكَ، أَنْتَ كَمَا أَثْنَيْتَ عَلَى نَفْسِك»

---

[1] ሙስሊም (1/534) ብቐጽሪ (771)፣ ካልኦትን ሰኒዶምዎ።

[2] ኣቡ ዳዉድ (1/230) ብቐጽሪ (873)፡ ኣ'ነሳኢን ብቐጽሪ (1131)፡ ኣሕመድ ብቐጽሪ (23980) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (1/166) ሰሒሕ ኢልዎ፡ ኣቐዲሙ ድማ ብቐጽሪ (37) ተሰኒዱ ኢዩ።

[3] ሙስሊም (1/ 230) ብቐጽሪ (483)።

ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢሪዳካ ሚን ሰኽጢክ፡ ወቢሙዓፋቲካ ሚን ዑቁበቲክ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚንካ፡ ላ ኡሕሲ ሰናእን ዓለይካ፡ ኣንታ ከማ ኣስነይታ ዓለ ነፍሲክ

«ኦ ኣላህ፡ ካብ ቁጥዓኻ ብፍትወትካ እዕቆብ ኣለኹ፡ ካብ መቕጻዕትኻ ድማ ብምሕረትካ እዕቆብ ኣለኹ፡ ካባኻ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ንዓኻ ዝግባእ ምስጋና ክጽብጽብ ኣይክእልን ኢየ፡ ንስኻ ከም'ቲ ንነፍስኻ ዝሞገስካያ ኢኻ»[1]።

20- ኣብ ሞንጎ ክልተ ሱጁድ ኮፍ ምስ በልካ ዝግበር ዱዓ

«رَبِّ اغْفِرْ لِي، رَبِّ اغْفِرْ لِي»

ረቢ ቕፈር ሊ፡ ረቢ ቕፈር ሊ

«ጐይታይ ይቕረ በለለይ፡ ጐይታይ ይቕረ በለለይ»[2]።

«اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي، وَارْحَمْنِي، وَاهْدِنِي، وَاجْبُرْنِي، وَعَافِنِي، وَارْزُقْنِي، وَارْفَعْنِي»

ኣላሁመቕፈር ሊ፡ ወርሓምኒ፡ ዋህዲኒ፡ ወጅቡርኒ፡ ወዓፈኒ፡ ወርዙቕኒ፡ ወርፋዕኒ

«ኦ ኣላህ፡ ይቕረ በለለይ፡ ራህርሀለይ፡ ምርሓኒ፡ጸግነኒ፡ ጥዕና ሃበኒ፡ ሪዝቂ ሃበኒ፡ ክብ ኣብለኒ»[3]።

---

[1] ሙስሊም (1/352) ብቑጽሪ (486)።

[2] ኣቡ ዳዉድ (1/231) ብቑጽሪ (874)፡ ከምኡ'ዉን ኢብኑ ማጃ ብቑጽሪ (897)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (1/148)።

[3] ኣስሓብ ሱነን ብዘይካ ኣ'ነሳኢ፡ ኣቡ ዳዉድ (1/231) ብቑጽሪ (850)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (284)ን(285)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቑጽሪ (898) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (1/90)፡ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (1/148)።

21. ናይ ሱጁድ ቲላዋ ዱዓ

«سَجَدَ وَجْهِيَ لِلَّذِي خَلَقَهُ، وَشَقَّ سَمْعَهُ وَبَصَرَهُ بِحَوْلِهِ وَقُوَّتِهِ، فَتَبَارَكَ اللَّهُ أَحْسَنُ الخَالِقِين»

ሰጀደ ወጅሂየ ሊለዚ ኸለቐሁ፡ ወሸ'ቆ ሰምዐሁ ወበሰረሁ ቢሓዉሊሂ ወቐወቲሂ፡ ፈተባረከላሁ ኣሕሰኑል ኻሊቂን

«ገጸይ ነቲ ዝፈጠሮ፡ ብሓይሉን ብኽእለቱን ከምኡ'ውን መስምዒኡን መርኣዪኡን ንዝኸፈተሉ ሱጁድ ወሪዱ፡ እቲ ብሉጽ ፈጣሪ ዝኾነ ኣላህ ዝተባረኸ ኢዩ።»

[ኣልሙእሚኑን፡ 14][1]።

«اللَّهُمَّ اكْتُبْ لِي بِهَا عِنْدَكَ أَجْرًا، وَضَعْ عَنِّي بِهَا وِزْرًا، وَاجْعَلْهَا لِي عِنْدَكَ ذُخْرًا، وَتَقَبَّلْهَا مِنِّي كَمَا تَقَبَّلْتَهَا مِنْ عَبْدِكَ دَاوُد»

ኣላሁማ ኡክቱብ ሊ ቢሃ ዒንደካ ኣጅራ፡ ወዳዕ ዓ'ኒ ቢሃ ዊዝራ፡ ወጅዓልሃ ሊ ዒንደካ ዙኽራ፡ ወተቐበልሃ ሚ'ኒ ከማ ተቐበልተሃ ሚን ዓብዲካ ዳዉድ

«ኦ ኣላህ፡ ብኣኣ ኣባኻ ዓስቢ ጽሓፈልይ፡ ብኣኣ ድማ ሓጢያተይ ኣልግሰለይ፡ ኣባኻ ውን መዝገብ ግበረለይ፡ ከም'ቲ ካብ ባርያኻ ዳዉድ እተቐበልካዮ ድማ ካባይ ተቐበላ።»[2]።

---

[1] ቲርሚዚ (2/474) ብቐጽሪ (3425)፡ ኣሕመድ (6/30) ብቐጽሪ (24022) ከምኡ'ውን ኣልሓኪም ሰኒደሞ፡ ሰሒሕ ኢልዎ ኣ'ዛሃቢ (1/220) ድማ ተሰማሚዑሉ፡ እቲ ተወሳኺ ድማ ናቱ ኢዩ።

[2] ቲርሚዚ (2/473) ብቐጽሪ (579)፡ ሓኪምን ሰኒደሞ፡ ሰሒሕ ምኺኑ ኣስፊርዎ፡ ዛሃቢ ድማ ተሰማሚዕሉ (1/219)።

22. ኣ'ተሻሁድ

«التَّحِيَّاتُ لِلَّهِ، وَالصَّلَوَاتُ، وَالطَّيِّبَاتُ، السَّلَامُ عَلَيْكَ أَيُّهَا النَّبِيُّ وَرَحْمَةُ اللَّهِ وَبَرَكَاتُهُ، السَّلَامُ عَلَيْنَا وَعَلَى عِبَادِ اللَّهِ الصَّالِحِينَ، أَشْهَدُ أَنْ لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَأَشْهَدُ أَنَّ مُحَمَّدًا عَبْدُهُ وَرَسولُه»

ኣ'ተሒያቱ ሊላሂ፡ ወሰለዋቱ፡ ወ'ጠይባቱ፡ ኣሰላሙ ዓለይካ ኣዩሃ ነቢዩ ወራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ፡ ኣሰላሙ ዓለይና ወዓለ ዒባዲላሂ ሳሊሒን፡ ኣሸሃዱ ኣን ላ ኢላሃኢለላሁ ወኣሸሃዱ ኣነ ሙሓመደን ዓብዱሁ ወረሱሉህ

«ኩሉ ሰላምታን ጸሎትን ጽቡቕ ነገራትን ንኣላህ ኢዩ፡ኦ ነቢ፡ ሰላምን ናይ ኣላህ ርህራሀን በረኽትን ኣብኻ ይኹን፡ ሰላም ኣብ ልዕሌናን ኣብ ልዕሊ እቶም ጻድቃን ባሮት ኣላህን ይኹን፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ ከም ዘየለ እምስክር፡ ሙሓመድ ድማ ባርዪኡን መልእኽተኛ ናቱን ምኹኑ እምስክር»[1]።

23. ድሕሪ ተሻሁድ ንነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሰለዋት ምግባር

«اللَّهُمَّ صَلِّ عَلَى مُحَمَّدٍ، وَعَلَى آلِ مُحَمَّدٍ، كَمَا صَلَّيتَ عَلَى إِبْرَاهِيمَ، وَعَلَى آلِ إِبْرَاهِيمَ، إِنَّكَ حَمِيدٌ مَجِيدٌ، اللَّهُمَّ بَارِكْ عَلَى مُحَمَّدٍ وَعَلَى آلِ مُحَمَّدٍ، كَمَا بَارَكْتَ عَلَى إِبْرَاهِيمَ وَعَلَى آلِ إِبْرَاهِيمَ، إِنَّكَ حَمِيدٌ مَجِيد»

ኣላሁማ ሰሊ ዓለ ሙሓመዲ፡ ወዓለ ኣሊ ሙሓመዲ፡ ከማ ሰለይታ ዓለ ኢብራሂማ፡ ወዓለ ኣሊ ኢብራሂማ፡ ኢ'ነካ

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (2/311) ብቑጽሪ (831) ሙስሊም (1/301) ብቑጽሪ (402)።

ሓሚዱን መጂድ፡ ኣላሁማ ባሪክ ዓላ ሙሓመዲን ወዓላ ኣሊ ሙሓመዲን፡ ከማ ባረክታ ዓላ ኢብራሂማ ወዓላ ኣሊ ኢብራሂማ፡ ኢ'ነካ ሓሚዱን መጂድ

«ኦ ኣላህ፡ ኣብ ልዕሊ ሙሓመድን ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ሙሓመድን ርህራሄኻ ኣውርድ፡ ከም'ቲ ኣብ ልዕሊ ኢብራሂምን ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ኢብራሂምን ርህራሄኻ ዘውረድካዮ፡ ብርግጽ ንስኻ ምስጉንን ክቡርን ኢኻ፡ ኦ ኣላህ፡ ኣብ ልዕሊ ሙሓመድን ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ሙሓመድን በረኽትካ ኣውርድ፡ ከም'ቲ ኣብ ልዕሊ ኢብራሂምን ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ኢብራሂምን በረኽትካ ዘውረድካዮ፡ ብርግጽ ንስኻ ምስጉንን ክቡርን ኢኻ»[1]።

«اللَّهُمَّ صَلِّ عَلَى مُحَمَّدٍ وَعَلَى أَزْوَاجِهِ وَذُرِّيَّتِهِ، كَمَا صَلَّيْتَ عَلَى آلِ إِبْرَاهِيمَ، وَبَارِكْ عَلَى مُحَمَّدٍ وَعَلَى أَزْوَاجِهِ وَذُرِّيَّتِهِ، كَمَا بَارَكْتَ عَلَى آلِ إِبْرَاهِيمَ، إِنَّكَ حَمِيدٌ مَجِيد»

ኣላሁማ ሰ'ሊ ዓላ ሙሓመዲን ወዓላ ኣዝዋጂሂ ወዙሪየቲሂ፡ ከማ ሰለይታ ዓላ ኣሊ ኢብራሂማ፡ ወባሪክ ዓላ ሙሓመዲን ወዓላ ኣዝዋጂሂ ወዙሪየቲሂ፡ ከማ ባረክታ ዓላ ኣሊ ኢብራሂማ፡ ኢ'ነካ ሓሚዱን መጂድ።

«ኦ ኣላህ፡ ኣብ ልዕሊ ሙሓመድን ኣንስቱን ዘርኡን ርህራሄኻ ኣውርድ፡ ከም'ቲ ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ኢብራሂም ርህራሄኻ ዘውረድካዮ፡ ኣብ ልዕሊ ሙሓመድን ኣንስቱን ዘርኡን በረኽትካ ኣውርድ፡ ከም'ቲ ኣብ ልዕሊ ስድራቤት

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (6/ 408) ብቁጽሪ (3370) ሙስሊም ብቁጽሪ (406)።

ኢብራሂም በረኽትካ ዘውረድካዮ፡ ብሓቂ ንስኻ ምስጉን ክቡርን ኢኻ።»[1]

24. ድሕሪ ናይ መወዳእታ ተሻሁድ ቅድሚ ሰላም ምባል ዱዓ ዝግበር

«اللَّهُـــمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ مِنْ عَذَابِ القَبْرِ، وَمِنْ عَذَابِ جَهَنَّمَ، وَمِنْ فِتْنَةِ المَحْيَا وَالمَمَاتِ، وَمِنْ شَرِّ فِتْنَةِ المَسِيحِ الدَّجَّال»

ኣ'ላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢከ ሚን ዓዛቢልቀብሪ፡ ወሚን ዓዛቢ ጀሀነማ፡ ወሚን ፈትነቲልማሕያ ወልመማቲ፡ወሚን ሸሪ ፈትነቲልመሲሒ'ደ'ጃል

«ኦ ኣላህ፡ ካብ መቓጻዕቲ መቓብር፡ ካብ መቓጻዕቲ ገሃነም፡ ካብ ፈተና ህይወትን ሞትን፡ ከምኡ ድማ ካብ ክፉእ ፈተና መሲሕ ኣ'ደጃል ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ»[2]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ مِنْ عَذَابِ القَبْرِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ فِتْنَةِ المَسِيحِ الدَّجَّالِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ فِتْنَةِ المَحْيَا وَالمَمَاتِ، اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ مِنَ المَأْثَمِ وَالمَغْرَمِ»

ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢከ ሚን ዐዓዛቢል ቐብሪ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ፈትነቲል መሲሒ'ዳጃል፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ፈትነቲል መሕያ ወልመማት፡ ኣላሁመ ኢኒ ኣዑዙ ቢካ ሚነል ማእሰሚ ወልመቕረም

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (6/407) ብቑጽሪ (3369)፡ ሙስሊም ድማ (1/306) ብቑጽሪ (407) ሰኒደሞ፡እቲ ቃል ድማ ናቱ ኢዩ።

[2] ቡኻሪ (2/102) ብቑጽሪ (1377)፡ ሙስሊም ድማ (1/412) ብቑጽሪ (588) ሰኒደሞ፡ እቲ ቃል ናይ ሙስሊም ኢዩ።

«ኦ ኣላህ፡ ካብ መቕጻዕቲ መቓብር ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ካብ ፈተና መሲሕ ኣ'ደጃል ብኣኻ እምሕጸን ኣለኹ፡ ካብ ፈተና ህይወትን ሞትን ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ኦ ኣላህ፡ ካብ ሓጢያትን ዕዳን ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ»[1]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي ظَلَمْتُ نَفْسِي ظُلْمًا كَثِيرًا، وَلَا يَغْفِرُ الذُّنُوبَ إِلَّا أَنْتَ، فَاغْفِرْ لِي مَغْفِرَةً مِنْ عِنْدِكَ وَارْحَمْنِي، إِنَّكَ أَنْتَ الغَفُورُ الرَّحِيم»

ኣላሁማ ኢኒ ዘለምቱ ነፍሲ ዙልመን ከሲራ፡ ወለ የቕፈሩዙኑባ ኢ'ላ ኣንተ፡ ፋቕፈርሊ መቕፈረተን ሚን ዒንዲካ ወርሓምኒ፡ ኢነከ ኣንተል ቐፉሩ'ረሒም

«ኦ ኣላህ፡ ኣነ ንነብሰይ ብዙሕ በዲለያ ኣለኹ፡ ብዘይካኻ ሓጢያት ዝምሕር የለን፡ ስለ'ዚ ካባኻ ብዝኾነ ምሕረት ይቕረ በለለይ፡ ራህርሀለይ ድማ፡ ብሓቂ ንስኻ መሓርን ርህሩህን ኢኻ»[2]።

«اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي مَا قَدَّمْتُ، وَمَا أَخَّرْتُ، وَمَا أَسْرَرْتُ، وَمَا أَعْلَنْتُ، وَمَا أَسْرَفْتُ، وَمَا أَنْتَ أَعْلَمُ بِهِ مِنِّي، أَنْتَ المُقَدِّمُ، وَأَنْتَ المُؤَخِّرُ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْت»

ኣላሁመቕፈር ሊ ማ ቐደምቱ፡ ወማ ኣኸርቱ፡ ወማ ኣስረርቱ፡ ወማ ኣዕለንቱ፡ ወማ ኣስረፍቱ፡ ወማ ኣንታ ኣዕለሙ ቢሂ ሚ'ኒ፡ ኣንተል ሙቐ'ዲሙ፡ ወኣንተል ሙኣ'ኺሩ ለ ኢላሃ ኢለ ኣንት

«ኦ ኣላህ፡ ነቲ ዘሕለፍክዎን ነቲ ናይ ዝመጽእን፡ ነቲ ብሕቡእ ዝገበርክዎን ነቲ ብጋህዲ ዝገበርክዎን፡ ነቲ

[1] ቡኻሪ (1/202) ብቑጽሪ(832) ሙስሊም (1/412) ብቑጽሪ(587) ሰኒደሞ።
[2] ቡኻሪ (8/168) ብቑጽሪ (834) ሙስሊም (4/2078) ብቑጽሪ (2705) ሰኒደሞ።

ዘባኽንክዎን (ዘብዛሕኩዎን) ነቲ ካባይ ንላዕሊ እትፈልጦን ይቕረ በለለይ፡ ንስኻ ንዝደለኻዮ ተቐድም ኢኻ፡ ንስኻ ድማ ንዝደለኻዮ ተደንጐይ ኢኻ፣ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን»[1]።

«اللَّهُمَّ أَعِنِّي عَلَى ذِكْرِكَ، وَشُكْرِكَ، وَحُسْنِ عِبادَتِك»

ኣላሁማ ኣዒ'ኒ ዓላ ዚክሪካ፡ ወሹክሪካ፡ ወሑስኒ ዒባደቲክ

«ኦ ኣላህ፡ ንክዝክረካን፡ ንከመስግነካን ብጽቡቕ ንከምልኸካን ሓግዘኒ»[2]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ مِنَ البُخْلِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنَ الجُبْنِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ أَنْ أُرَدَّ إِلَى أَرْذَلِ العُمُرِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ فِتْنَةِ الدُّنْيَا وَعَذَابِ القَبْرِ»

ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢካ ሚነል ቡኽሊ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚነል ጁብኒ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ኣን ኡረ'ዳ ኢላ ኣርዘሊል ዑሙሪ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ፈትነቲዱንያ ወዓዛቢል ቐብር

«ኦ ኣላህ፡ ካብ ጥማዔ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ካብ ፍርሒ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ናብ ዝኸፍአ እርጋን(ክሳብ ሓንሳል ዝስሕት) ካብ ምምላስ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ካብ ፈተና ምድረ ዓለምን መቕጻዕቲ መቓብርን ድማ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ»[3]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ الجَنَّةَ وَأَعُوذُ بِكَ مِنَ النَّار»

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካል ጀ'ነታ ወኣዑዙ ቢካ ሚነ'ናር

---

[1] ሙስሊም (1/534) ብቑጽሪ (771)።

[2] ኣቡ ዳውድ (2/86) ብቑጽሪ (1522) ከምኡ'ውን ኣልነሳኢ (3/53) ብቑጽሪ (2302) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (1/284) ሰሒሕ ኢልዎ።

[3] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (6/35) ብቑጽሪ (2822)ን (6390)ን።

«ኦ ኣላህ፡ ጀና እልምነካ ኣለኹ፡ ካብ ሓዊ ድማ ብኣኻ እዕቆብ።»[1]።

«اللَّهُمَّ بِعِلْمِكَ الغَيْبَ وَقُدْرَتِكَ عَلَى الخَلقِ أَحْيِنِي مَا عَلِمْتَ الحَيَاةَ خَيْرًا لِي، وَتَوَفَّنِي إِذَا عَلِمْتَ الْوَفَاةَ خَيْرًا لِي، اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ خَشْيَتَكَ فِي الغَيْبِ وَالشَّهَادَةِ، وَأَسْأَلُكَ كَلِمَةَ الحَقِّ فِي الرِّضَا وَالغَضَبِ، وَأَسْأَلُكَ القَصْدَ فِي الغِنَى وَالفَقْرِ، وَأَسْأَلُكَ نَعِيمًا لَا يَنْفَدُ، وَأَسْأَلُكَ قُرَّةَ عَيْنٍ لَا تَنْقَطِعُ، وَأَسْأَلُكَ الرِّضَا بَعْدَ القَضَاءِ، وَأَسْأَلُكَ بَرْدَ العَيْشِ بَعْدَ المَوْتِ، وَأَسْأَلُكَ لَذَّةَ النَّظَرِ إِلَى وَجْهِكَ، وَالشَّوْقَ إِلَى لِقَائِكَ فِي غَيرِ ضَرَّاءَ مُضِرَّةٍ، وَلَا فِتْنَةٍ مُضِلَّةٍ، اللَّهُمَّ زَيِّنَا بِزِينَةِ الإِيمَانِ، وَاجْعَلْنَا هُدَاةً مُهْتَدِين»

ኣላሁማ ቢዒልሚከል ቐይባ ወቒድረቲከ ዓለልኻልቒ ኣሕዪኒ ማ ዓሊምተል ሓያተ ኸይረን ሊ፡ ወተወ'ፈኒ ኢዛ ዓሊምተል ወፋተ ኸይረን ሊ፡ ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉከ ኸሸየተከ ፈልቐይቢ ወሸሃደቲ፡ ወኣስኣሉከ ከሊመተል ሓቒ ፊ'ሪዳ ወልቐደቢ፡ ወኣስኣሉከ ኣልቐስደ ፊል ቒና ወልፈቕሪ፡ ወኣስኣሉከ ነዒመን ላ የንፈድ፡ ወኣስኣሉከ ቒረተ ዓይኒን ላ ተንቐጢዕ፡ ወኣስኣሉከ'ሪዳ ባዕደል ቐዳእ፡ ወኣስኣሉከ በርደል ዓይሺ ባዕደል መውቲ፡ ወኣስኣሉከ ለዘተ'ነዘሪ ኢላ ወጅሂከ፡ ወሸውቐ ኢላ ሊቓኢከ ፊ ቐይሪ ደ'ራኣ ሙዲረቲን፡ ወለ ፈትነቲን ሙዲለቲን፡ ኣላሁመ ዘዚና ቢዚነቲል ኢማኒ፡ ወጅዓልና ሁዳተን ሙህተዲን።

«ኦ ኣላህ፡ ብናይ ስውር ፍልጠትካን ኣብ ልዕሊ ፍጡራት ብዘሎካ ስልጣንን፡ ህይወት ንዓይ ጽቡቕ ምኳኑ ክሳብ

[1] ኣቡ ዳዉድ ብቒጽሪ (792) ከምኡ'ዉን ኢብኑ ማጃ ብቒጽሪ (910) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (2/328)።

ዝፈለጥካ ብህይወት ኣጽንሓኒ፡ ሞት ንዓይ ጽቡቕ ምኳኑ ምስ እትፈልጥ ድማ ኣሞተኒ። ኦ ኣላህ፡ ኣብ ስውርን ኣብ ግህዱን ፍርሓትካ እልምነካ ኣለኹ፡ ኣብ ግዜ ስምረትን ቍጥዓን ቃል ሓቂ እልምነካ ኣለኹ፡ ኣብ ሃብትን ድኽነትን ማእከላይነት እልምነካ ኣለኹ፡ ዘይውዳእ ጸጋ እልምነካ ኣለኹ፡ ዘይቋረጽ ደስ ዘብል ንዓይኒ እልምነካ ኣለኹ፡ ድሕሪ ዉሳነኻ ዕግበት እልምነካ ኣለኹ፡ ድሕሪ ሞት ሰላማዊ ናብራ እልምነካ ኣለኹ፡ ናብ ገጽካ ንምርኣይ ዘሎ ምቾትን ፡ምሳኻ ንምርኻብካ ዘሎ ሃረርታን እልምነካ፡ ካብ ጐዳኢ ጥፍኣትን ካብ መታለሊ ፈተናን ከተድሕነኒ እልምነካ ኣለኹ። ኦ ኣላህ፡ ብስልማት እምነት ሰልመና(ኣብ መንገድኻ ኣጽንዓና)፡ ቅኑዕ መገዲ ዝመርሑን ዝተመርሑን ድማ ግበረና»[1]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ يَا أَللَّهُ بِأَنَّكَ الوَاحِدُ الأَحَدُ الصَّمَدُ الَّذِي لَمْ يَلِدْ وَلَمْ يُولَدْ، وَلَمْ يَكُنْ لَهُ كُفُوًا أَحَدٌ، أَنْ تَغْفِرَ لِي ذُنُوبِي إِنَّكَ أَنْتَ الغَفُورُ الرَّحِيم»

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ያ ኣላሁ ቢኣንከል ዋሒዱል ኣሓዱ'ሰመዱ ኣለ'ዚ ለም የሊድ ወለም ይለድ፡ ወለም የኩን ለሁ ኩፉወን ኣሓድ፡ ኣን ተቕፊረ ሊ ዙኑቢ ኢነከ ኣንተል ቐፉሩ'ረሒም

«ኦ ኣላህ፡ ኣነ እልምነካ ኣለኹ ኦ ኣላህ፡ ንስኻ እቲ ሓደ፡ እንኮ፡ ኩሉ ዝምሕጸኖ(ኩሉ ነገር ካውኡ ዝደሊ)፡ እቲ ዘይወለደን ዘይተወልደን፡ ማዕሬኡ(ንዓኻ ዝመስል) ዝኾነ

[1] ኣ'ነሳኢ (3/54) (55) ብቕጽሪ (1304)ን ኣሕመድ (4/364) ብቕጽሪ (21666)ን ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣ'ነሳኢ (1/281) ሰሒሕ ኢልዎ።

ሓደ እኳ ዘየለ ብምኺንካ፡ ብሓቂ ንስኻ መሓርን ርህሩህን ኢኻ እሞ ሓጢያተይ ክትምሕረለይ »[1]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ بِأَنَّ لَكَ الحَمْدَ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ وَحْدَكَ لَا شَرِيكَ لَكَ، المَنَّانُ، يَا بَدِيعَ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ يَا ذَا الجَلَالِ وَالإِكْرَامِ، يَا حَيُّ يَا قَيُّومُ إِنِّي أَسْأَلُكَ الجَنَّةَ وَأَعُوذُ بِكَ مِنَ النَّار»

ኣለሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ቢኣነ ለካልሓምድ ላ ኢላሃ ኢላ ኣንታ ዋሕዳካ ላ ሸሪከ ለካ፡ ኣልመናን፡ ያ በዲዕሰማዋቲ ወልኣርዲ ያ ዛልጀላሊ ወልኢክራም፡ ያ ሓዩ ያ ቀዩም ኢኒ ኣስኣሉካልጀነታ ወኣውዙ ቢካ ሚሃ'ናር

«ኦ ኣላህ፡ ምስጋና ንዓኻ ብምኺኑ እልምነካ ኣለኹ፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ በይንኻ ኢኻ መሻርኽቲ ዘይብልካ፡ ወሃቢ ጸጋ፡ ኦ ንሰማያትን ምድርን ካብ ዘይነበረ ፈጣሪ ዝኾንካ፡ ኦ በዓል ግርማን ክብርን፡ ንዘልኣለም ነባሪ (ህያው)ዝኾነን ርእሱ ዝኻኣለ ኣቃዋሚ ፡ ጀና(ገነት) እልምነካ ኣለኹ ካብ ሓዊ ድማ ብኣኻ እዕቆብ»[2]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ بِأَنِّي أَشْهَدُ أَنَّكَ أَنْتَ اللَّهُ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ الأَحَدُ الصَّمَدُ الَّذِي لَمْ يَلِدْ وَلَمْ يُولَدْ وَلَمْ يَكُنْ لَهُ كُفُوًا أَحَد»

---

[1] ኣ'ነሳኢ (3/ 52) ብቑጽሪ (1300) ብናቱ ሓረጋት፡ ኣሕመድን (4/338) ብቑጽሪ (18974) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣ'ነሳኢ (1/280) ሰሒሕ ኢልዎ።

[2] ኣህሉ-ሱነን ሰኒደሞ፡- ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (1495)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3544)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቑጽሪ (3858)፡ ከምኡ'ውን ኣ'ነሳኢ ብቑጽሪ (1299)፡ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (2/329)ተወከስ።

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ቢኣኒ ኣሸሃዱ ኣነካ ኣንታ ኣላሁ ለ ኢላሃ ኢለ ኣንታ ኣልኣሓዱ ኣሰመዱ ኣለዚ ለም የሊድ ወለም ይለድ ወለም የኩን ለሁ ኩፉወን ኣሓድ

«ኦ ኣላህ፡ ኣነ ንስኻ ኣላህ ምኺንካ ብምምስካር እልምነካ ኣለኹ፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ እቲ ሓደ፡ እቲ ኩሉ ዝምሕጸኖ(ኩሉ ነገር ካውኡ ዝድለ)፡ ዘይወለደን ዘይተወልደን፡ ማዕሬኡ(ንዕኡ ዝመስል) ዝኾነ ሓደ እኳ ዘየለ።»[1]።

25. ሰላት ምስወዳእኻ ዝብሃል ኣዝካር

«أَسْتَغْفِرُ اللَّه»

ኣስተቕፊሩላህ

«ካብ ኣላህ ይቕሬታ እሓትት

(ሰለስተ ግዜ)

«اللَّهُمَّ أَنْتَ السَّلَامُ، وَمِنْكَ السَّلَامُ، تَبَارَكْتَ يَا ذَا الجَلَالِ وَالإِكْرَام»

ኣላሁማ ኣንተሰላም፡ ወሚ ንከስ ሰላም፡ ተባረክተ ያ ዛል ጀላሊ ወል ኢክራም

ኦ ኣላህ፡ ንስኻ ሰላም ኢኻ፡ ሰላም ውን ካባኻ ኢዩ፡ ኦ በዓል ግርማን ክብሪን ዝኾንካ ብሩኽ ኢኻ»[2]።

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (2/ 62) ብቐጽሪ (1493)፡ ቲርሚዚን (5/515) ብቐጽሪ (3475)፡ ኢብኑ ማጃ (2/1267) ብቐጽሪ (3857)፡ ኣ'ነሳኢን ብቐጽሪ (1300) ብናቱ ሓረጋት፡ ኣሕመድን ብቐጽሪ (18974) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣልነሳኢ (1/280) ሰሒሕ ኢልዎ። ተወከስ፦ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (2/ 329)፡ ከምኡ'ውን ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/163)።

[2] ሙስሊም (1/414) ብቐጽሪ (591)።

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ وَلَهُ الحَمْدُ وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِير»

ላ ኢላሀ ኢለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁል ሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ወሁወ ዓላ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ክምለኽ ዝግበኦ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ ምስጋና ውን ናቱ ኢዩ(ንዑኡ ጥራይ ዝግባእ)፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ።

[ሰለስተ ግዜ]

«اللَّهُمَّ لَا مَانِعَ لِمَا أَعْطَيْتَ، وَلَا مُعْطِيَ لِمَا مَنَعْتَ، وَلَا يَنْفَعُ ذَا الجَدِّ مِنْكَ الجَد»

ኣለሁማ ላ ማኒዓ ሊማ ኣዕጠይተ፡ ወላ ሙዕጢየ ሊማ መናዕተ፡ ወላ የንፈዑ ዘልጀዲ ሚንከልጀድ

ኦ ኣላህ፡ ነቲ ንስኻ ዝሃብካዮ ዝኽልክል የለን፡ ነቲ ንስኻ ዝኸላእካዮ ድማ ዝህብ የለን፡ ሃብቲ ናይቲ ሃብታም ድማ ኣባኻ ኣይጠቕሞን(ሓለፋ የብሉን) ኢዩ»[1]።

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ، وَلَهُ الحَمدُ، وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ، لَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّهِ، لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ، وَلَا نَعْبُدُ إِلَّا إِيَّاهُ لَهُ النِّعْمَةُ وَلَهُ الفَضْلُ وَلَهُ الثَّنَاءُ الحَسَن، لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ مُخْلِصِينَ لَهُ الدِّينَ وَلَوْ كَرِهَ الكَافِرُون»

ላ ኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁል ሙልኩ፡ ወለሁል ሓምዱ፡ ወሁወ ዓላ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር፡ ላ ሓውለ ወላ ቐወተ ኢላ ቢላህ፡ ላ ኢላሃ ኢለላህ፡ ወላ ናዕቡዱ ኢላ

[1] ቡኻሪ (1/255) ብቑጽሪ (844) ሙስሊም (1/414) ብቑጽሪ (593) ሰኒደሞ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሓጹር ዘሎ ተወሳኺ ካብ ቡኻሪ ብቑጽሪ (6473) ኢዩ።

ኢ'ያሡ ለሡኒዕመቱ ወለሡል ፈድሉ ወለሡሰናኡል ሓሰን፡ ለ ኢላሃ ኢለላህ ሙኽሊሲነ ለሡድ ዲነ ወለው ከሪሀል ካፈሩን

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ፡ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ፡ ምስጋና ናቱ ኢዩ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ፡ ብዘይካ ብኣላህ ብኻልእ ሓይልን ዓቕምን የለን፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንዕኡ እንተዘይኮይኑ ድማ ኣይንግዛእን፡ ጸጋ ናቱ ኢዩ፡ ኩሉ ድቡቕ(ሓለፋታት) ናቱ ኢዩ፡ ንሱ በዓል ድቡቕ ውዳሰ ኢዩ፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ከሓድቲ እኳ እንተጸልኡ ሃይማኖት ንዕኡ ጥራይ ብንጽህና ንግዛእ።»[1]

«سُبْحَانَ اللَّهِ، وَالحَمْدُ لِلَّهِ، وَاللَّهُ أَكْبَر»

ሱብሓነላህ፡ ወልሓምዱሊላህ፡ ወላሁ ኣክበር

«ካብ ኩሉ ጎደሎ ንጹህ ዝኾነ ኣላህ ፡ ምስጋና ን ኣላህ፡ ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ

(ሰላሳን ሰለስተን)፡

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ وَلَهُ الحَمْدُ وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِير»

ላ ኢላሃ ኢለል ላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁል ሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ወሁው ዓላ ኩሊ ሸይኢ ን ቐዲር

[1] ሙስሊም (1/415) ብቑድሪ (594)።

ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ ምስጋና ድማ ንዕኡ ይግባእ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ»[1]።

﴿قُلۡ هُوَ ٱللَّهُ أَحَدٌ ۝١ ٱللَّهُ ٱلصَّمَدُ ۝٢ لَمۡ يَلِدۡ وَلَمۡ يُولَدۡ ۝٣ وَلَمۡ يَكُن لَّهُۥ كُفُوًا أَحَدُۢ ۝٤﴾

{ በል "ንሱ ኣላህ ሓደ ኢዩ።"1

ኣላህ እቲ ኩሉ ፍጡር ድልየታቱ ንምርካብ ናብኡ ዝዕቆበሉ ኢዩ2

ኣይ ወለደ ኣይተወለደ3

ንዑኡ ዋላ ሓደ ተመሳሳሊ ዝመዓረጎ የብሉን 4}

[ኣል ኢኽላስ:1-4]።

﴿قُلۡ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلۡفَلَقِ ۝١ مِن شَرِّ مَا خَلَقَ ۝٢ وَمِن شَرِّ غَاسِقٍ إِذَا وَقَبَ ۝٣ وَمِن شَرِّ ٱلنَّفَّٰثَٰتِ فِي ٱلۡعُقَدِ ۝٤ وَمِن شَرِّ حَاسِدٍ إِذَا حَسَدَ ۝٥﴾

{(ኦ መሓመድ)ናብ'ቲ ንወዳሕታ ካብ ጸላም ለይቲ ዝጨደደ ጎይታ እዕቆብ በል1

ካብ'ቲ እከይ ናይ ዝፈጠሮ 2

ከምኡ'ውን ካብ እከይ ለይቲ ግዜ ለይቲ ምስ ኣተወ3

ከምኡ'ዉን ካብ እከይ ናይ'ተን ቱፍ ቱፍ እናበላ ፈትሊ ኣሳሲረን ዝሕዛ ጠበብቲ 4

ከምኡ'ውን ካብ እከይ ናይ ሓሳድ ክሕስድ እንከሎ እዕቆብ5}

[1] ሙስሊም (1/418) ብቑጽሪ (597) ሰኒድዎ፡ ኣብኡ ድማ፡ "ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ስግዳን እዚ ዝበለ፡ ሓጥያቱ ክንዲ ዓፍራ ናይ ባሕሪ ዝኣክል እኳ እንተኾነ ይስረዘሉ"።

[ኣል ፈለቕ፡ 1-5].

﴿قُلۡ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلنَّاسِ ۝١ مَلِكِ ٱلنَّاسِ ۝٢ إِلَٰهِ ٱلنَّاسِ ۝٣ مِن شَرِّ ٱلۡوَسۡوَاسِ ٱلۡخَنَّاسِ ۝٤ ٱلَّذِي يُوَسۡوِسُ فِي صُدُورِ ٱلنَّاسِ ۝٥ مِنَ ٱلۡجِنَّةِ وَٱلنَّاسِ ۝٦﴾

{(ኦ ሙሓመድ) ናብ'ቲ ጎይታ ደቂ ሰባት እዕቆብ በል1

ንጉስ ናይ ደቂ-ሰብ 2

ተመላኺ(ኣምላኽ) ናይ ደቂ-ሰብ 3

ካብ እከይ ናይ'ቲ ኣስሓትን ኣድሓርን ዝኾነ ሰይጣን4

እቲ ኣብ ልቢ ሰብ ኮይኑ ብሕቡእ(ሕሹኽ ሹኽ) ዘረባ ከስሕተካ ዝደፋፍኣካ 5

ካብ ደቂ-ሰብ ይኹን ወይ ካብ ጋኒን እዕቆብ በል6}

[ኣ'ናስ፡ 1-6]።

ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ሰላት[1]።

﴿ٱللَّهُ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلۡحَيُّ ٱلۡقَيُّومُۚ لَا تَأۡخُذُهُۥ سِنَةٞ وَلَا نَوۡمٞۚ لَّهُۥ مَا فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِي ٱلۡأَرۡضِۗ مَن ذَا ٱلَّذِي يَشۡفَعُ عِندَهُۥٓ إِلَّا بِإِذۡنِهِۦۚ يَعۡلَمُ مَا بَيۡنَ أَيۡدِيهِمۡ وَمَا خَلۡفَهُمۡۖ وَلَا يُحِيطُونَ بِشَيۡءٖ مِّنۡ عِلۡمِهِۦٓ إِلَّا بِمَا شَآءَۚ وَسِعَ كُرۡسِيُّهُ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلۡأَرۡضَۖ وَلَا يَـُٔودُهُۥ حِفۡظُهُمَاۚ وَهُوَ ٱلۡعَلِيُّ ٱلۡعَظِيمُ ۝٢٥٥﴾

{ኣላህ ብዘይክኡ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንዘልኣለም ነባሪ (ህያው)ርእሱ ዝኸኣለ ኣቃዋሚ። ትኽስ ኮነ ድቃስ ኣይሕዞን ኢዩ። ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ኩሉ ናቱ ኢዩ። እቲ ብፍቓዱ እንተ ዘይኰይኑ ኣብ ጥቕኡ ዝማልድ መን ኣሎ፡ ኣብ

[1] ኣቡ ዳዉድ (2/86) ብቕጽሪ (1523)፡ ቲርሚዚን ብቕጽሪ (2903)፡ ኣልነሳኢን (3/68) ብቕጽሪ (1335) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (2/8)። እዘን ሰለስተ ሱራታት ድማ፡- ኣል-ሙዓዊዛት ይበሃላ። ተወከስ፡- ፈትሕ ኣል-ባሪ (9/62)።

ቅድሚኦም ዘሎን ኣብ ድሕሪኦም ዘሎን ዝፈልጥ ኮይኑ። ካብ ፍልጠቱ ኽኣ በቲ ንሱ ዝደለዮ እንተ ዘይኰይኑ ብዋላ ሓንቲ ኣየጠቓልሉን ኢዮም። መንበሪኡ ንሰማያትን ንምድርን ይዕብልሎ ኢዩ። ምሕላዎም ድማ ኣየድክሞን ኣየሸግሮን ኢዩ። ንሱ ኽኣ ልዑልን ዓብዪን ኢዩ። 255}

[ኣልበቐራ፡255] ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ሰላት[1]።

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ وَلَهُ الحَمْدُ يُحْيِي وَيُمِيتُ وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِير»

ላ ኢላሃ ኢለላሁ ዋሕዳሁ ላ ሻሪካ ላሁ፡ ለሁል ሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ይሕዪ ወይሚቱ ወሁዋ ዓላ ኩሊ ሸይእን ቐዲር

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ፡ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ ምስጋና ውን ናቱ ኢዩ፡ ህይወት ይህብን የሙውትን፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ»

ድሕሪ መቕሪብን ኣሱብሒን ሰላት ዓሰርተ ግዜ[2]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ عِلْمًا نافِعًا، وَرِزْقًا طَيِّبًا، وَعَمَلًا مُتَقَبَّلًا»

---

[1] «ድሕሪ ኩሉ ሰላት ዘንበባ፡ ናብ ጀና ካብ ምእታው ሞት እንተዘይኮይኑ ዝኽልክሎ የለን»። ነሳኢ ኣብ ዓመል ኣል-የውም ወለይላ ብቐጽሪ (100)፡ ኢብኑ ኣ'ሱኒ ብቐጽሪ (121)፡ ከምኡውን ኣልባኒ ኣብ ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (5/339)ን ኣብ ስልሲለት ኣል-ኣሓዲስ ኣ'ሰሒሓ (2/697) ብቐጽሪ (972)ን ቅኑዕ ሓዲስ ምኺኑ ኣረጋጺሞ።

[2] ቲርሚዚ (5/515) ብቐጽሪ (3474)፡ ኣሕመድ ድማ (4/227) ብቐጽሪ (17990) ሰኒደሞ፡ ኣሰናንዳኡ ኣብ ዛዱል መዓድ (1/300) ተወከስ።

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉከ ዒልመን ናፈዓን፡ ወሪዝቀን ጠይባን፡ ወዓመለን ሙተቓበለ

«ኦ ኣላህ፡ ጠቓሚ ፍልጠትን፡ ጽቡቕ ሪዝቅን ቅቡል ግብርን እሓተካ ኣለኹ።»

ካብ ፈጅሪ ሰላት ሰላም ድሕሪ ምባል[1]።

26. ናይ ሰላት ኢስቲኻራ ዱዓ

ካብ ጃቢር ቢን ዓብዲላህ ረዲየላሁ ዓንሁማ ዝተወረየ ሓዲስ ከም'ዚ ይብል፡-ነቢዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ኩሉ ጉዳያት ኢስቲኻራ ይምህሩና ነይሮም፡ ከም'ቲ ልክዕ ሱራ ካብ ቁርኣን ዝምህሩና፡ ከም'ዚ ይብል፡- «ሓደ ካባኻትኩም ሓደ ጉዳይ እንተድኣ ሓሲቡ፡ ካብ ፈርዲ (ግዴታ) ወጻኢ ክልተ ረክዓ ይስገድ፡ ብድሕሪኡ ከም'ዚ ይበል፡-"

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْتَخِيرُكَ بِعِلْمِكَ، وَأَسْتَقْدِرُكَ بِقُدْرَتِكَ، وَأَسْأَلُكَ مِنْ فَضْلِكَ العَظِيمِ؛ فَإِنَّكَ تَقْدِرُ وَلَا أَقْدِرُ، وَتَعْلَمُ وَلَا أَعْلَمُ، وَأَنْتَ عَلَّامُ الغُيُوبِ، اللَّهُمَّ إِنْ كُنْتَ تَعْلَمُ أَنَّ هَذَا الأَمْرَ - وَيُسَمِّي حَاجَتَهُ - خَيْرٌ لِي فِي دِينِي وَمَعَاشِي وَعَاقِبَةِ أَمْرِي – أَوْ قَالَ: عَاجِلِهِ وَآجِلِهِ - فَاقْدُرْهُ لِي وَيَسِّرْهُ لِي ثمَّ بَارِكْ لِي فِيهِ، وَإِنْ كُنْتَ تَعْلَمُ أَنَّ هَذَا الْأَمْرَ شَرٌّ لِي فِي دِينِي وَمَعَاشِي وَعَاقِبَةِ أَمْرِي – أَوْ قَالَ: عَاجِلِهِ وَآجِلِهِ – فَاصْرِفْهُ عَنِّي وَاصْرِفْنِي عَنْهُ وَاقْدُرْ لِيَ الْخَيْرَ حَيْثُ كَانَ، ثُمَّ أَرْضِنِي بِهِ»

ኣላሁማ ኢኒ ኣስተኺሩከ ቢዒልሚከ፡ ወኣስተቕዲሩከ ቢቕድረቲከ፡ ወኣስኣሉከ ሚን ፈድሊከል ዓዚም፡ ፈኢነከ

[1] ኢብኑ ማጃህ ብቕጽሪ (925)፡ ኣ'ነሳኢ ድማ ኣብ ዓመል ኣልየውም ወኣልለይላ ብቕጽሪ (102) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (1/152)ን መጅማዕ ኣልዘዋኢድ (10/111)ን፡ ብቕጽሪ (95) ድማ ክመጽእ ኢዩ።

ተቕዲሩ ወለ ኣቕዲሩ፡ ወታዕለሙ ወለ ኣዕለሙ፡ ወእንታ ዓለሙል ቕደብ፡ ኣላሁማ ኢን ኩንታ ታዕለሙ ኣነ ሃዘል ኣምረ - (ኣብዚኣ እቲ ጉዳዩ ይጠቅስ) ኽይሩን ሊ ፊ ዲኒ ወመዓሺ ወዓቕበቲ ኣምሪ (ወይ ድማ)፡ ዓጂሊ ሂ ወእጂሊ ሂ- ፈቕዱርሁ ሊ ወየሲርሁ ሊ ሱመ ባሪክ ሊ ፊ ሂ፡ ወኢን ኩንታ ታዕለሙ ኣነ ሃዘል ኣምረ ሸሩን ሊ ፊ ዲኒ ወመዓሺ ወዓቕበቲ ኣምሪ (ወይ ድማ)፡ ዓጂሊ ሂ ወእጂሊ ሂ ፈስሪፍሁ ዓኒ ወስሪፍኒ ዓንሁ ወቕዱር ሊየል ኽይረ ሓይሱ ካና፡ ሱ'ማ ኣርዲኒ ቢህ

ኦ ኣላህ፡ ብፍልጠትካ ሰናይ ክትመርጸለይ የማኽረካ ኣለኹ፡ ብኽእለትካ ድማ ዓቕሚ ክትህበኒ እልምነካ ኣለኹ፡ ካብ'ቲ ዓቢይ ጸጋኻ ድማ እሓተካ ኣለኹ፡ ንስኻ ትኽእል ኢኻ ኣነ ግን ኣይክእልን ኢየ፡ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ ኣነ ግን ኣይፈልጥን ኢየ፡ ንስኻ ድማ ፈላጥ ስውር ነገራት ኢኻ። ኦ ኣላህ፡ እዚ ጉዳይ እዚ - ጉዳዩ ይጠቅስ- ንሃይማኖተይ፡ ንናብራይ፡ ንመወዳእታ ጉዳየይ - ወይ ድማ፡ ኣብ'ዚ ሕጂን ኣብ መጻእን - ጽቡቕ ምኺኑ ትፈልጥ እንተኾንካ፡ ወስነለይ፡ ኣቕልለለይ፡ ድሕሪኡ ድማ ባርኽለይ። እዚ ጉዳይ እዚ ንሃይማኖተይ፡ ንናብራይ፡ ንመወዳእታ ጉዳየይ - ወይ ድማ፡ ኣብ'ዚ ሕጂን ኣብ መጻእን - ሕማቕ ምኺኑ ትፈልጥ እንተኾንካ ድማ፡ ካባይ ኣርሕቆ፡ ንዓይ ድማ ካብኡ ኣርሕቐኒ፡ ሰናይ ዘበለ ኣብ ዘለዎ ወስነለይ፡ ድሕሪኡ ድማ ብእኡ ኣዕግበኒ»[1]።

እቲ ንፈጣሪ ዘማኽረ (ኢስቲኻራ ዝገበረ)፡ ንኣመንቲ ፍጡራት ዘማኽረ፡ ድሕሪ ምምኻር ኣብ ጉዳዩ በቲ ልቡ

[1] ቡኻሪ (7/ 162) ብቑጽሪ (1162)።

ዝወደቐሉ ድማ ዝጸነዐ ሰብ ኣይጠዓስን ኢዩ። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፦

﴿...وَشَاوِرۡهُمۡ فِي ٱلۡأَمۡرِۖ فَإِذَا عَزَمۡتَ فَتَوَكَّلۡ عَلَى ٱللَّهِ...﴾.

{...ኣብ'ቲ ጉዳይ ኣማኽሮም፡ ምስ ቆረጽካ (ውሳነ ምስ ገበርካ) ድማ ናብ ኣላህ ተወከል...}[1]።

27. ናይ ንግሆን ምሸትን ኣዝካር

«ምስጋና ንኣላህ ንበይኑ ጥራይ ይኹን፡ ሰላትን ሰላምን ድማ ነቶም ብድሕሪኦም ነቢ ዘይመጽእ ይኹን»[2]።

ካብ ርጉም ሰይጣን ብኣላህ እዕቆብ

﴿ٱللَّهُ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلۡحَيُّ ٱلۡقَيُّومُۚ لَا تَأۡخُذُهُۥ سِنَةٞ وَلَا نَوۡمٞۚ لَّهُۥ مَا فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَمَا فِي ٱلۡأَرۡضِۗ مَن ذَا ٱلَّذِي يَشۡفَعُ عِندَهُۥٓ إِلَّا بِإِذۡنِهِۦۚ يَعۡلَمُ مَا بَيۡنَ أَيۡدِيهِمۡ وَمَا خَلۡفَهُمۡۖ وَلَا يُحِيطُونَ بِشَيۡءٖ مِّنۡ عِلۡمِهِۦٓ إِلَّا بِمَا شَآءَۚ وَسِعَ كُرۡسِيُّهُ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلۡأَرۡضَۖ وَلَا يَـُٔودُهُۥ حِفۡظُهُمَاۚ وَهُوَ ٱلۡعَلِيُّ ٱلۡعَظِيمُ ٢٥٥﴾

[1] ኣልሙቕኒ ናይ ኢብኑ ቐዳማ ተዓዘብ (3/416)፡ ከምኡ'ውን ኣ'ዱሩስ ኣልሙሂ'ማ ሊዓመቲል ኡማ ናይ ሼኽ ዓብዱል ዓዚዝ ቢን ዓብዲላህ ቢን ባዝ (ኣላህ ይርሓመሎም) (ገጽ 15)።

«اللَّهُمَّ اجْعَلْهُ لَنَا فَرَطًا، وَسَلَفًا، وَأَجْرًا»

ኣላሁማ ጅዓልሁ ለና ፈረጠን፡ ወሰለፈን፡ ወኣጅረን

«አ ኣላህ፡ ንዓና መቐደሚ፡ መቐመጢን ዓስብን ግበሮ»[1]።

57. ናይ ዓዛ (ምጽንናዕ) ዱዓ

«إِنَّ للَّهِ مَا أَخَذَ، وَلَهُ مَا أَعْطَى، وَكُلُّ شَيْءٍ عِنْدَهُ بِأَجَلٍ مُسَمًّى... فَلْتَصْبِرْ وَلْتَحْتَسِب»

ኢነ ሊላሂ ማ ኣኸዘ፡ ወለሁ ማ ኣዕጣ፡ ወኩሉ ሸይኢን ዒንደሁ ቢኣጀሊን ሙሰማ... ፈልተስቢር ወልታሕተሲብ

«ብርግጽ እቲ ዝወሰዶ ናይ ኣላህ ኢዩ፡ እቲ ዝሃቦ ድማ ናቱ ኢዩ፡ ኩሉ ነገር ድማ ምስኡ ዝተወሰነ ግዜ ኣለዎ... ስለ'ዚ ትዕግስቲ ግበር ዓስቢ ድማ(ካብ ኣላህ) ተጸበ»[2]።

ከም'ዚ'ውን እንተ ኢሉ:-

«أَعْظَمَ اللَّهُ أَجْرَكَ، وَأَحْسَنَ عَزَاءَكَ، وَغَفَرَ لِمَيِّتِك»

ኣዕዘመላሁ ኣጅረከ፡ ወኣሕሰነ ዓዛኣከ፡ ወቐፈረ ሊመይቲክ

«ኣላህ ዓስብኻ የዕብየልካ፡ ጽቡቕ ምጽንናዕ ይሃብካ፡ ንዝሞተካ ድማ ይምሓረልካ»

ጽቡቕ ኢዩ[3]።

---

[1] ሓሰን ኣብ ልዕሊቲ ቆልዓ ፋቲሓተል ኪታብ (ኣልፋቲሓ) ይቐርእ፡ ከም'ዚ ድማ ይብል ነበረ... ኣል-ሓዲስ። ኣል-በቐዊ ዝሰነድዎ፡ ሸርሕ ኣ'ሱና (5/357)፣ ከምኡ'ውን ዓብዱረዛቕ ብቐጽሪ (6588)፡ ቡኻሪ ድማ ብታዕሊቕ ዝሰነድዎ፡ ኪታብ ኣል-ጀናኢዝ (መጽሓፍ ቀብሪ) (65)፣ ምዕራፍ፡ ኣብ ልዕሊ ጀናዛ ፋቲሓተል ኪታብ ምቕራእ (2/113)፣ ቅድሚ ሓዲስ ቁጽሪ (1335)።

[2] ቡኻሪ (2/80) ብቐጽሪ(1284) ሙስሊም (2/636) ብቐጽሪ(923) ሰኒደሞ።

[3] ዚክር ናይ ነዋዊ (ገጽ 126)።

58. ነቲ ምውት ናብ ቐብሪ ክኣቱ ከሎ ዝበሃል ዱዓ

«بِسْمِ اللَّهِ وَعَلَى سُنَّةِ رَسُولِ اللَّه»

ቢስሚላሂ ወዓላ ሱነቲ ረሱሊላህ

«ብስም ኣላህን ኣብ ሱና(ኣካይዳ) ሉኡኽ ኣላህን»[1]።

59. ድሕሪ ምውት ምቕባር ዝግበር ዱዓ።

«اللَّهُمَّ اغْفِرْ لَهُ، اللَّهُمَّ ثَبِّتْه»

ኣላሁመቕፈር ለሁ፡ ኣላሁመ ሰ'ቢትሁ

«ኦ ኣላህ መሓሮ ፡ ኦ ኣላህ ኣጽንዓዮ»[2]።

60. ኣብ መቓብር ዝያራ(ምብጻሕ) ዝበሃል ዱዓ

«السَّلَامُ عَلَيْكُمْ أَهْلَ الدِّيَارِ، مِنَ المُؤْمِنِينَ وَالمُسْلِمِينَ، وَإِنَّا إِنْ شَاءَ اللَّهُ بِكُمْ لَاحِقُونَ، [وَيَرْحَمُ اللَّهُ المُسْتَقدِمِينَ مِنَّا وَالمُسْتأْخِرِينَ] أَسْأَلُ اللَّهَ لَنَا وَلَكُمُ العَافِيَة»

ኣሰላሙ ዓለይኩም ኣህለ ዲያር፡ ሚነል ሙእሚኒና ወልሙስሊሚን፡ ወኢና ኢን ሻኣላህ ቢኩም ላሒቹን፡ [ወየርሓሙላሁል ሙስተቕዲሚና ሚ'ና ወልሙስታእኺሪን]፡ ኣስኣሉላሃ ለና ወለኩሙል ዓፊያ።

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (3/314) ብቐጽሪ (3215) ሰሒሕ ብዝኾነ ሰነድ፡ ከምኡ'ውን ኣሕመድ ብቐጽሪ (5234)ን (4812)ን «ብስም ኣላህ፡ ኣብ ሃይማኖት መልእኽተኛ ኣላህ» ብዝብል ቃል ሰኒደሞ፡ ሰነዱ ድማ ሰሒሕ ኢዩ።

[2] ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ምውት ቀቢሮም ምስ ወደኡ፡ ኣብ ልዕሊኡ ጠጠው ኢሎም ከም'ዚ በሉ፡ «ንሓውኹም ምሕረት ለምኑሉ፡ ጽንዓት ድማ ሕተቱሉ፡ ከመይሲ ንሱ ሕጂ ይሕተት ኣሎ»። ኣቡ ዳዉድ ዝሰነድዎ (3/315) ብቐጽሪ (3223)፡ ከምኡ'ውን ኣል-ሓኪም ሰሒሕ ምኺኑ ዘረጋገጽዎ፡ ኣ'ዘሃቢ ድማ ዝተሰማምዑሉ (1/370)።

«ሰላም ኣባኹም ይኹን ኣቱም ነበርቲ እዚ ስፍራ፡ ካብ ኣመንትን ኣመስለምትን፡ ንሕና ውን ፍቓድ ኣላህ እንተኾይኑ ክንስዕበኩም ኢና፡ [ኣላህ ነቶም ካባና ኣቐዲሞም ዝሓለፉን ነቶም ዝስዕቡን ይርሓመሎም] ንዓናን ንዓኹምን ድማ ካብ ኣላህ ድሕነት እልምን»[1]።

61.ንፋስ ክነፍስ እንከሎ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ خَيْرَهَا، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ شَرِّهَا»

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ኸይራሃ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ሸሪሃ

«ኦ ኣላህ፡ ሰናያ እልምነካ ኣለኹ፡ ካብ ክፉኣ ድማ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ»[2]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ خَيْرَهَا، وَخَيْرَ مَا فِيهَا، وَخَيْرَ مَا أُرْسِلَتْ بِهِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ شَرِّهَا، وَشَرِّ مَا فِيهَا، وَشَرِّ مَا أُرْسِلَتْ بِه»

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ኸይረሃ፡ ወኸይረ ማ ፊሃ፡ ወኸይረ ማ ኡርሲለት ቢሂ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ሸሪሃ፡ ወሸሪ ማ ፊሃ፡ ወሸሪ ማ ኡርሲለት ቢሀ።

«ኦ ኣላህ፡ ድቡቓን፡ ጽቡቕ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎን፡ ጽቡቕ ናይ'ቲ ዝተላእኸትሉን እሓተካ ኣለኹ፡ ካብ ክፉኣን፡

[1] ሙስሊም (2/671) ብቑጽሪ (975)፣ ኢብኑ ማጃህ (1/494)፣ እቲ ቃል ናቱ ኮይኑ ብቑጽሪ (1547) ካብ ቡረይዳ (ረድየላሁ ዓንሁ) ዝመጸና ኢዩ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሓጹር ዘሎ ድማ ኣብ ሙስሊም (2/671) ብቑጽሪ (975) ሓዲስ ካብ ዓኢሻ (ረዲየላሁ ዓንሃ) ዝመጸና ኢዩ።

[2] ኣቡ ዳውድ (4/326) ብቑጽሪ (5099) ከምኡውን ኢብኑ ማጃ (2/1228) ብቑጽሪ (3727) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (2/305)።

ክፉእ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎን፡ ክፉእ ናይ'ቲ ዝተላእከትሉን ድማ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ»[1]።

62. ዱዓ ናይ ነጎዳ

«سُبْحَانَ الَّذِي يُسَبِّحُ الرَّعْدُ بِحَمْدِهِ وَالمَلَائِكَةُ مِنْ خِيفَتِهِ»

ሱብሓነ ለዚ ይሰቢሑር ራዕዱ ቢሓምዲሂ ወልመላኢከቱ ሚን ኺፈቲህ

«ካብ ኩሉ ጎድለት ንጹህ ዝኾንካ፡ እቲ ነጎዳ ናዓኻ ብምስጋና ተስቢሕ(ይዝክረካ) ዝገብረልካ መላእኽቲ ውን ካባኻ ብፍርሓት ተስቢሕ ዝገብሩ»[2]።

63. ካብ ዱዓታት ኣልኢስቲስቓእ(ዝናብ ምልማን)

«اللَّهُمَّ اسْقِنَا غَيْثًا مُغِيثًا مَرِيئًا مَرِيعًا، نَافِعًا غَيْرَ ضَارٍّ، عَاجِلًا غَيْرَ آجِلٍ»

ኣላሁ'ማስቂና ቐይሰን፡ ሙቒሰን ፡መሪኣን መሪዐን፡ ናፈዐን ቐይረ ዳ'ሪን፡ ዓጂላን ቐይረ ኣጂል

«ኦ ኣላህ፡ ርድኣና፡ ዝናብ ከይኑ ግን፡ ቅልጡፍ ረዲኤት፡ ዘይጓዳእ፡ በረኸት ዘለዎ፡ ጠቓሚ እምበር ዘይጎድእ፡ ቀልጢፉ ዝመጽእ እምበር ዘይድንጉ ዝናብ ሃበና»[3]።

«اللَّهُمَّ أَغِثْنَا، اللَّهُمَّ أَغِثْنَا، اللَّهُمَّ أَغِثْنَا»

---

[1] ሙስሊም፡ እቲ ቃል ናቱ ኮይኑ (2/666) ብቑጽሪ (899)፡ ቡኻሪ ድማ (4/76) ብቑጽሪ (3206)ን (4829)ን ሰኒደሞ።

[2] ዓብደላህ ኢብኑ ዙበይር ረዲየላሁ ዓንሁማ ነጎዳ ክሰምዕ እንከሎ ዘረባ ሓዲጉ ከም'ዚ ይብል ኔሩ፡... ሓዲስ፡ ሙወጣእ (2/992)፡ ኣልባኒ ኣብ ሰሒሕ ኣል-ከሊሙ'ጠይብ (157)፡ "ሰሒሕ ኣል-ኢስናድ መውቑፍ" ኢሎሞ።

[3] ኣቡ ዳዉድ (1/303) ብቑጽሪ (1171) ሰኒድዎ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (1/216) ሰሒሕ ኢልዎ።

ኣላሁማ ኣቐስና፡ ኣላሁማ ኣቐስና፡ ኣላሁማ ኣቐስና

«ኦ ኣላህ ርድኣና ብ ዝናብ፡ ኦ ኣላህ ርድኣና ብ ዝናብ፡ ኦ ኣላህ ርድኣና ብ ዝናብ»[1]።

«اللَّهُمَّ اسْقِ عِبَادَكَ، وَبَهَائِمَكَ، وَانْشُرْ رَحْمَتَكَ، وَأَحْيِي بَلَدَكَ المَيِّت»

ኣላሁመስቐ ዒባደከ፡ ወበሃኢመከ፡ ወንሹር ራሕመተከ፡ ወኣሕዪ በለደከል መይዪት

«ኦ ኣላህ፡ ንባሮትካን ንእንስሳታትካን ኣስቲ፡ ርህራሄኻ ዘርግሕ፡ ነታ ዝሞተት ምድርኻ ድማ ህይወት ሃባ»[2]።

64. ዝናብ እንትሪኢኻ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُمَّ صَيِّبًا نَافِعًا»

ኣላሁማ ሰዪበን ናፊዐን

«ኦ ኣላህ ብዙሕን ጠቓምን ዝናብ ግበሮ»[3]።

65. ዝናብ ምስ ዘነበ ዝግበር ዚክር

«مُطِرْنَا بِفَضْلِ اللَّهِ وَرَحْمَتِه»

ሙጥርና ቢፈድሊላሂ ወራሕመቲህ

«ብጸጋ ኣላህን ብምሕረቱን ዝናብ ረኺብና»[4]።

---

[1] ቡኻሪ (1/224) ብቑጽሪ (1014) ሙስሊም (2/613) ብቑጽሪ (897) ሰኒደሞ።

[2] ኣቡ ዳዉድ (1/305) ብቑጽሪ (1178)፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (1/218) ሓሰን ኢልዎ።

[3] ቡኻሪ ምስ ኣል-ፈትሕ (2/518) ብቑጽሪ (1032)።

[4] ቡኻሪ (1/205) ብቑጽሪ (846) ሙስሊም (1/83) ብቑጽሪ (71) ሰኒደሞ።

66. ካብ ዱዓታት ምቁራጽ ዝናብ

«اللَّهُمَّ حَوَالَيْنَا وَلَا عَلَيْنَا، اللَّهُمَّ عَلَى الآكَامِ وَالظِّرَابِ، وَبُطُونِ الأَوْدِيَةِ، وَمَنَابِتِ الشَّجَرِ»

ኣላሁማ ሓዋለይና ወለ ዓለይና፡ ኣላሁማ ዓለል ኣካሚ ወ'ዚራቢ፡ ወቡጡኒል ኣውዲየቲ፡ ወመናቢቲ'ሸጀር

«ኦ ኣላህ፡ ኣብ ከባቢና እምበር ኣብ ልዕሌና ኣይኹን፡ ኦ ኣላህ፡ ኣብ ኮርባታትን ኣኽራናትን፡ ኣብ ስንጭሮታትን መብቆል ኣእዋምን።»[1]

67. ሂላል(ወርሒ) እንትርኢኻ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُ أَكْبَرُ، اللَّهُمَّ أَهِلَّهُ عَلَيْنَا بِالأَمْنِ وَالإِيمَانِ، وَالسَّلَامَةِ وَالإِسْلَامِ، وَالتَّوْفِيقِ لِمَا تُحِبُّ رَبَّنَا وَتَرْضَى، رَبُّنَا وَرَبُّكَ اللَّه»

ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁመ ኣሂለሁ ዓለይና ቢልኣምኒ ወልኢማኒ፡ ወሰላመቲ ወልኢስላሚ፡ ወ'ተውፊቂ ሊማ ቱሒ'ቡ ረበና ወተርዳ፡ ረቡና ወረቡከላህ

«ኣላህ ዝዓበየ ኢዩ ፡ ኦ ኣላህ ብሰላምን ብእምነትን፡ ብድሕነትን ብእስልምናን፡ ነቲ ንስኻ እትፈትዎን እትሕጐሰሉን ንኽንገብር ብምስላጥን ጌርካ ኣውጽኣልና፡ ጐይታናን ጐይታኻን ኣላህ ኢዩ»[2]።

[1] ቡኻሪ (1/224) ብቑጽሪ (933) ሙስሊም (2/614) ብቑጽሪ (897) ሰኒደሞ።

[2] ቲርሚዚ (5/504) ብቑጽሪ (3451)፡ ኣዳሪሚ ድማ ብቓላቱ (1/336)፣ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/157)።

68. ጾመኛ ከፍጥር እንከሎ ዝገብሮ ዱዓ

«ذَهَبَ الظَّمَأُ وَابْتَلَّتِ العُرُوقُ، وَثَبَتَ الأَجْرُ إِنْ شَاءَ اللَّه»

ዘሃበ'ዘመኡ ወብተ'ለቲለ ዑሩቹ፡ ወሰበተለ ኣጅሩ ኢን ሻኣላህ

«ጽምኢ ሓሊፉ፡ ስራውር ጠልዩ፡ ኣላህ እንተፈቐዱ ድማ ዓስቢ ተረጋጊጹ»[1]።

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ بِرَحْمَتِكَ الَّتِي وَسِعَتْ كُلَّ شَيْءٍ أَنْ تَغْفِرَ لِي»

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ቢረሕመቲከ ኣለቲ ወሲዐት ኩለ ሸይኢ ን ኣን ተቐፈራ ሊ

«ኦ ኣላህ፡ በታ ካብ ኩሉ ነገር ዝሰፍሐት ምሕረትካ ክትምሕረኒ እልምነካ ኣለኹ»[2]።

69. ቅድሚ ምግቢ ዝግበር ዱዓ

«ሓደ ካባኻትኩም ምግቢ ምስ ዝበልዕ ከም'ዚ ይበል፡-

«بِسْمِ اللَّه»

ቢስሚላህ

ብስም ኣላህ፡

ኣብ መጀመርትኡ እንተረሲዕዎ ከም'ዚ ይብል፡-

«بِسْمِ اللَّهِ فِي أَوَّلِهِ وَآخِرِه»

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (2/306) ብቐጽሪ (2359)፡ ከምኡ'ውን ካልኦትን ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (4/209)።

[2] ኢብኑ ማጃህ (1/557) ብቐጽሪ (1753) ካብ ዱዓ ዓብደላህ ኢብኑ ዓምር ረድየላሁ ዓንሁማ ሰኒድዎ፡ ኣል-ሓፊዝ ድማ ኣብ ተኽሪጅ ኣል-ኣዝካር ሓሰን ኢልዎ። ተወከስ፡- ሸርሒ ኣል-ኣዝካር (4/342)።

ቢስሚላሂ ፊ ኣወሊሂ ወኣኺሪሀ

ብስም ኣላህ ኣብ መጀመርትኡን መወዳእትኡን»[1]።

«ኣላህ መግቢ ዝመገቦ ሰብ ከም'ዚ ይበል፡-

«اللَّهُمَّ بَارِكْ لَنَا فِيهِ وَأَطْعِمْنَا خَيْرًا مِنْه»

ኣላሁማ ባሪክ ለና ፊሂ ወኣጥዒምና ኸይረን ሚንሀ

ኦ ኣላህ ኣብ'ዚ ባርኸልና፡ ካብኡ ዝበለጸ ድማ መግበና፡

ኣላህ ጸባ ዘስተዮ ድማ፡ ከም'ዚ ይበል፡-

«اللَّهُمَّ بَارِكْ لَنَا فِيهِ وَزِدْنَا مِنْه»

ኣላሁማ ባሪክ ለና ፊሂ ወዚድና ሚንሀ

ኦ ኣላህ ኣብኡ ባርኸልና ካብኡ ውን ወስኽና»[2]።

70. መግቢ ምስ ወዳእካ ዝግበር ዱዓ

«الحَمْدُ لِلَّهِ الَّذِي أَطْعَمَنِي هَذَا، وَرَزَقَنِيهِ، مِنْ غَيْرِ حَوْلٍ مِنِّي وَلَا قُوَّةٍ»

ኣልሓምዱ ሊላሂ ኣለዚ ኣጥዓመኒ ሃዛ፡ ወረዘቀኒሂ፡ ሚን ቐይሪ ሓውሊን ሚኒ ወላ ቑዋህ

«ምስጋና ንኣላህ ይኹን ነቲ ነዚ ዝመገበኒ፡ ከምኡ'ውን ዝረዘቐኒ፡ ብዘይ ናተይ ዓቕምን ሓይልን»[3]።

«الْحَمْدُ لِلَّهِ حَمْدًا كَثِيرًا طَيِّبًا مُبَارَكًا فِيهِ، غَيْرَ [مَكْفِيٍّ وَلَا] مُوَدَّعٍ، وَلَا مُسْتَغْنًى عَنْهُ رَبَّنَا»

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (3/347) ብቑጽሪ (3767)፡ ቲርሚዚ ድማ (4/288) ብቑጽሪ (1858) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (2/167)።

[2] ቲርሚዚ (5/506) ብቑጽሪ (3455)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/158)።

[3] ብጀካ ኣልነሳኢ ኣስሓብ ኣል-ሱነን ማለት፡ ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (4025)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3458)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቑጽሪ (3285) ሰኒደሞ። ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/159) ተወከስ።

ኣልሓምዱ ሊላሂ ሓምደን ከሲራን ጠይበን ሙባረካን ፈሂ፡ [ቐይረ መክፈይን ወላ] ሙወ'ደዒን፡ ወለ ሙስተቕነን ዓንሁ ረበና

« ብዙሕ፡ ጽቡቕን ብሩኽን ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ዘይ[እኹልን ናይ]መወዳእታን ዘይኮነ ድማ ይግብረልና፡ ከምኡ'ውን ብዘይካ ንዓኻ ገጽና ናብ ካልእ ከምዘይንገብር ግበረና ጐይታና።»[1]።

71. ጋሻ ንኣአንጋዲ መግቢ ዝገብሮ ዱዓ

«اللَّهُمَّ بَارِكْ لَهُمْ فِيمَا رَزَقْتَهُم، وَاغْفِرْ لَهُمْ وَارْحَمْهُم»

ኣላሁማ ባሪክ ለሁም ፈማ ረዘቕተሁም፡ ወቕፈር ለሁም ወርሓምሁም

«ኦ ኣላህ፡ ኣብ'ቲ ዝሃብካዮም ባርኽሎም፡ ይቕረ በለሎምን ራህርሀሎም»[2]።

72. ምግቢ ወይ መስተ ንምሕታት ብዱዓ ጌርካ ብዘይቕጥታ ምሕታት።

«اللَّهُمَّ أَطْعِمْ مَنْ أَطْعَمَنِي، وَاسْقِ مَنْ سَقَانِي»

ኣላሁማ ኣጥዕም መን ኣጥዐመኒ፡ ወስቕ መን ሰቓኒ

«ኦ ኣላህ፡ ነቲ ዝመገበኒ መግቦ፡ ነቲ ዘስተየኒ ድማ ኣስትዮ»[3]።

---

[1] ቡኻሪ (6/214) ብቑጽሪ (5458)፡ ቲርሚዚ ድማ ብቓላቱ (5/507) ብቑጽሪ (3456) ሰኒደሞ።

[2] ሙስሊም (3/1615) ብቑጽሪ (2042)።

[3] ሙስሊም (3/1626) ብቑጽሪ (2055)።

73. ኣብ ገዛ እንዳ ሰብ ከፍጥር(ጾም ክፈትሕ) እንከሎ ዝግበር ዱዓ

«أَفْطَرَ عِنْدَكُمُ الصَّائِمُونَ، وَأَكَلَ طَعَامَكُمُ الأَبْرَارُ، وَصَلَّتْ عَلَيْكُمُ المَلَائِكَةُ»

ኣፍጠረ ዒንደኩሙ'ሳኢሙን፡ ወኣከለ ጠዓመኩሙል ኣብራር፡ ወሰ'ለት ዓለይኩሙል መላኢካህ።

«ጾወምቲ ምሳኹም የፍጥሩ፡ መግብኹም ጻድቃን ይብልዑዎ፡ መላእኽቲ ድማ ዱዓ ይግበሩልኩም»[1]።

74. ጸዋማይ ምግቢ እንተተቐሪቡሉ እሞ እንተዘይኣፍጢሩ ዝገብሮ ዱዓ

«ሓደ ካባኻትኩም ምስ ዝዕደም፡ ጻውዒት ይቀበል፡ ጸዋማይ እንተኾይኑ ይጸሊ (ዱዓ ይግበር)፡ ዘይጾመ እንተኾይኑ ድማ ይብላዕ»[2]፣

ትርጉሙ ድማ ይጸሊ ማለት፡- ዱዓ ይግበር።

75. ጸዋማይ ሰብ ኣብ ዝተጸረፈሉ እዋን ዝብሎ

«ኣነ ጸዋማይ ኢየ፡ ኣነ ጸዋማይ ኢየ»[3]።

---

[1] ሱነን ኣቢ ዳዉድ (3/367) ብቑጽሪ (3856)፡ ኢብኑ ማጃ (1/556) ብቑጽሪ (1747)፡ ከምኡ'ውን ኣ'ነሳኢ ኣብ ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ ብቑጽሪ (296-298) ሰኒደሞ፡ ንሱ ሰለላሁ ዓለሂ ወሰለም ኣብ ገዛ ሓደ ስድራ ምስ ዘፍጥር ይብሎ ከምዝነበረ ድማ ገሊጹ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳውድ (2/730) ሰሒሕ ኢልዎ።

[2] ሙስሊም (2/1054) ብቑጽሪ (1150)።

[3] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (4/103) ብቑጽሪ (1894)፡ ሙስሊም ድማ (2/806) ብቑጽሪ (1151)።

76. ናይ መጀመርታ ፍረ ክትርኢ ከለኻ ዱዓ ዝግበር

«اللَّهُمَّ بَارِكْ لَنَا فِي ثَمَرِنَا، وَبَارِكْ لَنَا فِي مَدِينَتِنَا، وَبَارِكْ لَنَا فِي صَاعِنَا، وَبَارِكْ لَنَا فِي مُدِّنَا»

ኣላሁማ ባሪክ ለና ፊ ሰመሪና፡ ወባሪክ ለና ፊ መዲነቲና፡ ወባሪክ ለና ፊ ሳዒና፡ ወባሪክ ለና ፊ ሙዲና

«ኦ ኣላህ፡ ኣብ ፍረታትና ባርኽልና፡ ኣብ ከተማና ባርኽልና፡ ኣብ ሳዕና ባርኽልና፡ ኣብ ሙድና ድማ ባርኽልና»[1]።

77. ዱዓ ናይ ህንጥሸ

«ሓደ ካባኻትኩም ህንጥሸ ኣብ ዝብለሉ እዋን ከም'ዚ ይበል፡-

«الحَمْدُ لِلَّه»

ኣልሓምዱ ሊላህ

ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡

ሓዉ ወይ ምስኡ ዘሎ ካኣ ከም'ዚ ይበሎ:-

«يَرْحَمُكَ اللَّه»

የርሓሙከ ኣላህ

ኣላህ ይምሓርካ፡

ኣላህ ይርሓመልካ" እንተ ኢሉዎ፡ ከም'ዚ ይበል፡-

«يَهْدِيكُمُ اللَّهُ وَيُصْلِحُ بَالَكُم»

የህዲኩሙላሁ ወይስሊሑ ባለኩም

[1] ሙስሊም (2/1000) ብቑጽሪ (1373)።

ኣላህ ይምራሕኩም ኩነታትኩም ድማ የዐሪየልኩም»[1]።

78. ሓደ ከሓዲ ምስ ዝሀንጥስ እሞ ንኣላህ ምስ ዘመስግን ዝበሃል

«يَهْدِيكُمُ اللَّهُ وَيُصْلِحُ بَالَكُم»

የሀዲኩሙላሁ ወደስሊሑ ባለኩም

«ኣላህ ይምራሕኩም ኩነታትኩም ድማ የዐሪየልኩም»[2]።

79. ንዝተመርዓወ ዝግበር ዱዓ

«بَارَكَ اللَّهُ لَكَ، وَبَارَكَ عَلَيْكَ، وَجَمَعَ بَيْنَكُمَا فِي خَيْرٍ»

ባረከላሁ ለካ፡ ወባረካ ዓለይካ፡ ወጀመዓ በይነኩማ ፊ ኸይር

«ኣላህ ይባርኽልካ፡ ኣብ ልዕሌኻ ውን ይባርኽ፡ ንኽልቴኹም ድማ ኣብ ሰናይ የራኽብኩም።»[3]።

80. ዝተመርዓወን እንስሳ ዝዓደገን ዝገበሮ ዱዓ

ሓደ ካባኻትኩም ጓል ኣንስተይቲ ምስ ዝምርዖ፡ ወይ ኣገልጋሊ ምስ ዝገዝእ፡ ከም'ዚ ይበል፡-

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ خَيْرَهَا، وَخَيْرَ مَا جَبَلْتَهَا عَلَيْهِ، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ شَرِّهَا، وَشَرِّ مَا جَبَلْتَهَا عَلَيْه»

---

[1] ቡኻሪ (7/125) ብቑጽሪ (5870)።

[2] " ቲርሚዚ (5/82) ብቑጽሪ (2741)፡ ኣሕመድ (4/400) ብቑጽሪ (19586)፡ ኣቡ ዳዉድን (4/308) ብቑጽሪ (5040)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (2/354)።

[3] ኣስሓብ ኣልሱነን ብዘይካ ኣልነሳኢ፡ ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (2130)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (1091)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቑጽሪ (1905) ሰኒደሞ። ኣነሳኢ ድማ ኣብ 'ዓመል ኣል-የውም ወ'ለይላ' ብቑጽሪ (259) ሰኒድዎ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (1/316)።

ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ኸይረሃ፡ ወኸይረ ማ ጀበልተሃ ዓለይሂ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ሸ'ሪሃ፡ ወሸ'ረ ማ ጀበልተሃ ዓለይህ

«ኦ ኣላህ፡ ጽቡቓን ጽቡቕ ናይ'ቲ ዝፈጠርካላ ባህርን እልምነካ ኣለኹ፡ ካብ ክፉኣን ክፉእ ናይ'ቲ ዝፈጠርካላ ባህርን ድማ ብኣኻ እዕቆብ፡

ገመል እንተ ገዚኡ ድማ ኣብ መንዱዳኣ ሒዙ ከምኡ ይበል»[1]።

81. ቅድሚ ምስ በዓልቲ ቤትካ ምርኻብ ዝግበር ዱዓ

«بِسْمِ اللَّهِ، اللَّهُمَّ جَنِّبْنَا الشَّيْطَانَ، وَجَنِّبِ الشَّيْطَانَ مَا رَزَقْتَنَا»

ቢስሚላሂ፡ ኣላሁማ ጀኒብነሸይጣን ፡ ወጀ'ኒቢሸይጣና ማ ረዘቕተና

«ብስም ኣላህ፡ ኦ ኣላህ ንሰይጣን ካባና ኣርሕቆ፡ ንሰይጣን ድማ ካብ'ቲ ዝረዘቕካና ኣርሕቆ»[2]።

82. ኣብ እዋን ምቁጣዕ ዝግበር ዱዓ

«أَعُوذُ بِاللَّهِ مِنَ الشَّيْطَانِ الرَّجِيمِ»

ኣዑዙ ቢላሂ ሚነ'ሸይጣኒ'ረጂም

« ካብ'ቲ ርጉም ሰይጣን ብኣላህ እዕቆብ»[3]።

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (2/248) ብቑጽሪ(2160) ኢብኑ ማጃህ ውን (1/617) ብቑጽሪ (1918)፡ ሰሒሕ ኢብኒ ማጃህ (1/324) ተወከስ።

[2] ቡኻሪ (6/141) ብቑጽሪ (141)፡ ሙስሊም (2/1028) ብቑጽሪ (1434) ሰኒደሞ።

[3] ቡኻሪ (7/99) ብቑጽሪ (3282) ሙስሊም (4/2015) ብቑጽሪ (2610) ሰኒደሞ።

83. ሸግር ዝወረዶ ሰብ ንዝረኣየ ዝገብሮ ዱዓ

«الحَمْدُ لِلَّهِ الَّذِي عَافَانِي مِمَّا ابْتَلَاكَ بِهِ، وَفَضَّلَنِي عَلَى كَثِيرٍ مِمَّنْ خَلَقَ تَفْضِيلًا»

ኣልሓምዱ ሊላሂ'ለዚ ዓፈኒ ሚመብተላከ ቢሂ፡ ወፈ'ደለኒ ዓላ ከሲሪን ሚመን ኸለቐ ተፍዲላ።

«ምስጋና ንኣላህ እቲ ካብ'ቲ ንዓኻ ዝፈተነካ ዘድሓነኒ፡ ካብ ብዙሓት ካብ'ቶም ዝፈጠሮም ድማ ብዝያዳ ዘብለጸኒ»[1]።

84. ኣብ ዝኾነ ኮፍ ዝበልካሉ እዋን ዝበሃል ዱዓ

ካብ ኢብኑ ዑመር ረዲየላሁ ዓንሁ ዝተወረየ፡ ከም'ዚ ይብል፡- ንረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ሓደ መጅሊስ ቅድሚ ምትንሳኦም ሚእቲ ግዜ ይቐጸረሎም ነይሩ፡-

«رَبِّ اغْفِرْ لِي، وَتُبْ عَلَيَّ، إِنَّكَ أَنْتَ التَّوَّابُ الغَفُور»

ረቢ ቐፈር ሊ፡ ወቱብ ዓለያ፡ ኢነካ ኣንተ ተ'ዋቡል ቐፉር

«ኦ ጐይታይ፡ መሓረኒ፡ ንስሓይ ድማ ተቐበለለይ፡ ብሓቂ ንስኻ ተቐባሊ ንስሓን መሓሪን ኢኻ»[2]።

85. ኣብ ዝኾነ ምስ እኩብ ሰባት ካብ ኮፍ ዝበልካሉ ክትትስእ እንከለካ ዝበሃል ዱዓ

«سُبْحَانَكَ اللَّهُمَّ وَبِحَمْدِكَ، أَشْهَدُ أَنْ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنْتَ، أَسْتَغْفِرُكَ وَأَتُوبُ إِلَيْك»

ሱብሓነከ ኣላሁማ ወቢሓምዲካ፡ ኣሸሃዱ ኣን ላ ኢላሃ ኢለ ኣንታ፡ ኣስተቐፈሩከ ወኣቱቡ ኢለይክ

---

[1] ቲርሚዚ (5/494)ን (5/493)ን ብቐጽሪ (3432)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/153)።

[2] ቲርሚዚ ብቐጽሪ (3434)፡ ኢብኑ ማጃህን ብቐጽሪ (3814) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/153)፡ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህን (2/321)። እዚ ሓረጋት ድማ ናይ ቲርሚዚ ኢዩ።

«ኦ ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾንካ ምስጋና ናዓኻ ይኹን፡ ብዘይካኻ ካልእ ዝምለኽ ኣምላኽ ከም ዘየለ እምስክር፡ ምሕረትካ እልምን ናባኻ ድማ እናሳሕ»[1]።

86. ዱዓ ነቲ ኣላህ ይምሓርካ ዝበለካ

«وَلَكَ»

ወለኽ

«ንዓኻ ድማ»[2]።

87. ጽቡቕ ንዝገበረልከ ሰብ ዝግበር ዱዓ

«جَزَاكَ اللَّهُ خَيْرًا»

ጀዛከላሁ ኸይረን

«ኣላህ ጽቡቕ ይኽፈልካ»[3]።

---

1 ኣስሓብ ኣ'ሱነን፡ ኣቡ ዳዉድ ብቕጽሪ (4858)፡ ኣ'ቲርሚዚ ብቕጽሪ (3433)፡ ኣ'ነሳኢን ብቕጽሪ (1344)፡ ኣብ ሰሒሕ ኣ'ቲርሚዚ (3/153) ተወከስ፡- ዓኢሻ ረዲየላሁ ዓንሃ ከም'ዚ ከምዝበለት ተረጋጊጹ ኢዩ፡ «ረሱሉላህ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ዝኾነ መጅሊስ ከፍ ምስ ዝብሉ፡ ወይ ቕርኣን ምስ ዝቐርኡ፡ ወይ ድማ ሰላት ምስ ዝሰግዱ፡ ነዚ ብቃላት እንተዘይኮይኑ ኣይዛዝሙን ነበሩ...» ዝብል ሓዲስ፡ ኣ'ነሳኢ ኣብ 'ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ' ብቕጽሪ (308)፡ ኣሕመድ ድማ (6/77) ብቕጽሪ (24486) ሰኒደሞ። ዶክተር ፋሩቕ ሓማዳ ድማ ኣብቲ ን'ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ' ናይ ኣ'ነሳኢ ዝገበሮ ታሕቒቕ (ገጽ 273) ሰሒሕ ምኺኑ ኣረጋጊጽዎ።

2 ኣሕመድ (5/82) ብቕጽሪ (20778)፡ ኣልነሳኢ ድማ ኣብ ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ (ገጽ 218) ብቕጽሪ (421)፡ ታሕቒቕ ዶክተር ፋሩቕ ሓማዳ።

3 ቲርሚዚ ብቕጽሪ (2035) ሰኒድዎ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (6244) ከምኡ'ውን ሰሒሕ ቲርሚዚ (2/200)።

88. ኣላህ ካብ ደጃል ዝሕልወሉ

«ካብ መጀመርታ ዓንቀጽ ኣል-ካህፍ ዓሰርተ ጥቕስታት ዝሓፈዘ(ኣብ ሓንሳሉ ዘጽነዐ) ካብ ደ'ጃል ይሕሎ»[1]፣

ድሕሪ ናይ መወዳእታ ተሸሁድ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰላት ካብ ፈተናኡ ብኣላህ ዑቕባ ምሕታት[2]።

89. «ምእንቲ ኣላህ ኢለ ይፈትወካ ኢየ» ንዝበለ ዝበሃል ዱዓ

«أَحَبَّكَ الَّذِي أَحْبَبْتَنِي لَه»

ኣሓ'በከ ኣ'ለዚ ኣሕበብተኒ ላህ

«ነቲ ምእንትኡ ኢልካ ዝፈተኻኒ ይፍተውካ»[3]።

90. ገንዘቡ ንዘቕረበልካ ሰብ ዝግበር ዱዓ

«بَارَكَ اللَّهُ لَكَ فِي أَهْلِكَ وَمَالِك»

ባረከላሁ ለከ ፈ ኣህሊከ ወማሊክ

«ኣላህ ኣብ ስድራኻን ገንዘብካን ይባርኽልካ»[4]።

91. ዕዳ ኣብ እትመልሰሉ እዋን ንዘለቀሓካ ሰብ ዝግበር ዱዓ

«بَارَكَ اللَّهُ لَكَ فِي أَهْلِكَ وَمَالِك»

---

[1] ተወከስ:- ሓዲስ ቁጽሪ (55)ን ሓዲስ (56)ን (ገጽ 41) ካብ'ዚ መጽሓፍ።

[2] ሙስሊም (1/555) ብቑጽሪ (809)፣ ኣብ ካልእ ዘንታ ድማ፡ ካብ መወዳእታ ኣል-ካህፍ (1/556) ብቑጽሪ (809)።

[3] ኣቡ ዳዉድ (4/333) ብቑጽሪ (5125) ሰኒድዎ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ሱነን ኣቢ ዳዉድ (3/965) ሓሰን ኢልዎ።

[4] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (4/288) ብቑጽሪ (2049)።

ባረከላሁ ለካ ፊ ኣህሊካ ወማሊክ

«ኣላህ ኣብ ስድራኻን ገንዘብካን ይባርኽካ፡ ናይ ልቓሕ ዓስቢ ምስጋናን ምምላስን ጥራይ ኢዩ»[1]።

92. ካብ ሺርኪ ንዝፈርሕ ዝግበር ዱዓ

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ أَنْ أُشْرِكَ بِكَ وَأَنَا أَعْلَمُ، وَأَسْتَغْفِرُكَ لِمَا لَا أَعْلَم»

ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙ ቢካ ኣን ኡሽሪካ ቢካ ወኣና ኣዕለሙ፡ ወኣስተቕፈሩከ ሊማ ላ ኣዕለም

«ኦ ኣላህ! እናፈለጥኩ ብኣኻ መሻርኽቲ ካብ ምግባር ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ፡ ንዘይፈልጦ ድማ ምሕረትካ እሓትት ኣለኹ»[2]።

93. ኣላህ ይባርኽካ ንዝበለ ዝግበር ዱዓ

«وَفِيكَ بَارَكَ اللَّه»

ወፊካ ባረከላህ

«ኣላህ ንዓኻ'ውን ይባርኽካ»[3]።

94. ሕማቕ ፋል ንዝጸልእ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُمَّ لَا طَيْرَ إِلَّا طَيْرُكَ، وَلَا خَيْرَ إِلَّا خَيْرُكَ، وَلَا إِلَهَ غَيْرُك»

---

[1] ኣ'ነሳኢ ኣብ ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ (ገጽ 300)፡ ኢብኑ ማጃህ (2/809) ብቕጽሪ (2424) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (2/55)።

[2] ኣሕመድ (4/403) ብቕጽሪ (19606)፡ ኣልኣደብ ኣልሙፍረድ ናይ ኣልቡኻሪ ብቕጽሪ (716)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣልጃሚዕ (3/233)፡ ከምኡ'ውን ሰሒሕ ኣልተርቒብ ወተርሂብ ናይ ኣልኣልባኒ (1/19)።

[3] ኢብኑ ኣ'ሱኒ (ገጽ 138) ብቕጽሪ (278) ሰኒድዎ፡ ተወከስ፡- ኣልዋቢል ኣ'ሰዪብ ናይ ኢብኑል ቐይም (ገጽ 304)፡ ታሕቒቕ በሺር ሙሓመድ ዑዩን።

ኣላሁማ ላ ጠይራ ኢላ ጠይሩክ፡ ወላ ኸይራ ኢላ ኸይሩክ፡ ወላ ኢላሃ ቐይሩክ

«ኦ ኣላህ፡ ፋል የለን ናትካ ፋል እንተዘይኮይኑ፡ ጽቡቕ የለን ናትካ ጽቡቕ እንተዘይኮይኑ፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን»[1]።

95. ኣብ መጓዓዝያ ክትድይብ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«بِسْمِ اللَّهِ، وَالحَمْدُ للَّه»

ቢስሚላሂ፡ ወልሓምዱ ሊላህ

«ብስም ኣላህ፡ ምስጋና ድማ ንኣላህ ይኹን

«سُبْحَانَ الَّذِي سَخَّرَ لَنَا هَذَا وَمَا كُنَّا لَهُ مُقْرِنِين»

ሱብሓነለዚ ሰኸረ ለና ሃዛ ወማ ኩና ለሁ ሙቕሪኒን

(ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ ኣላህ እቲ ነዚ ዘቕለለልና፡ ንሕና ንዕኡ ክንገብር ዓቕሚ የብልናን

«وَإِنَّا إِلَى رَبِّنَا لَمُنقَلِبُون»

ወኢና ኢላ ረቢና ለሙንቐሊቡን

ንሕና ድማ ናብ ጎይታና ተመለስቲ ኢና)፡

---

[1] ኣሕመድ (2/220) ብቐጽሪ (7045) ከምኡ'ውን ኢብኑ ኣ'ሱኒ ብቐጽሪ (292) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሲልሲላት ኣልኣሓዲስ ኣ'ሰሒሓ (3/54) ብቐጽሪ (1065) ሰሒሕ ኢልዎ። ጽቡቕ ፋል ግና ንነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም የሐጉሶም ነይሩ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ድማ ካብ ሓደ ሰብኣይ ጽብቕቲ ቃል ምስ ሰምዑ ኣሐጉሳቶም ከምዚ በሉ፡ «ፋልካ ካብ ኣፍካ ወሲድናዮ»፡ ኣቡ ዳውድ ብቐጽሪ (3719) ከምኡ'ውን ኣሕመድ ብቐጽሪ (9040) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሲልሲላት ኣልኣሓዲስ ኣ'ሰሒሓ (2/363) ሰሒሕ ኢልዎ፡ ከምኡ'ውን ኣቡ ኣ'ሸይኽ ኣብ ኣኽላቕ ኣ'ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም (ገጽ 270)።

«الحَمْدُ لِلَّهِ، الحَمْدُ لِلَّهِ، اللَّهُ أَكْبَرُ، اللَّهُ أَكْبَرُ، اللَّهُ أَكْبَرُ، سُبْحَانَكَ اللَّهُمَّ إِنِّي ظَلَمْتُ نَفْسِي فَاغْفِرْ لِي؛ فَإِنَّهُ لَا يَغْفِرُ الذُّنُوبَ إِلَّا أَنْت»

ኣልሓምዱ ሊላህ፡ ኣልሓምዱ ሊላህ፡ ኣልሓምዱ ሊላህ፡ ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁ ኣክበር፡ ሱብሓነካ ኣላሁማ ኢነ ዘለምቱ ነፍሲ ፋቕፈር ሊ፡ ፈኢነሁ ላ የቕፈሩ'ዙኑባ ኢ'ላ ኣንት

ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ኣላህ ዝዓበየ ኢዩ፡ ኣላህ ዝዓበየ ኢዩ፡ ኣላህ ዝዓበየ ኢዩ፡ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾንካ ኣላህ፡ ብሓቂ ንነብሰይ በዲለያ ኢየ እሞ ምሓረኒ፡ ብዘይካኻ ሓጢያት ዝምሕር የለን»[1].

96. ዱዓ ናይ መገሻ

«اللَّهُ أَكْبَرُ، اللَّهُ أَكْبَرُ، اللَّهُ أَكْبَر»

ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁ ኣክበር

«ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ፡ ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ፡ ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ፡

«سُبْحَانَ الَّذِي سَخَّرَ لَنَا هَذَا وَمَا كُنَّا لَهُ مُقْرِنِين»

ሱብሓነ'ለዚ ሰ'ኸረ ለና ሃዛ ወማ ኩ'ና ለሁ ሙቕሪኒን

ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ ኣላህ እቲ ነዚ ዘቕለለልና፡ ንሕና ንዕኡ ክንገብር ዓቕሚ የብልናን

[1] ኣቡ ዳዉድ (3/34) ብቑጽሪ (2602)፡ ቲርሚዚን (5/501) ብቑጽሪ (3446)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/156)፡ ሱረት ዙኽሩፍ [13- 14]።

«وَإِنَّا إِلَى رَبِّنَا لَمُنقَلِبُون»

ወኢ'ና ኢላ ረቢና ለሙንቐሊቡን

ንሕና ድማ ናብ ጎይታና ተመለስቲ ኢና።

«اللَّهُمَّ إِنَّا نَسْأَلُكَ فِي سَفَرِنَا هَذَا البِرَّ وَالتَّقْوَى، وَمِنَ العَمَلِ مَا تَرْضَى، اللَّهُمَّ هَوِّنْ عَلَيْنَا سَفَرَنَا هَذَا وَاطْوِ عَنَّا بُعْدَهُ، اللَّهُمَّ أَنْتَ الصَّاحِبُ فِي السَّفَرِ، وَالخَلِيفَةُ فِي الأَهْلِ، اللَّهُمَّ إِنِّي أَعُوذُ بِكَ مِنْ وَعْثَاءِ السَّفَرِ، وَكَآبَةِ المَنْظَرِ، وَسُوءِ المُنْقَلَبِ فِي المَالِ وَالأَهْل»

ኣላሁማ ኢ'ና ነስኣሉካ ፊ ሰፈሪና ሃዛል ቢ'ራ ወ'ተቐዋ፡ ወሚነል ዓመሊ ማ ተርዳ፡ ኣላሁማ ሃዊን ዓለይና ሰፈረና ሃዛ ወጥዊ ዓ'ና ቡዕደሁ፡ ኣላሁማ ኣንተ'ሳሒቡ ፊ'ሰፈሪ፡ ወልኻሊፈቱ ፊል ኣህሊ፡ ኣ'ላሁ'ማ ኢ'ኒ ኣዑዙ ቢካ ሚን ዋዕሳኢ'ሰፈሪ፡ ወከኣበቲል መንዘሪ፡ ወሱኢል ሙንቐለቢ ፊል ማሊ ወልኣህል

ኦ ኣላህ፡ ኣብ'ዚ ጉዕዞና እዚ ሰናይ ግብርን ፍርሓትካን፡ ካብ ተግባር ድማ ነቲ ንስኻ እትፈትዎ ንልምነካ ኣለና፡ ኦ ኣላህ፡ ነዚ ጉዕዞና ኣቕልለልና፡ ርሕቀቱ ድማ ኣሕጽረልና፡ ኦ ኣላህ፡ ኣብ ጉዕዞ ብጻይና፡ ንስድራቤትና ድማ ሓላዊኦም ንስኻ ኢኻ፡ ኦ ኣላህ፡ ካብ ጸገም ጉዕዞ፡ ካብ ዘሕዝን ትርኢት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገንዘብን ስድራቤትን ድሕሪ ምምላስ ሕማቕ ነገር ከይጸንሓኒ ብኣኻ እዕቆብ ኣለኹ።

ምስ ተመልሰ ድማ ነዚኣን ይብል ኣብ ልዕሊኣን ድማ ይውስኽ፡

«آيِبُونَ، تائِبُونَ، عَابِدُونَ، لِرَبِّنَا حَامِدُون»

ኣዩቡና፡ ታኢቡና፡ ዓቢዱና ሊረቢና ሓሚዱን

«ተመለስቲ፡ ተናሳሕቲ፡ ኣምለኽቲ፡ ንጎይታና ኣመስግንቲ»[1]።

97. ናብ ዓዲ ወይ ከተማ ክትኣቱ እንከሎኻ ዝበሃል ዱዓ

«اللَّهُمَّ رَبَّ السَّمَوَاتِ السَّبْعِ وَمَا أَظْلَلْنَ، وَرَبَّ الأَرَضِينَ السَّبْعِ وَمَا أَقْلَلْنَ، وَرَبَّ الشَّيَاطِينِ وَمَا أَضْلَلْنَ، وَرَبَّ الرِّيَاحِ وَمَا ذَرَيْنَ، أَسْأَلُكَ خَيْرَ هَذِهِ القَرْيَةِ، وَخَيْرَ أَهْلِهَا، وَخَيْرَ مَا فِيهَا، وَأَعُوذُ بِكَ مِنْ شَرِّهَا، وَشَرِّ أَهْلِهَا، وَشَرِّ مَا فِيهَا»

ኣላሁማ ረበ ሰማዋቲ-ሰብዒ ወማ ኣዝለልና፡ ወረበል ኣራዲነ ሰብዒ ወማ ኣቕለልና፡ ወረ'በ ሸያጢነ ወማ ኣድለልና፡ ወረበ ሪያሒ ወማ ዘረይና፡ ኣስኣሉካ ኸይረ ሃዚሂል ቐርየቲ፡ ወኸይረ ኣህሊሃ፡ ወኸይረ ማ ፊሃ፡ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ሸሪሃ፡ ወሸረ ኣህሊሃ፡ ወሸ'ሪ ማ ፊሃ።

«ኦ ኣላህ፡ ጐይታ ሸውዓተ ሰማያትን ዘድልለኦን፡ ጐይታ ሸውዓተ ምድርን ዝጸርዎን፡ ጐይታ ሸያጢንን ዘስሓትዎን፡ ጐይታ ንፋሳትን ዝበተንዎን፡ ጽቡቕ ናይ'ዛ ዓዲ እዚኣን ጽቡቕ ህዝባን ጽቡቕ ናይ'ቲ ኣብኣ ዘሎን እልምነካ ኣለኹ፡ ካብ ክፉእ ናይ'ዛ ዓዲ እዚኣን ክፉእ ህዝባን ክፉእ ናይ'ቲ ኣብኣ ዘሎን ድማ ብኣኻ እዕቆብ»[2]።

---

[1] ሙስሊም (2/978) ብቑጽሪ (1342)።

[2] ኣልሓኪም ሰኒድዎን ሰሒሕ ኢልዎን ኣ'ዘሃቢ ድማ (2/100) ተሰማሚዑሉ፡ ኢብኑ ኣ'ሱኒ ብቑጽሪ (524) ሰኒድዎ፡ ኣልሓፊዝ ድማ ኣብ ተኽሪጅ ኣልኣዝካር (5/154) ሓሰን ኢልዎ፡ ዓላማ ኢብኑ ባዝ ረሒመሁላህ ድማ፡ "ኣ'ነሳኢ ብሓሰን ሰነድ ሰኒድዎ" ኢሉ። ተወከስ፡- ቱሕፈት ኣልኣኽያር (ገጽ 37)።

98. ንዕዳ፫ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ، وَلَهُ الحَمْدُ، يُحْيِي وَيُمِيتُ، وَهُوَ حَيٌّ لَا يَمُوتُ، بِيَدِهِ الخَيْرُ، وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِير»

ላ ኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁ‌ል ሙልኩ፡ ወለሁ‌ል ሓምዱ፡ ይሕዪ ወይሚት፡ ወሁዋ ሓይን ላ የሙት፡ ቢየዲሂ ኸይር፡ ወሁወ ዓለ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር።

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ፡ ምስጋና ውን ናቱ ኢዩ፡ ህይወት ይህብን የሙውትን፡ ንሱ ንዘልኣለም ነባሪ (ህያው) ዘይመውት፡ ሰናይ ዘበለ ኣብ ኢዱ ዝኾነ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ»[1]።

99. መጓዓዝያ ምስ ዝዕንቀፍ ዝበሃል ዱዓ

«بِسْمِ اللَّه»

ቢስሚላህ

«ብስም ኣላህ»[2]።

100. ተጓዓዚ ኣብ ዓዲ ንዘሎ ዝገብሮ ዱዓ

«أَسْتَوْدِعُكُمُ اللَّهَ الَّذِي لَا تَضِيعُ وَدَائِعُه»

ኣስተውዲዑኩሙላህ ኣ'ለዚ ላ ተዲዑ ወዳኢዑህ

---

[1] ቲርሚዚ ብቐጽሪ (3428)፡ ኢብኑ ማጃህ (5/291) ብቐጽሪ (3860)፡ ኣልሓኪም (1/538) ሰኒደሞ። ኣልኣልባኒ'ዉን ኣብ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (2/21)ን ኣብ ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/152)ን ሓሰን ምኺኑ ኣስፈርዎ።

[2] ኣቡ ዳዉድ (4/296) ብቐጽሪ (4982)፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (3/941) ሰሒሕ ኢልዎ።

«ኣብ'ቲ ሕድሩ ዘይጥፍእ ኣላህ ሕድሪ እገድፈኩም»[1]።

101. ኣብ ዓዲ ዘሎ ንዝገይሽ ዝገብሮ ዱዓ

«أَسْتَوْدِعُ اللَّهَ دِينَكَ، وَأَمَانَتَكَ، وَخَوَاتِيمَ عَمَلِك»

ኣስተውዲዑ ላሃ ዲነከ፡ ወኣማነተከ፡ ወኽዋቲማ ዓመሊክ

«ሃይማኖትካን ሕድሪኻን መወዳእታ ግብርኻን ኣብ ኣላህ ሕድሪ ጌረዮ ኣለኹ»[2]።

«زَوَّدَكَ اللَّهُ التَّقْوَى، وَغَفَرَ ذَنْبَكَ، وَيَسَّرَ لَكَ الْخَيْرَ حَيْثُ ما كُنْت»

ዘወደከ ላሁተቐዋ፡ ወቐፈረ ዘንበከ፡ ወየ'ሰረ ለከል ኽይረ ሓይሱ ማ ኩንት

«ኣላህ ፍርሓቱ ይወስኽካ፡ ሓጢያትካ ይምሓርካ፡ ኣብ ዝሃሎኻ ሃሉ ድማ ሰናይ ዘበለ የቕለለልካ»[3]።

102. ኣብ ጉዕዞ መገሻ ዝበሃል ተክቢርን ተስቢሕን

ጃቢር ረዲየላሁ ዓንሁ ኢሉ፡- «ንላዕሊ ክንድይብ ከለና፡ ኣላሁ ኣክበር ንብል ኔርና፡ ከም'ዚ ይብል፡-

«اللَّهُ أَكْبَر»

ኣላሁ ኣክበር

---

[1] ኣሕመድ (2/403) ብቐጽሪ (9230)፡ ኢብኑ ማጃህ ድማ (2/943) ብቐጽሪ (2825) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኢብኑ ማጃህ (2/133)።

[2] ኣሕመድ (2/7) ብቐጽሪ (4524)፡ ቲርሚዚ ድማ (5/499) ብቐጽሪ (3443) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ሱነን ቲርሚዚ (3/419) ትኽክለኛ ኢልዎ።

[3] ቲርሚዚ ብቐጽሪ (3444)፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/155)።

(ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ) ክንወርድ ከለና ድማ ሱብሓነላህ(ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ኢኻ) ንብል ኔርና»[1]።

ከም'ዚ ይብል:-

«سُبْحَانَ اللَّه»

ሱብሓነላህ

(ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ)

103. ገያሻይ ኣብ እዋን ወታሕታ ዝገብሮ ዱዓ

«سَمَّعَ سَامِعٌ بِحَمْدِ اللَّهِ، وَحُسْنِ بَلَائِهِ عَلَيْنَا، رَبَّنَا صاحِبْنَا، وَأَفْضِلْ عَلَيْنَا، عَائِذًا بِاللَّهِ مِنَ النَّار»

ሰመዓ ሳሚዑን ቢሓምዲላሂ፡ ወሑስኒ በላኢሂ ዓለይና፡ ረበና ሳሒብና፡ ወኣፍዲል ዓለይና፡ ዓኢዘን ቢላሂ ሚሃናር

«ሰማዒ ንምስጋና ኣላህን ነቲ ኣባና ዘለዎ ጽቡቕ ውህበቱን ይሰማዕ፡ ጐይታና ምሰና ኩን ጸጋኻ ድማ ሃበና፡ ካብ ሓዊ ብኣላህ እናተዓቐብኩ።»[2]

---

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (6/135) ብቑጽሪ (2993)።

[2] ሙስሊም (4/2086) ብቑጽሪ (2718) ሰኒድዎ። ትርጉም 'ሰመዓ ሳሚዑን' (ሰማዒ ኣስሚዑ)፦ ኣብ ልዕሊ ጸጋታቱን ጽቡቕ ፈተናኡን ንኣላህ (ተዓላ) ብዛዕባ ዘቕረብናዮ ምስጋና ሓደ ምስክር መስኪሩ ማለት ኢዩ። ከምኡ'ውን ትርጉም 'ሰመዓ ሳሚዑን'፦ እዚ ዘረባይ ዝሰምዐ ሰብ ንኻልእ ኣብጺሑ፡ ኣብ ግዜ ሰሓር (መወዳእታ ለይቲ) ዚክርን ዱዓን (ጸሎትን) ንምግባር መዘኻኸሪ ምእንቲ ክኸውን ከምኡ ዝበለ ማለት ኢዩ። ሸርሕ ኣ'ነወዊ ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም (17/39)።

104. ካብ መገሻ ወይ ካልእ ኣብ ሓደ ቦታ ምስ ዝወርድ ዝበሃል ዱዓ

«أَعُوذُ بِكَلِمَاتِ اللَّهِ التَّامَّاتِ مِنْ شَرِّ مَا خَلَق»

ኣዑዙ ቢከሊማቲ'ላሂ'ታማቲ ሚን ሸ'ሪ ማ ኸለቕ

«በቲ ምሉእ ጎደሎ ዘይብሉ ቃላት ኣላህ ካብ ክፉእ ናይ'ቲ ዝፈጠሮ ዑቕባ እሓትት»[1]።

105. ካብ መገሻ ምስ ተመለስካ ዝበሃል ዚክር

«ኣብ ነፍሲ ወከፍ በሪኽ ቦታ ሰለስተ ግዜ ተክቢራ ይገብር፡ ብድሕሪኡ ከም'ዚ ይብል፡-

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ، وَلَهُ الحَمْدُ، وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ، آيِبُونَ، تَائِبُونَ، عَابِدُونَ، لِرَبِّنا حَامِدُونَ، صَدَقَ اللَّهُ وَعْدَهُ، وَنَصَرَ عَبْدَهُ، وَهَزَمَ الأَحْزابَ وَحْدَه»

ላ ኢላሃ ኢለላሁ ዋሕደሁ ላ ሸሪካ ላሁ፡ ላሁል ሙልኩ፡ ወላሁል ሓምዱ፡ ወሁወ ዓላ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር፡ ኣቢቡና፡ ታኢቡና፡ ዓቢዱና፡ ሊረቢና ሓሚዱና፡ ሰደቐላሁ ዋዕደሁ፡ ወነሰረ ዓብደሁ፡ ወሃዘመል ኣሕዛበ ዋሕዳሀ

ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ንግስነት ናቱ ኢዩ፡ ምስጋና ውን ናቱ ኢዩ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ፡ ተመለስቲ፡ ተነሳሕቲ፡ ኣምለኽቲ፡ ንጎይታና ኣመስገንቲ ኢና፡ ኣላህ ሓቂ

[1] ሙስሊም (4/2080) ብቑጽሪ (2709) ሰኒድዎ።

ተዛሪቡ፡ መብጽዓኡ ገይሩ፡ ንባርያኡ ሓጊዙ፡ ነቶም ሰልፍታት ድማ በይኑ ስዒርዎም»[1]።

106. ዘሕጉሶ ወይ ዝጸልኦ ነገር ምስ ዘጋጥሞ ዝብሎ

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዘሕጉሶ ነገር ምስ ዝጋጥሞ ከም'ዚ ይብል ኔሩ፡

«الحَمْدُ لِلَّهِ الَّذِي بِنِعْمَتِهِ تَتِمُّ الصَّالِحَات»

ኣልሓምዱ ሊ'ላሂ'ለዚ ቢነዕመቲሂ ተቲሙ'ሰሊሓት

«ምስጋና ንኣላህ ይኹን ነቲ ብጸግኡ ሰናይ ግብርታት ዝፍጸም።»

ዘይፈትዎ ነገር ምስ ዘጋጥሞ ድማ ከም'ዚ ይብል፡-

«الحَمْدُ لِلَّهِ عَلَى كُلِّ حَال»

ኣልሓምዱ ሊላሂ ዓለ ኩሊ ሓል

«ምስጋና ንኣላህ ይኹን ኣብ ኩሉ ኩነታት»[2]።

---

[1] ነብዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ካብ ኩናት ምስ ሰዓረ ወይ ሓጅ ይብልዎ ነይሮም፡ ቡኻሪ (7/163) ብቑጽሪ (1797) ሙስሊምን (2/980) ብቑጽሪ (1344) ሰኒደሞ።

[2] ኢብኑ ኣ'ሱኒ ኣብ ዓመል ኣልየውም ወ'ለይላ ብቑጽሪ (377) ከምኡ'ውን ኣልሓኪም ሰኒደሞ፡ ሰሒሕ ድማ ኢልዎ (1/499)፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣልጃሚዕ (4/201) ሰሒሕ ኢልዎ።

107. ብልጸት ሰለዋት ንነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ፡- «ኣባይ ሰላትን ሰላምን ዝገበረ ኣላህ ንዕኡ ዓሰርተ ሰላት ይገብረሉ»[1]። ንኣብነት ከም፡-

«اللَّهُمَّ صَلِّ وَسَلِّمْ عَلَى نَبِيِّنَا مُحَمَّد»

ኣላሁማ ሰሊ ወሰሊም ዓላ ነቢይና ሙሓመድ

(ኦ ኣላህ ኣብ ልዕሊ ነቢና ሙሓመድ ሰላምን በረኽትን ውዳሰን ኣውርድ)።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ውን ከም'ዚ ኢሎም፡- «ቐብረይ ሒድ ኣይትግበርዎ፡ ናዓይ ድማ ሰለዋት ግበሩለይ፡ ኣብ ዘለኹሞ ሃሊኹም ሰለዋትኩም ይበጽሓኒ ኢዩ »[2]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ውን ከም'ዚ ኢሎም፡ «እቲ በቃቕ(ስሱዕ) ዝበሃል ኣብ ቅድሚኡ ስመይ ተዘኪሩ ሰለዋት ዘይገብረለይ ሰብ ኢዩ»[3]።

ነቢ ሰለላሁዓለይሂ ወሰለም ውን ከም'ዚ ኢሎም፡ «ብርግጽ ን ኣላህ ኣብ ምድሪ ዝዘዋወሩ መላእኽቲ ኣለውዎ፡

---

[1] ሙስሊም (1/288) ብቑጽሪ (384) ሰኒድዎ።

[2] ኣቡ ዳዉድ (2/218) ብቑጽሪ (2044) ከምኡ'ውን ኣሕመድ (2/367) ብቑጽሪ (8804) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (2/383) ሰሒሕ ኢልዎ።

[3] ቲርሚዚ (5/551) ብቑጽሪ (3546)ን ካልኦትን፣ ተወከስ፡ ሰሒሕ ኣልጃሚዕ (3/25)ን ሰሒሕ ቲርሚዚን (3/177)።

ካብ ኡመተይ(ህዝበይ ሰዓብተይ) ድማ ሰላም የብጽሑለይ»[1]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ውን ከም'ዚ ኢሎም፡- «ዝኾነ ይኹን ሰብ ሰላምታ እንተገይርለይ፡ ሰላምትኡ ምእንቲ ክመልሰሉ ኣላህ መንፈሰይ ይምልሰለይ ኢዩ»[2]።

108. ሰላምታ ምዝርጋሕ

ነቢዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኢሎም፡- «ክሳዕ እትኣምኑ ጀና ኣይትኣትዉን ኢኹም፡ ክሳዕ ነንሕድሕድኩም እትፋተዉ ድማ ኢማንኩም ኣይመልእን ኢዩ። ሓደ ነገር እንተ ገርኩሞ ነንሕድሕድኩም እትፋተዉሉ'ዶ ክሕብረኩም፡ ኣብ መንነኹም ሰላምታ ኣስፋሕፍሑ»[3]።

«ሰለስተ ነገራት ዝኣከበ እምነት ኣኪቡ፡ ኣብ ነፍስኻ ፍትሓዊ ምኺን፡ ንዓለም ሰላም ምሃብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ድኽነት ምሃብ»[4]።

ካብ ዓብዲላህ ኢብኑ ዑመር ረዲየላሁ ዓንሁማ ዝተመሓላለፈ፡- ሓደ ሰብኣይ ንነቢ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም "ኣየናይ ተግባር ኢዩ ኣብ እስልምና ዝበለጸ?" ኢሉ ምስ ሓተቶም፡ ከም'ዚ ኢሎም መለሱ፡- «ምግቢ

---

[1] ኣልነሳኢ (3/43) ብቐጽሪ (1282)ን ኣልሓኪም (2/421)ን ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣ'ነሳኢ (1/274) ትኽክለኛ ኢልዎ።

[2] ኣቡ ዳዉድ ብቐጽሪ (2041) ሰኒድዎ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (1/383) ሓሰን ኢልዎ።

[3] ሙስሊምን (1/74) ብቐጽሪ (54) ኣሕመድን ብቐጽሪ (1430) ሰኒደሞ፡ እቲ ቃል ናቱ ኢዩ፡ ቃል ሙስሊም ድማ፡ «ኣይትኣትዉን...»።

[4] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (1/82) ብቐጽሪ (28)፡ ካብ ዓማር ረድየላሁ ዓንሁ ብመውቁፍን ሙዓለቕን ሰኒድዎ።

ተብልዕ፡ምስ ዝፈለጥካዮን ዘይፈለጥካዮን ድማ ሰላምታ ተብጽሕ(ሰላም ትብል)»[1]።

109- ሓደ ካፊር(ከሓዲ)ሰላም እንተ ኢሉ ብኽመይ ሰላምታ ይመለሰሉ

«وَعَلَيْكُم»

ዋዓለይኩም

«ሰብ መጽሓፍ ሰላምታ እንተ ኣቕሪቦምልኩም፡ ከም'ዚ በሉ፡ ዋዓለይኩም»[2]።

110. ድምጺ ምንቋው ደርሆን ህለ ኣድግን እንተሰሚዕካ ዝበሃል ዱዓ

«ድምጺ ኣርሓ ደርሆ ኣብ እትሰምዑሉ እዋን፡ ንኣላህ ካብ ጸግኡ ሕተትዎ፡ ምኽንያቱ መልኣኽ ስለዝረኣየ፡

ከም'ዚ ይብል፡-

«اللَّهُمَّ إِنِّي أَسْأَلُكَ مِنْ فَضْلِك»

ኣለሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ሚን ፈድሊክ

(ኦ ኣላህ ካብ ጸጋኻ እሓተካ ኣለኹ)

ህለ ናይ ኣድጊ እንተሰሚዕኩም ድማ ካብ ሰይጣን ብኣላህ ተዓቀቡ፡ ንሱ ሰይጣን ስለ ዝረኣየ ኢዩ»[3]። ከም'ዚ ይብል፡-

«أَعُوذُ بِاللَّهِ مِنَ الشَّيْطَانِ الرَّجِيم»

---

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (1/55) ብቑጽሪ (12)፡ ሙስሊም ድማ (1/65) ብቑጽሪ (39)።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (11/42) ብቑጽሪ (6258)፡ ሙስሊም (4/1705) ብቑጽሪ (2163)።

[3] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (6/350) ብቑጽሪ (3303)፡ ሙስሊም ድማ (4/2092) ብቑጽሪ (2729) ሰኒደሞ።

ኣዑዙ ቢላሂ ሚሃ'ሸይጣኒ'ረጂም

(ካብ ርጉም ሰይጣን ብኣላህ እዕቆብ ኣለኹ)።

111. ብለይቲ ድምጺ ኣኽላባት ምስ እትሰምዕ ዝበሃል ዱዓ

«ብለይቲ ምንባሕ ኣካልብን ሀላ ኣእዱግን እንተሰሚዕኩም፡ ካብኣቶም ብኣላህ ተዓቆቡ፡ ምኽንያቱ ንሳቶም ነቲ ንስኹም ዘይትርእይዎ ይርእዩ ኢዮም»[1]።

ከም'ዚ ይብል፡-

«أَعُوذُ بِاللَّهِ مِنَ الشَّيْطَانِ الرَّجِيم»

ኣዑዙ ቢላሂ ሚሃ'ሸይጣኒ'ረጂም

(ካብ ርጉም ሰይጣን ብኣላህ እዕቆብ።)

112. ንዝጸረፍካዮ ሰብ ዝበሃል ዱዓ

ነቢዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ፡- «ኦ ኣላህ፡ ዝኾነ ኣማኒ ዝጸረፍክዎ እንተሎ፡ ኣብ'ቲ መዓልቲ ትንሳኤ ናባኻ መቕረቢ ግበረሉ»[2]።

113. ሓደ ሙስሊም ንሙስሊም ክሙግስ እንከሎ ዝብሎ

ነቢዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኢሎም፡- «ሓደ ካባኻትኩም ንብጻዩ ብግድን ዝንእድ እንተኾይኑ፡ ከም'ዚ

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (4/327) ብቑጽሪ (5105) ከምኡ'ውን ኣሕመድ (3/306) ብቑጽሪ (14283) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (3/961) ሰሒሕ ኢልዎ።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (11/171) ብቑጽሪ (6361) ሙስሊምን (4/2007) ብቑጽሪ (396) ሰኒደሞ፣ ቃላቱ ድማ፡ «ንዕኡ ዘካን ራሕማን ግበረሉ» ኢዩ።

ይበል፡ ንእገለ ከም'ዚ ኢለ ይግምቶ፡ ኣላህ ድማ ፈራዲኡ ኢዩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ድማ ንሓደ'ኳ ኣየጽድቕን ኢዮ፡ ነዚ ዝፈልጥ እንተኾይኑ ከምዝን ከምዝን ኢለ ይግምቶ»[1]።

114. ሓደ ሙስሊም ኣብ ዝንኣደሉ እዋን እንታይ ይብል

«اللَّهُمَّ لَا تُؤَاخِذْنِي بِمَا يَقُولُونَ، وَاغْفِرْ لِي مَا لَا يَعْلَمُونَ، [وَاجْعَلْنِي خَيْرًا مِمَّا يَظُنُّون]»

ኣላሁማ ላ ቱኣኺዝኒ ቢማ የቐሉና፡ ወቕፈር ሊ ማ ላ ያዕለሙና፡[ወጅዓልኒ ኸይረን ሚማ የዙኑን]።

«ኦ ኣላህ፡ በቲ ዝብልዎ ኣይትተሓዘኒ፡ ነቲ ዘይፈልጥዎ ድማ ይቕረ በለለይ፡ [ካብ'ቲ ዝሓስብዎ ድማ ዝበለጽኩ ግበረኒ]»[2]።

115. ኣብ ኢሕራም ዝኣተወ ሰብ ከመይ ጌሩ ኣብ ሓጅ ወይ ዑምራ ተልቢያ ይገብር

«لَبَّيْكَ اللَّهُمَّ لَبَّيْكَ، لَبَّيْكَ لَا شَرِيكَ لَكَ لَبَّيْكَ، إِنَّ الحَمْدَ، وَالنِّعْمَةَ، لَكَ وَالمُلْكَ، لَا شَرِيكَ لَك»

ለበይካ'ላሁማ ለበይክ፡ ለበይካ ላ ሸሪከ ለከ ለበይክ፡ ኢነል ሓምዳ፡ ወ'ኒዕመተ፡ ለከ ወልሙልክ፡ላ ሸሪከ ለክ

---

[1] ሙስሊም (4/2296) ብቑጽሪ (3000) ሰኒድዎ።

[2] ኣልቡኻሪ ኣብ ኣልኣደብ ኣልሙፍረድ ብቑጽሪ (761) ሰኒዱዎ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣልኣደብ ኣልሙፍረድ ብቑጽሪ (585) ሰነዱ ሰሒሕ ኢልዎ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሓጹር ዘሎ ድማ ኣልበይሃቒ ኣብ ሹዓብ ኣልኢማን (4/228) ብኻልእ መንገዲ ዝወሰኾ ኢዩ።

«እንሆኹ ኦ ኣላህ እንሆኹ፡ እንሆኹ መሻርኽቲ የብልካን እንሆኹ፡ ብርግጽ ምስጋናን፡ ጸጋን፡ንግስነት ናትካ ኢዩ፡ መሻርኽቲ የብልካን»[1]።

116. ኣብ ሓጀር ኣል-ኣስወድ ምስ ዝመጽእ ተክቢራ ምግባር

«ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ገመል ተወጢሖም ንካዕባ ሙኽላል ጌሮም፡ ናብ'ቲ ሩክኒ ኣብ ዝበጽሑሉ ኩሉ ግዜ፡ ኣብ ኢዶም ብዝነበረ ነገር ናብኡ ኣመልኪቶም "ኣላሁ ኣክበር" ድማ ኢሎም።»[2]።

117. ዱዓ ኣብ ሞንጎ ሩክን ኣልየማኒን ሓጀር ኣል-ኣስወድን

﴿...رَبَّنَآ ءَاتِنَا فِي ٱلدُّنۡيَا حَسَنَةٗ وَفِي ٱلۡأٓخِرَةِ حَسَنَةٗ وَقِنَا عَذَابَ ٱلنَّارِ﴾.

ረበና ኣቲና ፈድዱንያ ሓሰነተን፡ ወፈፊ ኣኺረቲ ሓሰነተን፡ ወቐና ዓዛበ'ናር

﴿...رَبَّنَآ ءَاتِنَا فِي ٱلدُّنۡيَا حَسَنَةٗ وَفِي ٱلۡأٓخِرَةِ حَسَنَةٗ وَقِنَا عَذَابَ ٱلنَّارِ﴾.

{...ጐይታና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ሰናይ ሃበና፡ ኣብ መጻኢት ዓለም ውን ሰናይ ሃበና፡ ካብ ስቓይ ሓዊ ድማ ኣድሕነና}[3]።

---

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (3/408) ብቐጽሪ (1549) ሙስሊም (2/841) ብቐጽሪ (1184)።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (3/476) ብቐጽሪ (1613)፡ በቲ ነገር ዝድለ ዘሎ፡ ዝኾነ በትሪ ከምኡ መሳሊ ኢዩ። ተወከስ፡- ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (3/472)።

[3] ኣቡ ዳዉድ (2/179) ብቐጽሪ (1894)፡ ኣሕመድ (3/411) ብቐጽሪ (15398)፡ ከምኡ'ውን ኣል-በቐዊ ኣብ ሸርሕ ኣ'ሱና (7/128) ሰኒደሞ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣቢ ዳዉድ (1/354) ሓሰን ኢልዎ፡ ዓንቀጽ ኣል-በቐራ።

118. ኣብ ሰፋን መርዋን ደው ምስ እትብል ዝበሃል ዱዓ

ነቢዩና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ናብ ሰፋ ምስ ቀረቡ ኣንበቡ:

«إِنَّ الصَّفَا وَالْمَرْوَةَ مِنْ شَعَآئِرِ اللَّهِ...، أَبْدَأُ بِمَا بَدَأَ اللَّهُ بِه»

ኢነስ ሰፋ ወልመርወታ ሚን ሸዓኢሪላህ...፡ ኣብደኡ ቢማ በደኣላሁ ቢህ

«ብርግጽ ሰፋን መርዋን ካብ ምልክታት(ሃይማኖት) ኣላህ ኢዮም...፡ በቲ ኣላህ ዝጀመረሉ እጅምር»

ብሰፋ ጀሚሮም፡ ነቲ ቤት(ካዕባ) ክሳብ ዝርእዩ ኣብኡ ደይቦም፡ ናብ ቐብላ ኣንፈቶም ጌሮም፡ ንኣላህ ብሓድነት ኣወዲሶም፡ 'ኣላሁ ኣክበር' ኢሎም፡ ከም'ዚ ድማ በሉ፡

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ الْمُلْكُ وَلَهُ الْحَمْدُ وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ، لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ، أَنْجَزَ وَعْدَهُ، وَنَصَرَ عَبْدَهُ، وَهَزَمَ الأَحْزَابَ وَحْدَه»

ላ ኢላሀ ኢለላሁ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁል ሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ወሁወ ዓላ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር፡ ላ ኢላሀ ኢለላሁ ዋሕደሁ፡ ኣንጀዛ ዋዕደሁ፡ ወነሰራ ዓብደሁ፡ ወሃዘመል ኣሕዛባ ዋሕደሁ

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ ምስጋና ውን ናቱ ኢዩ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ነገር ክኢላ ኢዩ፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ፡ መብጽዕኡ ፈጺሙ፡ ንባርይኡ ዓወት ሂቡ፡ ነቶም ጉጅለታት ድማ በይኑ ስዒሩዎም፡

ብድሕሪኡ ኣብ መንነ ዱዓ ይገብር፡ ከም'ኡ ድማ ሰለስተ ግዜ ይብል።» እቲ ሓዲስ። ኣብኡ ከኣ፡- ኣብ መርዋ ድማ ከም'ቲ ኣብ ሰፋ ዝገበሮ ገበረ[1]።

119. ኣብ መዓልቲ ዓረፋ ዱዓ ምግባር

ነቢዪና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ፡- «እቲ ዝበለጸ ዱዓ ናይ ማዓልቲ ዓረፋ ዱዓ ኢዩ፡ ኣነን ቅድመይ ዝነበሩ ነብያትን ዝበልናዮ እቲ ዝበለጸ ድማ፡-

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ الْمُلْكُ وَلَهُ الْحَمْدُ وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٍ»

ላ ኢላሀ ኢለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁል ሙልኩ ወለሁል ሓምዱ ወሁወ ዓላ ኩሊ ሸይኢ ን ቐዲር

ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ፡ ምስጋና ውን ናቱ ኢዩ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ነገር ክኢላ ኢዩ»[2]።

120. ኣብ መሸዓር ኣል ሓራም ዝበሃል ዚክር

«ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ቐስዋእ ተሰቒሎም ክሳብ ናብ ኣል-መሽዓረል ሓራም ዝበጽሑ ኸዱ፡ ናብ ቒብላ ኣንፈቶም ጌሮም (ንዕኡ(ኣላህ) ዱዓ ጌሮም፡ ኣላሁ ኣክበር ኢሎም፡ ላኢላሃ ኢለላህ ኢሎም፡ ሓደ ምኺኑ ኣረጋጊጾም)፡ ክሳብ ኣጸቢቑ ዝወግሕ ደው ኢሎም ጸንሑ፡ ጸሓይ ቅድሚ ምውጻኣ ድማ ተበገሱ።»[3]

---

[1] ሙስሊም (2/888) ብቑጽሪ (1218) ኣል በቐራህ: ቁጽሪ 158።

[2] ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3585) ሰኒድዎ፡ ኣልኣልባኒ'ውን ኣብ ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/184)ን ኣብ ሲልሲለት ኣልኣሓዲስ ኣ'ሰሒሓ (4/6)ን ሓሰን ምኺኑ ኣስፈርዎ።

[3] ሙስሊም (2/891) ብቑጽሪ (1218)።

121. ኣብ እዋን ምድርባይ ጀመራት ምስ ነፍሲ ወከፍ ጸጸር ኣላሁ ኣክበር ምባል።

«ኣብ'ተን ሰለስቲኣን ጀመራት ነፍሲ ወከፍ ጸጸር ኣብ ዝድርብየሉ እዋን ተክቢር ይገብር፡ ብድሕሪኡ ንቕድሚት ይስጉም፡ ድሕሪ እታ ቀዳመይትን ካልኣይትን ጀምራት ድማ ክልተ ኣእዳዉ ሓፍ ኣቢሉ ገጹ ናብ ቕብላ ብምግባር ደው ኢሉ ዱዓ ይገብር፡ እታ ጀምረተልዓቐባ ግን ይድርብያ፡ ምስ ነፍሲ ወከፍ ጸጸር ተክቢር ይገብር እሞ ኣብኣ ደው ከይበለ ይኸይድ»[1]።

122. ዘገርምን ዘሐጉስን ነገር ከጋጥም ከሎ ዝግበር ዱዓ።

«سُبْحَانَ اللَّه»

ሱብሓነላህ

«ኦ ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾንካ!»[2]።

«اللَّهُ أَكْبَر»

ኣላሁ ኣክበር

«ኣላህ ዝዓበየ ኢዩ!»[3]።

---

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (3/583) ብቑጽሪ (1751)፡ ቃላቱ ኣብኡ ተወከስ። ከምኡ'ውን ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (3/583)፡ (3/584)፡ ከምኡ'ውን (3/581) ብቑጽሪ (1753)፡ ሙስሊም ውን ብቑጽሪ (1218) ሰኒደሞ።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (1/210)፡ (390)፡ (414) ብቑጽሪ (115)፡ (3599)፡ (6218)፡ ሙስሊም (4/1857) ብቑጽሪ (1674)።

[3] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (8/441) ብቑጽሪ (4741)ን (3062)ን ቲርሚዚ ብቑጽሪ (2180) ኣ'ነሳኢ ኣብ ኣል-ኩብራ ብቑጽሪ (11185) ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (2/103)ን (2/235)ን ሙስነድ ኣሕመድ (5/218) ብቑጽሪ (21900)።

123. ሓደ ሰብ ዘሐጉሶ ነገር ምስ ዘጋጥሞ እንታይ ይገብር

«ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዘሐጉስ ነገር ምስ ዝመጸ ወይ ብእኡ ምስ ዝሕጎስ፡ ንኣላህ ተባረካ ወተዓላ ንምምስጋን ሱጁድ ይወርድ ነበረ።»[1]።

124. ኣብ ኣካላቱ ቃንዛ ዝተሰምዖ ሰብ ዝገብሮን ዝብሎን

«ኢድካ ኣብ'ቲ ዘሕመካ ክፋል ሰብነትካ ኣንቢርካ ከም'ዚ በል፡

«بِسْمِ اللَّه»

ቢስሚላሀ

ብስም ኣላህ፡

ሰለስተ ግዜ፡ ሸውዓተ ግዜ ድማ ከም'ዚ በል፡

«أَعُوذُ بِاللَّهِ وَقُدْرَتِهِ مِنْ شَرِّ مَا أَجِدُ وَأُحَاذِر»

ኣውዙ ቢላሂ ወቁድረቲሂ ሚን ሸ'ሪ ማ ኣጂዱ ወኡሓዚር

ብኣላህን ብኽእለቱን ካብ'ቲ ዝስምዓንን ዝፈርሆን ክፉእ ዑቕባ እሓትት»[2]።

---

[1] ኣህሉ ኣ'ሱነን ብዘይካ ኣ'ነሳኢ፡ ኣቡ ዳዉድ ብቑጽሪ (2774)፡ ቲርሚዚ ብቑጽሪ (1578)፡ ከምኡ'ውን ኢብኑ ማጃ ብቑጽሪ (1394) ሰኒደሞ። ኣብ ሰሒሕ ኢብኑ ማጃ (1/233) ከምኡ'ውን ኢርዋእ ኣልቘሊል (2/226) ተወከስ።

[2] ሙስሊም (4/1728) ብቑጽሪ (2202)።

125. ን ሓደ ነገር ብዓይኑ ከየጥቅዕ ዝፈርሀ ሰብ ዝብሎ ዱዓ

«ሓደ ካባኻትኩም ካብ ሓዉ፡ ወይ ካብ ነፍሱ፡ ወይ ካብ ገንዘቡ ዘደንቕ ነገር እንተ ርእዩ [ብብረኽት ዱዓ ይግበረሉ]፡ ምኽንያቱ ዓይኒ ሓቂ ስለዝኾነ»[1]።

126. ኣብ እዋን ስንባደ ዝብሃል

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّه»

ላ ኢላሃ ኢለላህ

«ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን!»[2]።

127. ኣብ እዋን ምሕራድ ዝበሃል

«بِسْمِ اللَّهِ وَاللَّهُ أَكْبَرُ [اللَّهُمَّ مِنْكَ وَلَكَ] اللَّهُمَّ تَقَبَّلْ مِنِّي»

ቢስሚላሂ ወለሁ ኣክበር ኣለሁማ ሚንካ ወለካ ኣለሁማ ተቐበለ ሚ'ኒ

«ብስም ኣላህ፡ ኣላሁ ኣክበር [ኦ ኣላህ፡ ካባኻን ንዓኻን ኢዩ] ኦ ኣላህ፡ ካባይ ተቐበሎ»[3]።

---

[1] ሙስነድ ኣሕመድ (4/447) ብቐጽሪ (15700)፡ ኢብኑ ማጃህ ብቐጽሪ (3508) ከምኡ'ውን ማሊክ (3/118-119) ሰኒደሞ፡ ኣልኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ኣልጃሚዕ (1/212) ሰሒሕ ኢልዎ፡ ታሕቂቕ ዘድ ኣልመዓድ ናይ ኣልኣርናኡጥ (4/170) ተወከስ።

[2] ቡኻሪ ምስ ኣል-ፈትሕ (6/381) ብቐጽሪ (3346) ሙስሊም (4/2208) ብቐጽሪ (2880)።

[3] ሙስሊም (3/1557) ብቐጽሪ (1967)፣ ከምኡ'ውን ኣል-በይሃቂ (9/287)፣ እቲ ኣብ ውሽጢ ሓጹር ዘሎ ናይ ኣል-በይሃቂ (9/287)ን ካልኦትን ኢዩ፡ እታ ናይ መወዳእታ ምሉእ ሓሳብ ድማ ብትሕዝቶ ካብ ሪዋያ ሙስሊም ኣቕሪበያ።

128. ተንኮል ዓመጽቲ ሰይጣዉንቲ ንምምላስ ዝበሃል

«أَعُوذُ بِكَلِمَاتِ اللَّهِ التَّامَّاتِ الَّتِي لَا يُجَاوِزُهُنَّ بَرٌّ وَلَا فَاجِرٌ: مِنْ شَرِّ مَا خَلَقَ، وَبَرَأَ وَذَرَأَ، وَمِنْ شَرِّ مَا يَنْزِلُ مِنَ السَّمَاءِ، وَمِنْ شَرِّ مَا يَعْرُجُ فِيهَا، وَمِنْ شَرِّ مَا ذَرَأَ فِي الأَرْضِ، وَمِنْ شَرِّ مَا يَخْرُجُ مِنْهَا، وَمِنْ شَرِّ فِتَنِ اللَّيْلِ وَالنَّهَارِ، وَمِنْ شَرِّ كُلِّ طَارِقٍ إِلَّا طَارِقًا يَطْرُقُ بِخَيْرٍ يَا رَحْمَنُ»

ኣዑዙ ቢክሊማቲላሂ ታማቲ ኣለቲ ላ ይጃዊዙሁና ቦ'ሩን ወላ ፋጂሩን: ሚን ሸ'ሪ ማ ኸለቕ፡ ወበረኣ ወዘረኣ፡ ወሚን ሸ'ሪ ማ የንዚሉ ሚሃሰማኢ፡ ወሚን ሸ'ሪ ማ ያዕሩጁ ፊሃ፡ ወሚን ሸ'ሪ ማ ዘረኣ ፊል ኣርዲ፡ ወሚን ሸ'ሪ ማ የኽሩጁ ሚንሃ፡ ወሚን ሸ'ሪ ፊተኒ'ለይሊ ወ'ነሃሪ፡ ወሚን ሸ'ሪ ኩሊ ጣሪቒን ኢላ ጣሪቖን የጥሩቕ ቢ ኸይሪን ያ ረሕማን

«ብ ምሉእ ዘይጎደሎ ቃላት ኣላህ ዝኾነ ንጥቕመን ከፍርሰን ኣይክእልን ዝኾነ በኣን እዕቆብ፡ ጻድቕ ኮነ በዓል ሕማቕ ግብሪ፡ ካብ ክፉእ ናይ'ቲ ዝፈጠሮን፡ ዘርብሖን ዝዘርኦን፡ ካብ ክፉእ ናይ'ቲ ካብ ሰማይ ዝወርድን፡ ካብ ክፉእ ናይ'ቲ ናብኣ ዝድይብን፡ ካብ ክፉእ ናይ'ቲ ኣብ ምድሪ ዝዘርኦን፡ ካብ ክፉእ ናይ'ቲ ካብኣ ዝወጽእን፡ ካብ ክፉእ ፈተናታት ለይትን ቀትርን፡ ካብ ክፉእ ናይ ኩሉ ብለይቲ

ዝመጽእ፡ ብዘይካ ብሰናይ ዝመጽእ እንተዘይኮይኑ ኦ ራሕማን»[1]።

129. ምሕረት ምሕታትን ንስሓን

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኢሎም፡- «ብኣላህ እምሕል፡ ኣነ ኣብ መዓልቲ ካብ ሰብዓ ግዜ ንላዕሊ ንኣላህ ምሕረት ይልምኖን ናብኡ እናሳሕን ኢየ»[2]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ኣቱም ሰባት፡ ናብ ኣላህ ተናስሑ፡ ምኽንያቱ ኣነ ኣብ መዓልቲ ሚእቲ ግዜ ናብኡ እናሳሕ ኢየ።»[3]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ከም'ዚ ዝበለ፡-

«أَسْتَغْفِرُ اللَّهَ العَظِيمَ الَّذِي لَا إِلَهَ إِلَّا هُوَ الحَيُّ القَيُّوْمُ وَأَتُوبُ إِلَيه»

ኣስተቕፈሩላህ ኣልዓዚም ኣለዚ ላ ኢላሃ ኢላ ሁወል ሓዩል ቐዩም ወኣቱቡ ኢለይህ

ካብ'ቲ ብዘይክኡ ካልእ ኣምላኽ ዘየለ፡ ንዘልኣለም ነባሪ (ህያው)ርእሱ ዝኾኣለ ኣላህ ምሕረት እሓትት፡ ናብኡ ድማ ብንስሓ እምለስ፡

---

[1] ኣሕመድ (3/419) ብቐጽሪ (15461) ብትኽክለኛ ሰነድ፡ ኢብኑ ኣ'ሱኒ ድማ ብቐጽሪ (637) ሰኒደሞ፡ ኣልኣርናኡጥ ድማ ኣብ ተኽሪጅ ኣ'ጠሓውያ (ገጽ 133) ሰነዱ ትኽክለኛ ኢልዎ፡ ተወከስ፡- መጅማዕ ኣ'ዘዋኢድ (10/127)።

[2] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (11/101) ብቐጽሪ (6307)።

[3] ሙስሊም (4/2076) ብቐጽሪ (2702) ሰኒድዎ።

ካብ ዓውደ ኩናት ዝሃደመ እኳ እንተኾነ፡ ኣላህ ንዕኡ ይምሕሮ»[1]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ጐይታ ንባርይኡ ኣዝዩ ዝቐረበ ዝኾነሉ ግዜ ኣብ መወዳእታ ክፋል ለይቲ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ኣብ'ታ ሰዓት እቲኣ ካብ'ቶም ንኣላህ ዝዝክሩ ክትከውን እንተኽኢልካ፡ ኩን»[2]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ሓደ ባርያ ናብ ጎይትኡ ብዝያዳ ዝቐርበ ዝኾነሉ ግዜ ኣብ ሱጁድ ከሎ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ዱዓ ኣብዙሑ»[3]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ብርግጽ ልበይ ይድብዝዝ(ይሸፈን) ኢዩ፡ ኣነ ድማ ኣብ መዓልቲ ሚእቲ ግዜ ንኣላህ ምሕረት ይልምኖ።»[4]።

---

[1] ኣቡ ዳዉድ (2/85) ብቑጽሪ (1517)፡ ቲርሚዚ (5/569) ብቑጽሪ (3577)፡ ከምኡ'ውን ኣል-ሓኪም፡ ሰሒሕ ኢልዎ ኣ'ዘሃቢ ድማ (1/511) ተሰማሚዑሉ፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ሰሒሕ ኢልዎ፡ ተወከስ ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/182) ከምኡ'ውን ጃሚዕ ኣል-ኡሱል ሊኣሓዲስ ኣረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም (390-4/389) ብታሕቒቕ ኣል-ኣርናኡጥ።

[2] ቲርሚዚ ብቑጽሪ (3579)፡ ኣ'ነሳኢ (1/279) ብቑጽሪ (572)፡ ኣልሓኪም (1/309) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/183)ን ጃሚዕ ኣልኡሱል ብታሕቒቕ ኣልኣርናኡጥን (4/144)።

[3] ሙስሊም (1/350) ብቑጽሪ (482)።

[4] ሙስሊም (4/2075) ብቑጽሪ (2702) ሰኒድዎ፡ ኢብኑ ኣል-ኣሲር ከምዚ በሉ፡- «لَيُغَانُ عَلَى قَلْبِي» ማለት፡- ይሸፈንን ይኽደንን ማለት ኢዩ፡ በዚ ዝድለ ድማ፡- ኣሳህው(ምርሳዕ) ኢዩ፡ ምኽንያቱ ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ወትሩ ኣብ ዝበዝሐ ዚክርን፡ ቅርበትን(ናብ ኣላህ) ቀጻሊ ሙራቕባን ስለ ዝነበሩ፡ ካብ'ዚ ኣብ ገለ እዋናት ሳህው እንተገይሮም፡ ወይ እንተ ረሲዖም፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ነፍሶም ከም ሓጢያት ይቑጽርዎ ነበሩ፡ በዚ ድማ ቀልጢፎም ናብ ኢስቲቕፋር ይጓየዩ ነበሩ። ተወከስ፡- ጃሚዕ ኣል-ኡሱል (4/386)።

130. ጥቕምታት ናይ ተስቢሕን ታሕሚድን ታህሊልን ተክቢርን

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ከም'ዚ ዝበለ፡-

«سُبْحَانَ اللَّهِ وَبِحَمْدِه»

ሱብሓነላሂ ወቢሓምዲህ

ኦ ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾንካ ምስጋና ንዓኻ ይኹን

ኣብ ሓደ መዓልቲ ሚእቲ ግዜ፡ ሓጥያቱ ክንዲ ዓፍራ ናይ ባሕሪ እኳ እንተኾነ ይድምሰሰሉ»[1]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ከም'ዚ ዝበለ፡-

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، لَهُ المُلْكُ، وَلَهُ الحَمْدُ، وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِير»

ላ ኢላሀ ኢለላሁ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለሁ፡ ለሁል ሙልኩ፡ ወለሁል ሓምዱ፡ ወሁወ ዓላ ኩሊ ሸይኢን ቐዲር

ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ መሻርኽቲ የብሉን፡ ንግስነት ናቱ ኢዩ፡ ምስጋና ድማ ናቱ ኢዩ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ኢዩ።

[1] ቡኻሪ (7/168) ብቑጽሪ (6405)፡ ሙስሊም ድማ (4/2071) ብቑጽሪ (2691) ሰኒደሞ። ካብዚ መጽሓፍ (ገጽ 65) «ንጉሆን ምሸትን ሚእቲ ግዜ ንዝበላ ሰብ ዘለዎ ብልጸት» ተወከስ።

ዓሰርተ ግዜ፡ ካብ ደቂ ኢስማዒል ኣርባዕተ ነፍሲ ሓራ ከም ዘውጽአ ይቐጸር»[1]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ክልተ ቃላት ኣብ መልሓስ ቀለልቲ፡ ኣብ ሚዛን ከበድቲ፡ ናብ ራሕማን(ኣላህ) ፍቱዋት ዝኾና፡

«سُبْحَانَ اللَّهِ وَبِحَمْدِهِ، سُبْحَانَ اللَّهِ العَظِيمِ»

ሱብሓነላሂ ወቢሓምዲሂ፡ ሱብሓነላሂል ዓዚም

ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ ምስጋና ይኹኖ፡ ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ እቲ ዓቢ ኩቡር ኢዩ»[2]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ከም'ዚ ክብል፡-

«سُبْحَانَ اللَّهِ، وَالحَمْدُ لِلَّهِ، وَلَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ، وَاللَّهُ أَكْبَر»

ሱብሓነላህ፡ ወልሓምዱ ሊላህ፡ ወላ ኢላሃ ኢለላህ፡ ወላሁ ኣክበር

ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾንካ ምስጋና ን ኣላህ ፡ብዘይካ ኣላህ ካልእ ዝምለኽ የለን ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ፡

«ካብ'ቲ ጸሓይ ዝበረቐትሉ ንዓይ ዝያዳ ዝተፈትወ ኢዩ»[3]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ሓደ ካባኻትኩምዶ ኩሉ መዓልቲ ሺሕ ጽቡቕ ግብሪ(ዓስቢ)

---

[1] ቡኻሪ (7/67) ብቁጽሪ (6404)፡ ሙስሊም ድማ ብቃላቱ (4/2071) ብቁጽሪ (2693) ሰኒደሞ። ተወከስ፡- ፈድሊ ናይ'ቲ ኣብ መዓልቲ ሚእቲ ግዜ ዝበላ። ዱዓ ቁጽሪ (93) (ገጽ 66) ካብ'ዚ ኪታብ።

[2] ቡኻሪ (7/168) ብቁጽሪ (6404) ሙስሊም (4/2072) ብቁጽሪ (2694) ሰኒደሞ።

[3] ሙስሊም (4/2072) ብቁጽሪ (2695).

ክረክብ ኣይክእልን'ዶ» ሓደ ካብ'ቶም ምስኡ ዝነበሩ ድማ፡ "ሓደ ካባና ብኽመይ ኽሕ ጽቡቕ ግብሪ(ዓስቢ) ክረክብ ይኽእል?" ኢሉ ሓተቶም።(ነቢ) በሉ፡

«سُبْحَانَ اللَّه»

ሱብሓነላህ

«ሚእቲ ተስቢሕ ይገብር'ሞ፡ ሺሕ ዓስቢ ይጸሓፈሉ፡ ወይ ድማ ሺሕ ሓጢያት ይድምሰሰሉ»[1]።

«ዝበለ ሰብ፡

«سُبْحَانَ اللَّهِ العَظِيمِ وَبِحَمْدِه»

ሱብሓነላሂል ዓዚሚ ወቢሓምዲህ

ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ ምስጋና ይኹኖ ነቲ ክቡርን ዓቢይን

ኣብ ጀና ኦም ናይ ተምሪ ትትከለሉ»[2]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ኦ ዓብዱላህ ብን ቐይስ፡ ናብ ሓደ መዝገብ ካብ መዛግብቲ ጀና ክሕብረካ'ዶ?» ኣነ ድማ፡ እወ ኦ ልኡኽ በልኩ፡ ንሳቶም ድማ በሉ፡- «በል:

«لَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّه»

ላ ሓውላ ወላ ቐወታ ኢላ ቢላህ

---

[1] ሙስሊም (4/2073) ብቐጽሪ (2698)።

[2] ቲርሚዚ (5/511) ብቁጽሪ (3464) ሰኒድዎ፡ ሓኪም ድማ (1/501) ሰኒድዎ ሰሒሕ ምኺኑ ገሊጹ፡ ዘሃቢ ድማ ተሰማሚዑሉ። ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (5/531)ን ሰሒሕ ቲርሚዚ (3/160)ን።

ብዘይካ ብኣላህ ሓይሊ ይኹን ዓቕሚ የለን»[1]።

ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም፡- «ናብ ኣላህ ዝያዳ ዝተፈትዋ ቃላት ኣርባዕተ ኢየን፡-

«سُبْحَانَ اللَّهِ، وَالحَمْدُ لِلَّهِ، وَلَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ، وَاللَّهُ أَكْبَر»

ሱብሓነላህ፡ ወልሓምዱ ሊላህ፡ ወላ ኢላሃ ኢለላህ፡ ወላሁ ኣክበር

ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ኢዩ፡ ምስጋና ይኹኖ ን ኣላህ፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ዝምለኽ የለን፡ ኣላህ ኣዝዩ ዓቢይ ኢዩ፡

«ብዝጀመርካዮ እንተ ጀመርካ ኣይጎድኣካን ኢዩ»[2]።

ሓደ ሃገረ-ሰብ ናብ ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም መጺኡ፡ "ዝብሎ ቃል ምሃረኒ" በሎ።(ነቢ) ከም'ዚ በሎ፡ «በል:

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ وَحْدَهُ لَا شَرِيكَ لَهُ، اللَّهُ أَكْبَرُ كَبِيرًا، وَالحَمْدُ لِلَّهِ كَثِيرًا، سُبْحَانَ اللَّهِ رَبِّ العَالَمِينَ، لَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّهِ العَزِيزِ الحَكِيمِ»

ላ ኢላሃ ኢለላህ ዋሕደሁ ላ ሸሪከ ለህ፡ ኣላሁ ኣክበሩ ከቢራ፡ ወልሓምዱ ሊላሂ ከሲራ፡ ሱብሓነላሂ ረቢል ዓለሚን፡ ላ ሓውለ ወላ ቐወታ ኢላ ቢላሂል ዓዚዚል ሓኪም

ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ ንሱ በይኑ ኢዩ መሻርኽቲ የብሉን፡ ኣላህ ኣዝዩ ዓቢ ኢዩ፡ ብዙሕ ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡ ኣላህ ጎይታ ዓለማት ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ፡ ብዘይካ ብኣላህ እቲ ሓያልን ጥበበኛን ካልእ ዓቕምን ሓይልን የለን»

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (11/213) ብቑጽሪ (4206) ሙስሊም (4/ 2076) ብቑጽሪ (2704)።
[2] ሙስሊም (3/1685) ብቑጽሪ (2137)።

በለ:- እዚኣተን ንጎይታይ ኢየን፡ ንዓይከ እንታይ ኣለኒ?(ነቢ) በሉ:- «በል:

«اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي، وَارْحَمْنِي، وَاهْدِنِي، وَارْزُقْنِي»

ኣላሁማ ቕፈር ሊ፡ ወርሓምኒ፡ ዋህዲኒ፡ ወርዙቕኒ

ኦ ኣላህ፡ መሓረኒ፡ ራህርሀለይ፡ ምርሓኒ፡ ሪዝቂ ሃበኒ»[1]።

ሓደ ሰብ እስልምና ምስ ተቐበለ፡ ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሰላት ይምህሮ ነበረ፡ ድሕሪኡ ድማ በዞም ቃላት እዚኦም ዱዓ ክገብር ይእዝዞ ነበረ፡

«اللَّهُمَّ اغْفِرْ لِي، وَارْحَمْنِي، وَاهْدِنِي، وَعَافِنِي وَارْزُقْنِي»

ኣላሁማ ቕፈር ሊ፡ ወርሓምኒ፡ ዋህዲኒ፡ ወዓፊኒ ወርዙቕኒ

«ኦ ኣላህ፡ መሓረኒ፡ ራህርሀለይ፡ ምርሓኒ፡ ጥዕና ሃበኒ፡ ሪዝቂ ሃበኒ»[2]።

«ብርግጽ እቲ ዝበለጸ ዱዓ

«الْحَمْدُ لِلَّه»

ኣልሓምዱ ሊላህ

ምስጋና ንኣላህ ይኹን፡

እቲ ዝበለጸ ዚክር ድማ

«لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّه»

---

1 ሙስሊም (4/ 2072) ብቑጽሪ (2696)፣ ኣቡ ዳዉድ ድማ (1/ 220) ብቑጽሪ (832) ወሲኾም:- እቲ በደዊ ገጹ ምስ መለሰ ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም: «ብሓቂ ኢዱ ብኸይሪ መሊኡ» በለ።

2 ሙስሊም (4/ 2073) ብቑጽሪ (3697)፡ ኣብ ካልእ ሪዋያኡ ውን፡ «እዚኣቶም ዱንያኻን ኣኼራኻን ይእክቡልካ ኢዮም»።

ላ ኢላሃ ኢለላህ

ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የለን»[1]።

«ነበርቲ ሰናይ ግብርታት፡

«سُبْحَانَ اللَّهِ، وَالحَمْدُ لِلَّهِ، وَلَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ، وَاللَّهُ أَكْبَرُ، وَلَا حَوْلَ وَلَا قُوَّةَ إِلَّا بِاللَّهِ»

ሱብሓነላህ፡ ወልሓምዱ ሊላህ፡ ወላ ኢላህ ኢለላህ፡ ወላሁ ኣክበር፡ ወላ ሓውለ ወላ ቁወታ ኢላ ቢላህ።

«ኣላህ ካብ ኩሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ፡ ምስጋና ን ኣላህ ይኹን፡ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ክምለኽ ዝግበኡ ኣምላኽ የለን፡ ኣላህ ካብ ኩሉ ነገር ዓቢ ዝኾነ፡ ብዘይካ ብ ኣላህ ካልእ ሓይሊ ይኹን ዓቕሚ የለን»[2]።

131. ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከመይ ጌሩ ተስቢሕ(ዚክር) ይገብሩ ኔሮም?

ካብ ዓብዲላህ ቢን ዓምር ረዲየላሁ ዓንሁማ ዝተወርየ ይብል፡- «ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ተስቢሕ ክቑጽሩ ርእየዮም» ኣብ ተወሳኺ ድማ፡ «ብየማናይ ኢዶም»[3]።

---

[1] ቲርሚዚ (5/462) ብቑጽሪ (3383)፡ ኢብኑ ማጃ (2/1249) ብቑጽሪ (3800) ከምኡ'ዉን ኣልሓኪም (1/503) ሰኒደሞ፡ ሰሒሕ ኢልዎ ኣ'ዘሃቢ ድማ ተሰማሚዑሉ፡ ኣብ ሰሒሕ ኣልጃሚዕ (1/362) ተወከስ።

[2] ኣሕመድ ብቑጽሪ (513) ብኣሰራርዓ ኣሕመድ ሻኪር፡ ተወከስ፡- መጅመዕ ኣልዘዋኢድ (1/297)፡ ኢብኑ ሓጀር ኣብ ቡሉቕ ኣልመራም ካብ ሪዋያ ኣቢ ሰዒድ ናብ ኣ'ነሳኢ [ኣብ ኣልኩብራ] ብቑጽሪ (10617) ኣጸጊዕዎ፡ ኢብኑ ሒባን ብቑጽሪ (840) ከምኡ'ውን ኣልሓኪም (1/541) ሰሒሕ ኢሎሞ ድማ ኢሉ።

[3] ኣቡ ዳውድ ብናቱ ሓረግ (2/81) ብቑጽሪ (1502) ከምኡ'ውን ቲርሚዚ (5/521) ብቑጽሪ (3486) ሰኒደሞ፡ ተወከስ፡- ሰሒሕ ኣል-ጃሚዕ (4/271) ብቑጽሪ (4865)፡ ኣል-ኣልባኒ ድማ ኣብ ሰሒሕ ሱነን ኣቢ ዳዉድ (1/411) ሰሒሕ ኢልዎ።

132. ካብ ዓይነታት ሰናይን ሓፈሻዊ ስነ-ምግባርን

ነቢና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ፦ «ጸልማት ለይቲ ምስ ጀመረ – ወይ ምሸት ምስ ኣምሰኹም – ቆልዑትኩም ኣክቡ፡ ምኽንያቱ ሰይጣውንቲ ኣብ'ቲ ግዜ እቲ ይዝርግሑ ኢዮም። ካብ ለይቲ ቁሩብ ግዜ ምስ ሓለፈ ግን ግደፍዎም፡ ማዕጸታት ዕጸዉ ስም ኣላህ ድማ ዘክሩ፡ ምኽንያቱ ሰይጣን ዝተዓጽወ ማዕጸ ኣይከፍትን ኢዩ። መሸማዕኩም(ዝኾነ እኽሊ ዝቕመጦ ነገር) እሰሩ ስም ኣላህ ድማ ዘክሩ፡ ኣቑሑትኩም ክደኑ ስም ኣላህ ድማ ዘክሩ፡ ኣብ ልዕሊኡ ገለ ነገር ብምኽዳን እኳ እንተኾነ፡ መብራህትኹም ድማ ኣጥፍኡ»[1]።

ኣላህ ምውዳሱን ሰላትኡን በረኽቱን ኣብ ልዕሊ ነብዪና ሙሓመድ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስድራኦምን ብጾቶምን ብሓፈሻ ኩሎም የውርድ።

❋❋❋

[1] ቡኻሪ ምስ ፈትሕ (10/ 88) ብቑጽሪ (5623)፡ ሙስሊም ድማ (3/ 1595) ብቑጽሪ (2012) ሰኒደሞ።

ዝርዝር ትሕዝቶ

ዕርዲ ሙስሊም ካብ ኣዝካር ቕርኣንን ሱናን 2
መእተዊ 2
ብልጸት ናይ ዚክር 4
1. ካብ ድቃስ ምስ ተንሳእካ ዝበሃል ዚክር 8
2. ክዳን ክትክደን እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 12
3. ሓድሽ ክዳን ክትክደን እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 12
4- ሓድሽ ክዳን ንዝተኽደነ ሰብ ዝግበር ዱዓ 13
5. ክዳንካ ከተውድእ እንከለኻ ዝበሃል 13
6. ሽቓቕ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 14
7. ካብ ሽቓቕ ክትወድእ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 14
8. ቅድሚ ዉዱእ ዝግበር ዚክር 14
9. ድሕሪ ዉዱእ ምውዳእ ዝበሃል ዚክር 15
10. ካብ ገዛ ክትወድእ እንከለኻ ዝበሃል ዚክር 16
11. ንገዛ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዚክር 16
12. ናብ መስጊድ ክትከይድ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 17
13. መስጊድ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓር 18
14. ካብ መስጊድ ክትወድእ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 20
15. ናይ ኣዛን ዚክር 20
16. ዱዓ ኣልኢስቲፍታሕ(ናይ መእተዊ) 22
17. ናይ ሩኩዕ ዱዓ 29
18- ካብ ሩኩዕ ሓፍ ኣብ እትብለሉ እዋን ዝግበር ዱዓ 30
19. ናይ ሱጁድ ዱዓ 32
20- ኣብ ሞንጎ ክልተ ሱጁድ ኮፍ ምስ በልካ ዝግበር ዱዓ 34
21. ናይ ሱጁድ ቲላዋ ዱዓ 35

22. ኣ'ተሻሁድ..... 36
23. ድሕሪ ተሻሁድ ንነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሰለዋት ምግባር 36
24. ድሕሪ ናይ መወዳእታ ተሻሁድ ቅድሚ ሰላም ምባል ዱዓ ዝግበር 38
25. ሰላት ምስወዳእኻ ዝብሃል ኣዝካር..... 44
26. ናይ ሰላት ኢስቲኻራ ዱዓ..... 50
27. ናይ ንግሆን ምሸትን ኣዝካር..... 52
28. ኣዝካር ናይ ድቃስ..... 69
29. ብለይቲ ክግልበጥ ከሎ ዝግበር ዱዓ..... 78
30. ካብ ድቃስ ብፍርሒ ንዝስንብድን ብጽምዋ ንዝተጨነቐን ዝግበር ዱዓ..... 78
31. ሩእያ ወይ ሕልሚ ዝረኣየ ሰብ እንታይ ይገብር..... 79
32. ዱዓ ቕኑት ኣል-ዊትር..... 79
33. ዊትር ምስ ወዳእካ ዝግበር ዚክር..... 81
34. ናይ ጭንቀትን ሓሳብን ዱዓ..... 82
35. ናይ ጭንቀት ዱዓ..... 83
36. ምስ ጸላእን በዓል ስልጣንን ምስ እትራኸብ ዝበሃል ዱዓ..... 85
37. ግፍዒ ናይ በዓል ስልጣን ዝፈርሐ ሰብ ዝገብሮ ዱዓ..... 86
38. ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዱዓ ምግባር..... 87
39. ካብ ሰባት ዝፈርሐ ሰብ ዝብሎ..... 88
40. ኣብ እምነቱ ወስዋስ(ጥርጥር) ዘጋጠሞ ሰብ ዝገብሮ ዱዓ..... 88
41. ዕዳኻ ንክኽፈለልካ ዝበሃል ዱዓ..... 89
42. ኣብ ሰላትን ንባብን(ምቕራእ) ወስዋስ ምስዘጋጥም ዝበሃል ዱዓ 90
43. ዝኾነ ጉዳይ ዝኸበዶ(ምፍታሕ ዝኣበዮ) ዝገብሮ ዱዓ..... 90

44. ሓጥያት ዝፈጸመ ሰብ ዝብሎን ዝፍጽሞን..... 91
45. ንሰይጣንን ወስዋሱን መባረሪ ዱዓ..... 91
46.ዘይፈትዎ ነገር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ወይ ድማ ኣብ ጉዳዩ ምስ ዝስነፍ ዝግበር ዱዓ..... 92
47.ውላድ ንዝመጸ ሰብ እንኪዕ ደስ በለካ ምባልን መልሱን..... 92
48. ንህጻውንቲ ዑቕባ ዝሕተተሉ..... 93
49.ንሕሙም ኣብ እትበጽሓሉ ዝግበር ዱዓ..... 94
50. ን ዝሓመመ ምብጻሕ ዘሎ ብልጸት..... 94
51.ናይ'ቲ ካብ ህይወቱ ተስፋ ዝቖረጸ ዝሓመመ ሰብ ዱዓ..... 95
52. ኣብ እዋን ሞት ንዘሎ ሰብ ምዝኽኻር..... 96
53.መከራ ንዝወረዶ ሰብ ዝብሎ ዱዓ..... 96
54. ኣብ ግዜ ምዕጻው ኣዒንቲ ምዉት ዝበሃል ዱዓ..... 97
55- ኣብ ሰላት ኣልጀናዛ ንምዉት ዝግበር ዱዓ..... 97
56- ንዝሞተ ህጻን ሰላት ክስገደሉ ከሎ ዝግበር ዱዓ።..... 100
57. ናይ ዓዛ (ምጽንናዕ) ዱዓ..... 102
58. ነቲ ምውት ናብ ቐብሪ ክኣቱ ከሎ ዝበሃል ዱዓ..... 103
59. ድሕሪ ምውት ምቕባር ዝግበር ዱዓ።..... 103
60. ኣብ መቓብር ዝያራ(ምብጻሕ) ዝበሃል ዱዓ..... 103
61.ንፋስ ክነፍስ እንከሎ ዝበሃል ዱዓ..... 104
62. ዱዓ ናይ ነጎዳ..... 105
63. ካብ ዱዓታት ኣልኢስቲስቓእ(ዝናብ ምልማን)..... 105
64. ዝናብ እንትሪኢኻ ዝበሃል ዱዓ..... 106
65. ዝናብ ምስ ዘነበ ዝግበር ዚክር..... 106
66. ካብ ዱዓታት ምቁራጽ ዝናብ..... 107
67. ሂላል(ወርሒ) እንትርኢኻ ዝበሃል ዱዓ..... 107

68. ጾመኛ ከፍጥር እንከሎ ዝገብሮ ዱዓ 108
69. ቅድሚ ምግቢ ዝግበር ዱዓ..... 108
70. መግቢ ምስ ወዳእካ ዝግበር ዱዓ 109
71. ፓሻ ንኣአንፓዲ መግቢ ዝገብሮ ዱዓ 110
72. ምግቢ ወይ መስተ ንምሕታት ብዱዓ ጌርካ ብዘይቐጥታ ምሕታት።..... 110
73. ኣብ ገዛ እንዳ ሰብ ከፍጥር(ጾም ክፈትሕ) እንከሎ ዝግበር ዱዓ 111
74. ጸዋማይ ምግቢ እንተተቐሪቡሉ እሞ እንተዘይኣፍጢሩ ዝገብሮ ዱዓ..... 111
75. ጸዋማይ ሰብ ኣብ ዝተጸረፈሉ እዋን ዝብሎ..... 111
76. ናይ መጀመርታ ፍረ ክትርኢ ከለኻ ዱዓ ዝግበር..... 112
77. ዱዓ ናይ ህንጥሾ..... 112
78. ሓደ ከሓዲ ምስ ዝህንጥስ እሞ ንኣላህ ምስ ዘመስግን ዝበሃል 113
79. ንዝተመርዓወ ዝግበር ዱዓ 113
80. ዝተመርዓወን እንስሳ ዝዓደገን ዝገበሮ ዱዓ..... 113
81. ቅድሚ ምስ በዓልቲ ቤትካ ምርኻብ ዝግበር ዱዓ..... 114
82. ኣብ እዋን ምቹጣዕ ዝግበር ዱዓ..... 114
83. ሽግር ዝወረዶ ሰብ ንዝረኣየ ዝገብሮ ዱዓ..... 115
84. ኣብ ዝኾነ ኮፍ ዝበልካሉ እዋን ዝበሃል ዱዓ 115
85. ኣብ ዝኾነ ምስ እኩብ ሰባት ካብ ኮፍ ዝበልካሉ ክትትስእ እንከለካ ዝበሃል ዱዓ..... 115
86. ዱዓ ነቲ ኣላህ ይምሓርካ ዝበለካ 116
87. ጽቡቕ ንዝገበረልከ ሰብ ዝግበር ዱዓ..... 116
88. ኣላህ ካብ ደጃል ዝሕልወሉ..... 117

89. «ምእንቲ ኣላህ ኢለ ይፈትወካ ኢየ» ንዝበለ ዝበሃል ዱዓ..... 117
90. ገንዘቡ ንዘቕረበልካ ሰብ ዝግበር ዱዓ..... 117
91. ዕዳ ኣብ እትመልሰሉ እዋን ንዘለቀሓካ ሰብ ዝግበር ዱዓ..... 117
92. ካብ ሺርኪ ንዝፈርሕ ዝግበር ዱዓ 118
93. ኣላህ ይባርኽካ ንዝበለ ዝግበር ዱዓ 118
94. ሕማቕ ፋል ንዝጸልእ ዝበሃል ዱዓ 118
95. ኣብ መጓዓዝያ ክትድይብ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ..... 119
96. ዱዓ ናይ መገሻ..... 120
97. ናብ ዓዲ ወይ ከተማ ክትኣቱ እንከሎኻ ዝበሃል ዱዓ 122
98. ንዕዳጋ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበሃል ዱዓ 123
99. መጓዓዝያ ምስ ዝዕንቀፍ ዝበሃል ዱዓ..... 123
100. ተጓዓዚ ኣብ ዓዲ ንዘሎ ዝገብሮ ዱዓ..... 123
101. ኣብ ዓዲ ዘሎ ንዝገይሸ ዝገብሮ ዱዓ..... 124
102. ኣብ ጉዕዞ መገሻ ዝበሃል ተክቢርን ተስቢሕን 124
103. ገያሻይ ኣብ እዋን ወጋሕታ ዝገብሮ ዱዓ..... 125
104. ካብ መገሻ ወይ ካልእ ኣብ ሓደ ቦታ ምስ ዝወርድ ዝበሃል ዱዓ 126
105. ካብ መገሻ ምስ ተመለስካ ዝበሃል ዚክር..... 126
106. ዘሐጉሶ ወይ ዝጸልኦ ነገር ምስ ዘጋጥሞ ዝብሎ 127
107. ብልጸት ሰለዋት ንነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም 128
108. ሰላምታ ምዝርጋሕ..... 129
109- ሓደ ካፊር(ከሓዲ)ሰላም እንተ ኢሉ ብኽመይ ሰላምታ ይመለሰሉ..... 130
110. ድምጺ ምንጭው ደርሆን ህላ ኣድግን እንተሰሚዕካ ዝበሃል ዱዓ 130
111. ብለይቲ ድምጺ ኣኽላባት ምስ እትሰምዕ ዝበሃል ዱዓ..... 131

112. ንዝጸረፍካዮ ሰብ ዝበሃል ዱዓ 131
113. ሓደ ሙስሊም ንሙስሊም ክሙግስ እንከሎ ዝብሎ 131
114. ሓደ ሙስሊም ኣብ ዝንኣደሉ እዋን እንታይ ይብል..... 132
115. ኣብ ኢሕራም ዝኣተወ ሰብ ከመይ ጌሩ ኣብ ሓጅ ወይ ዑምራ ተልቢያ ይገብር 132
116. ኣብ ሓጀር ኣል-ኣስወድ ምስ ዝመጽእ ተክቢራ ምግባር 133
117. ዱዓ ኣብ ሞንጎ ሩክን ኣልየማኒን ሓጀር ኣል-ኣስወድን 133
118. ኣብ ሰፋን መርዋን ደው ምስ እትብል ዝበሃል ዱዓ 134
119. ኣብ መዓልቲ ዓረፋ ዱዓ ምግባር..... 135
120. ኣብ መሽዓር ኣል ሓራም ዝበሃል ዚክር 135
121. ኣብ እዋን ምድርባይ ጀመራት ምስ ነፍሲ ወከፍ ጸጸር ኣላሁ ኣክበር ምባል። 136
122. ዘገርምን ዘሐጉስን ነገር ከጋጥም ከሎ ዝግበር ዱዓ። 136
123. ሓደ ሰብ ዘሐጉሶ ነገር ምስ ዘጋጥሞ እንታይ ይገብር..... 137
124. ኣብ ኣካላቱ ቃንዛ ዝተሰምዖ ሰብ ዝገብሮን ዝብሎን..... 137
125. ን ሓደ ነገር ብዓይኑ ከየጥቅዕ ዝፈርሀ ሰብ ዝብሎ ዱዓ..... 134
126. ኣብ እዋን ስንባደ ዝበሃል 138
127. ኣብ እዋን ምሕራድ ዝበሃል 138
128. ተንከል ዓመጽቲ ሰይጣዉንቲ ንምምላስ ዝበሃል..... 139
129. ምሕረት ምሕታትን ንስሓን 140
130. ጥቕምታት ናይ ተስቢሕን ታሕሚድን ታህሊልን ተክቢርን 142
131. ነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከመይ ጌሩ ተስቢሕ(ዚክር) ይገብሩ ኔሮም? 147
132. ካብ ዓይነታት ሰናይን ሓፈሻዊ ስነ-ምግባርን 148

حرمين

رئاسة الشؤون الدينية
بالمسجد الحرام والمسجد النبوي

رسالة الحرمين

Message of The Two Holy Mosques

Guidance content for the visitors of the Holy Mosque and the Prophet's Mosque in languages.